# ወጋሕታ

ኢፕድ

1ይ ዓመት | ቑፅሪ 026 | 28 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም | ሓሙስ | ብር 10.00


# ‹‹ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ መንእሰይ ትግራይ ጠጠው ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ››

- ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ ገብረመስቀል

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ መንእሰይ ትግራይ ጠጠው ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ ክብሉ መተሓባበሪ ኮማንድ ፖስት ክልል ትግራይ ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ ገብረመስቀል ተዛሪቦም። እቲ መንእሰይ ናቱ ብዘይኮነ ሓሳብን ካብ ጎኒ ብዝንዛሕ ፕሮፖጋንዳን ‹‹እስካብ ሐዚ ዝተደናገርናዮ ይኣኽለና›› ክብል ኣለዎ ኢሎም ።

እቶም ሌተናል ጀነራል ከምዝበልዎ፣ ኹላትና ብናይ ትማሊ ክንነብር ኣይንኽእልን፤ ብናይ ሎሚ ንፀባሕ እናሓለምና እቲ ናይ ትማሊ ገዲፍና ንሓባራዊ ረብሓና ጠጠው ክንብል ይግበኣና፤ሓባራዊ ረብሓ ማለት ሰላም እዩ ።

እዚ ፀገም ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ እንተኾነ'ውን ናይ ኹሉ ፀገም እዩ። ናይ መንግስቲ፣ህዝብን ናይ ኹለን ክልላትን ስለዝኾነ ኹሉ ይምልከቶን ፍታሕ ንምንዳይ ድማ ብሓባር እጃሙ ከበርክት ኣለዎ ኢሎም።

ኣብዚ እቲ ፀገም ንኽናዋሕ ዝደልዩ ሓይልታት ኣለዉ ዝበሉ ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ ፣ተፃረርቲ ፓርትታት ፖለቲካ፣ነቲ መንእሰይ ዘደንግፁን ኣለዉ

‹‹ህዝቢ ... 9



# ትውልዲ ሓድነቱ ኣስጢሙ ታሪኽ ዓዱ ክሕሉን ንሃገሩ ክቆጽም ክምዘለዎ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- እዚ ትውልዲ እዚ ሓድነቱ ኣስጢሙ ታሪኽ ሃገሩ ክሕሉ ይግበኦ ክብሉ ፕረዚዳንት ማሕበር ሓርበኛታት ጥንታዊት ኢትዮጵያ ልጅ ዳንኤል ጆቴ መስፍን ስለሺ ገሊፆም፡፡ናይ ሕዚ ወለዶ ንሃገር ከቐድም ከምዝግባኦ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣገንዚቦም

ሰብዘበን ንመበል 80 ዓመት በዓል ‹‹መዓልቲ ዓወት›› ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣራት ኪሎ ትማሊ ብድምቐት ኣብዝተኸበረሉ ልጅ ዳንኤል ከምዝበልዎ፣ ሃገር ምፍራስ ብጣእሚ ቐሊል እንትኾን ምህናፅ ግና ከቢድ እዩ፤ መንእሰይ ወለዶ ዓዱ ክሕሉ ኣለዎ፡፡ ‹‹ታሪኽና ብሰላም እነኽብር ዘለና፣ ደቕነ ብሰላም ተማሂሮም ብሰለም ዝኣትዉ ዘለዉ ሰላም ስለ ዘሎ እዩ፡፡

ሃገርና ናይ ባዕላ ታሪኽን ሃይማኖትን ዘለዋ ሃፍታም ሃገር እያ ዝበሉ ልጅ ዳንኤል፤ ኢትዮጵያ ንምጥፋእ ዝፍትኑ ዘለዉ ናይ ውሽጥ ደገን ሓይልታት ህዝቢ ሓድነቱ ኣብርቲዑ ክምክቶም ይግባእ ኢሎም፡፡

ህዝቢ ኢትዮጵያ ፈታዊ ስራሕ፣ ናይማቱ

ትውልዲ ሓድነቱ ... 4

# ህወሓትን ሸኔን ብግብረ ራዕዳዊነት ንኽስየሙ ውሳነ ሓሳብ ቐሪቡ

ኣዲስ ኣበባ፡- ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ዝሓለፈ ቐዳም ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ውድባት "ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)ን" "ሸኔን" ብግብረ ራዕዳዊነት ንኽስየሙ ውሳነ ሓሳብ ኣቕሪቡ።

ንቲ ውሳነ ሓሳብ ኣመልኪቱ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ፣ ኣብ ዘሓለፉ 3 ዓመታት ኣብ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ሕቶታት ምኽባር መሰልን ዴሞክራሲን ቃልሲን ኣቢሉ ዝመፅአ ለውጢ ንምዕፃፍ ብዝተፈላለዩ ክፋላት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታት መጥቃዕቲታት እናፈፀሙ ዝፀንሑ ከምዝኾኑ ይዝከር። በዚ ምኽንያት ህይወት ብዙሓት ዜጋታት ጠፊኡ፣ ኣካል ጎዲሉ፣ ንብረት ዓኒዩን ዜጋታት ካብ መረበቶም ተመዛቢሎምን ኢዮም። እዞም መጥቃዕቲታት ሕብረተሰብ ቀፃሊነት ኣብ ዘለዎ ስግኣትን ፍርሒን ንኽነብር ብምግባር ኣብ ልዕሊ መንግስቲ እምነት ንኽስእን፣ ዜጋታት ነኒባዕሎም ከይተኣማመኑ ገይሩ ኢዩ። እዚኣቶም ኩሎም ህልውና ሃገረ መንግስቲ ኣብ ሓደጋ

ህወሓትን ... 9

# ኣብ ግድብ ህዳሰ ዘሎ ፅዕንቶ ምምካት የድሊ ተባሂሉ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሱዳንን ግብፅን ኣብ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ዘሕድረኦ ዘለዋ ፅዕንቶ ንምምካት ኢትዮጵያ ብሄራዊ ስምምዕ ክትገብር ኣለዋ ክብላ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ተምሃሪት ፒኤችዲ ዝኾና ወይዘሮ መካ ኣደም ተዛሪበን፡፡

ወይዘሮ መካ ምስ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝገበረኦ ቓለ መሕትት ከምዝገለፀኦ፣ ግብፅን ሱዳንን ኣብ ግድብ ህዳሰ ፍትሓዊ ብዘይኮነ ጥቕመን ንምኽባር ዘገብረኦ ፅዕንቶ ንምምካት መንግስቲ ኢትዮጵያ ጠንኪሩ ክሰርሕ ኣለዎ፡፡ ሓድነት ህዝቢታት ክጠናኸር ይግበኦ፡፡

ብናይ ሰለስቲአን ሃገራት ሚኒስቴር ማይን መስኖን ዝግበር ልዝብ ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ ዝበላ ወይዘሮ መካ፣ኢትዮጵያ ንቕድሚት ብዙሕ ርሕቐት እናኸደት ከምዝመፀትን ኮይኑ ግና ኣብ ቐረባ ግዜ ዘጋጥሙ ዘለዉ ዘይምስምዕማዕ ንናይ ደገ ፀላኢ ዘቓልዕ ስለ ዝኾነ ክእረም ከምዘለዎ ተዛሪበን፡፡

ሓድነት ህዝቢታት ደካማ ብምኳኑ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ ፅዕንቶ እናሐደራ ከምዝኾና ብምጥቃም ነዚ ንምምካት ኩሉ ኢትዮጵያዊ ግዝያዊ ፀገሙ ንጎኒ ብምግዳፍ ንሃገሩ ብሓድነትን ፅንዓትን ዶብ ክብል ኣለዎ ክብላ ኣታሓሳሲበን፡፡

ሱዳን ንትሸዓተ ኣመታት ኣብ ጎኒ ኢትዮጵያ ብምኳን ትድግፍ ከምዝነበረት ብምዝኽኻር፤ ነዚ ከትድግፍ ከላ ንርእሳ'ውን ዝጠቕም ከምዝኾነ ስለተረደአት እዩ ነይሩ

ኣብ ግድብ ... 9



ወይዘሮ መካ ኣደም

# "ህወሓትን ሸኔን ፈጠርቲ ግብረ ራዕዲ ኢልካ ምስያም ትኽክል እዩ"

- ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ(ህወሓት)ን ሸኔን ፈጠርቲ ግብረ ራዕዲ ኢልካ ምስያም ትኽክለኛን ‹‹ንባዴላ ባዴላ›› ምባል እዩ ክብሉ ኣቦ ወንበር ትግራይ ዲሞክራስያዊ ፓርቲ ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ ኣመልኪቶም።

ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት "ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)"ን "ሸኔ"ን ብፈጠርቲ ግብረ ራዕዲ ክስየሙ ናይ ውሳነ ሓሳብ ምሕልላፉ ስዒቡ ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ ንጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ከምዘፍለጥዎ፤ ኣብ ርእሲ ዜጋታት ራዕዲ እንትፍፅሙን መሰረተ ልምዓት እንተዕንዉን ከምኡ 'ውን ሕገ- መንግስቲ እናጣሓሱ ዘለዉ ሓይልታት ብግብረ ራዕዲ ምስያም ብትኽክል ዝገልፆም እዩ።

ኣብ ህወሓትን ሸኔን ዝተማሓላለፈ ውሳነ ግብረ ራዕዲ ዘንጊዕ እዩ ዝበሉ ዶክተር ኣረጋዊ፣ ብፍላይ መራሕቲ ህወሓት ካብ ስልጣን እንትባረሩ ንመንግስቲ ፌዴራል ኣይንእዘዝን፤ ሕገ መንግስትን ቦርድ መረፃ ዘይፈቐዶ መረፃ እንተካይዱን ኣብ ምክልኻል ሰራዊት እታ ሃገር ጥቕዓት እንትፍፅሙ ፈጠርቲ ግብረ ራዕዲ ኢልካ ምስያሙ ይግባእ ነይሩ ኢሎም።

ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ህወሓትን ሸኔን ዘመሓላለፎ ውሳነ ሙሉእ ብሙሉእ ምስ ምኽንያት

"ህወሓትን ሸኔን ... 9



‹‹ ናይ ሰላም ሙሩኽ ምኳን ጅግና ምኳን እዩ ››

- ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ ገብረመስቀል

ገፅ 5



‹‹ሕዚ ዝኒህ ወለዶ ካብ ‹መዓልቲ ዓወት› ሓድነትን ፅንዓትን ቀዳሞት ወለዱ ክወርስ ይግባእ››

- ልጅ ዳንኤል ጆቴ መስፍን ስለሺ

ገፅ 6

ወጋሕታ ዜና

# ‹‹ንኢትዮጵያ ከገልግል እየ ዝብል ማዕረ መሰል ዝረኽበሉ መረፃ ክኽውን ኢና ንደሊ››

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ**

ኣዲስ ኣበባ:- ኣብ ወርሒ ጉንበት ዝካየድ ሃገራዊ መረፃ ንኢትዮጵያ ከገልግል ኢየ ዝብል ማዕረ መሰል ዝረኽበሉ መረፃ ንክኾን ከምዝደልዩ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም።

እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ገፆም ከምዝገለፁዎ፣ ሕድሕድ ዜጋ ሰላም መሰረት ኩሎም ነገራት ከምዝኾነ ፈሊጡ ካብ ሎሚ መዓልቲ መን ንመን ከምዝመርፅ እናሓሰበ ንኸፀንሕ ኣተሓሳሲቦም፡፡

መረፃ ስዒቡ እምኒ ዝድርቢ እንተሃሊዩ ሕብረተሰብ ብሓባር ጠጠው ኢሎም ክከላኸሉዎ ይግባእ ኢሎም፡፡‹‹ኣብ ኢትዮጵያ ካብ መረፃ ወፃእ ዝሰጋገር፣ ዝደራደር መንግስቲ ኣይፍጥርን›› ኢሎም።

ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ስልጣን ክሕዝ ዝኽእል ብመረፃ ጥራሕ ከምዝኾነ ዝሓበሩ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፣ ነዙይ ፈሊጡ ዝናሓናሕ ሓይሊ እንተሃሊዩዎ፣ ውዳበ እንተሃሊዩዎ፣ ሓሳቡ ሸይጡ፣ ንህዝቢ ኣእሚኑ ንኽምረፅ ፃዕሪ ክገብር ከምዝግባእ ገሊፆም፡፡

መረፃ ዴሞክራሲያዊ ንኽኸውን ዝደልዩ ሓይሊታት ብዝተኽኣለ መጠን ነዙይ ዝምቹ ሜዳ ከምዘሎ ፈሊጦም ብምስራሕ ኣብ ኢትዮጵያ ብመረፃ ስግግር ስልጣንን ቅቡል መንግስቲን ክፈጥሩ ይግባእ ኢሎም።



ካብዚ ወፃእ ዘለዉ ሓሳባት ኩሎም ግን ህልሚታትን ክኾኑ ዘይኽእሉን ከምዝኾኑ ኣገንዚቦም፡፡

ህዝቢ ዝደለዮ ክመርፅ ኣለዎ ዝበሉ ዶክተር ኣብይ፣ሰላም ክቕድምን ማዕረ መድረኽ ምፍጣሩ ምርግጋፅን ከምዝግባእ'ውን ኣተሓሳሲቦም፡፡

‹‹ንኢትዮጵያ ከገልግል ኢየ ዝብል ማዕረ መሰል ዝረኽበሉ መረፃ ንኽኸውን ድሌት ኣለና፤ እዚ እንተኽውን ጥራሕ ኢዩ ኢትዮጵያ ክትዕወት ትኽእል›› ኢሎም።

# ‹‹ኣብ ከተማ መቐለ ማእኸል ብምጥያሽ ሓገዝ ብቕርበት ናብ ወረዳታት ንኽበፅሕ ይግበር ኣሎ››

**- ኣይተ ምትኩ ካሳ**

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ.ቢ.ሲ ):- ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ከተማ መቐለ ማእኸል ብምጥያሽ ሓገዝ ብቕርበት ናብ ወረዳታት ንኽበፅሕ እናተገበረ ምኳኑ ኮሚሽነር ብሄራዊ ኮሚሽን ኣመራርሓ ስራሕ ስግኣት ሓደጋ ኣይተ ምትኩ ካሳ ገሊፆም።

ቻታም ሀውስ ዝተብሃለ ዓለም ለኸ ትካል ምርምርን መፅናዕቲ ፖሊስን እንግሊዝ ለንደን ምስ ዝርከብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ዘተ መርበብ ሓበሬታ ዝተኻየደ እንትኾን ፣ ኣብቲ ዘተ ፈፀምቲ ስራሕ ወሰንቲ ዝበሃሉ ዓለም ለኸ ትካላት ወሃብቲ ሰብኣዊ ሓገዝ፣ ዓለም ለኸ ትካላት ሰብኣዊ መሰላት፣ ሓለፍቲ ስራሕ ትካላት ልምዓት ተኮር ኣፍሪካ ኣብ ብሪታኒያ፣ ዓለም ለኸ መራኸብቲ ሓፋሽ፣ ዓለም ለኸ ሰብ ሞያታት ተንተንቲ ጎንፂን ቅልውላውን ከም 'ውን ኣብ ኣፍሪካ ትኹረት ገይሮም ዝሰርሑ ትካላት ሓዊሱ ልዕሊ 500 ተሳተፍቲ ተረኺቦም፡፡

ኣብቲ ዘተ ኮሚሽነር ኣይተ ምትኩ ካሳ፣ ኣብ ክልል ትግራይ ዝተኻየደ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ምዝዛሙ ስዒቡ ኣብ ቀዳማይ ዙር 4 ነጥቢ 5ሚሊየን ዜጋታት ሓገዝ ምግቢን ምግቢ ተንከፍ ዘይኮኑን ሓገዛት ከምዝተገበሩ፣ ኣብ ካልኣይ ዙር ድማ ን2 ነጥቢ 7 ሚሊየን ዜጋታት ተመሳሳሊ ሓገዝ እናተገበረ ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

መንግስቲ ንሰብኣዊ ሓገዝ ዝኸውን ብር 3 ነጥቢ 7 ቢሊየን ወፃኢ ከምዝገበረ እውን ተዛሪቦም፡፡

ካብ ውሽጢ ዝተገበረ ሓገዝ፣ እቲ 70 ሚኢታዊ ካብ መንግስቲ፣ 30 ሚኢታዊ ድማ ካብ ዓለም ለኸ ትካላት ዝተሸፈነ ከምዝኾነ እቶም ኮሚሽነር ገሊፆም፡፡

ገበርቲ ሰናይ ትካልት ይኹኑ መራኸብቲ ሓፋሽ ንሚኒስቴር ሰላም ብምፍላጥ ጥራሕ ናብቲ ክልል ምእታው ከምዝኽእሉ ኣፍሊጦም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ከተማ መቐለ ማእኸል ብምጥያሽ ሓገዝ ብቕርበት ናብ ወረዳታት ንኽበፅሕ እናተገበረ ይርከብ ዝበሉ ኣይተ ምትኩ፣ ብሚኒስቴር ጥዕና ብሓገዝ ዝተውሃቡ መሳርሒታት ሕክምና፣ ኣፋውስን ኣምቡላንሳትን ምስ ቢሮ ጥዕና ግዜያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ብምትሕብባር ኣብ ወረዳታት ተንቀሳቐስቲ ማእኸላት ሕክምና ኣጣይሾም ኣድላዪ ሓገዝ እናገበሩ ከምዝኾኑ ተዛሪቦም።

# ‹‹መረፃ ብሰለማዊ መገዲ ንምፍፃም ዘኽእሉ ስራሕቲ ለውጢ ተሰሪሖም ኢዮም››

**- ኣይተ ታገሰ ጫፎ**

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ):- መበል ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ብሰለማዊ መገዲ ንምፍፃም ዘኽእሉ ስራሕቲ ለውጢ ተሰሪሖም ኢዮም ክብሉ ኣፈ ጉባኤ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኣይተ ታገሰ ጫፎ ገሊፆም።

እቶም ኣፈ-ጉባኤ ቅድመ ምድላው እቲ መረፃ ብዝምልከት ምስ ተዓዘብቲ መረፃ ሕብረት ኣፍሪካ ተዛቲዮም።

እቲ መረፃ ነፃ፣ ፍትሓዊን ተኣማኒን ኮይኑ ንክዛዘም ኩሎም ፖርቲታት ፖለቲካ ብዝተሳተፉሉ መገዲ ሕጊ መረፃ ከምዝተመሓየሸን ኣባላት ቦርድ መረፃ ከምዝተመረፁን ኣብሪሆም።

ኣብ ዝተቀመጠሉ መርሃ-ግብሪ ንክፍፀም ናውቲ መረፃ ናብ ጣቢያታት መረፃ ከምዝተጎዓዓዘ ሓቢሮም።

ኣብ ከይዲ ንዘጋጠሙ ፀገማት ንምፍታሕ ዘኽእሉ ሕጋዊ ኣሰራርሓታት ከምዝተዘርግሑ ምግላፆም ካብቲ ቤት ምኽሪ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

## ሃገር ቦቆል ኢኮኖሚ ብልፅግና ኢትዮጵያ ዘረጋግፅ ከምዝኾነ ተረጋጊፁ

ኣዲስ ኣበባ:- መንግስቲ ኣብ ምምሕያሽ ሃገር ቦቆል ኢኮኖሚ ዝወስዶም ዘሎ ስጉምቲታት እቲ ኢኮኖሚ ካብ ዝነበሮ ፀገም ብምውፃእ ብልፅግና ኢትዮጵያ ዘረጋግፅ ከምዝኾነ ብሔራዊ ኮምቴ ማክሮ ኢኮኖሚ ኣረጋጊፁ።

ብሔራዊ ኮምቴ ማክሮ ኢኮኖሚ ኣብ እዋናዊ ኩነታት ኣብ ዘውፅአ መግለፂ፣ ኣብ ሃገርና ዘለዉ ፀገማት ዝተሓላለኹን ዝተኣሳሰሩን ኢዮም ኢሉ። እቶም ፀገማት ምስ ፖለቲካ፣ ኢኮኖሚ፣ ዲፕሎማሲን ማሕበራዊን ዛዕባታት ጥቡቕ ምትእስሳር ከምዘለዎም ድማ ተዛሪቡ።

እዛ ሃገር ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ተኸታታሊ ዕብየት እንተመዝገበት'ውን፣ እቲ ብኣሃዝ ዝተረቘሐ ዕብየት ብምኽንያት ፅዕንቶ ልቓሕ ንባዕሉ ምቕፃል ከምዘይከኣለ ገሊፁ።

ለውጢ ስዒቡ ብዝተወሰደ ስጉምቲ፣ ዜጋታት ብኢኮኖሚ ፍትሓዊ ተረባሕቲ ንክኾኑ፣ ብምኽንያት ግዕዙይ ኣሰራርሓን ብዘይ ስርዓት ዝባኸነን ሃፍቲ ሃገር ብጥቡቕ ቑፅፅርን ዲስፕሊን ኣፈፃፅማ ፕሮጀክቲታት ንክምራሕ፣ ብምኽንያት ፅዕንቶ ልቓሕ ኣብ ሓደጋ ዝወደቐ ኢኮኖሚ ንክልዓል ምግባር፣ ጥርሑ ተሪፉ ዝነበረ ካዝና ሃገር ንክመልእ ዝኽእል ሸቶ ብምቕማጥ ሃገር ቦቆል ዕረያ(ሪፎርም) ኢኮኖሚ ብምቕራፅ ከምዝተንቀሳቐሰ ሓቢሩ። ስለዝኾነ ብምኽንያት ፅዕንቶ ልቓሕ ርእሳ ኣድኒና ዝነበረት ሃገር ብመጠኑ ቅንዕ ምባል ከምዝኸኣለት ብምግላፅ፣ ብሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ደው ናብ ምባል በፂሑ ዝነበረ ኩለ መዳይ ሞተር ኢኮኖሚ ምንቅስቓስ ጀሚሩ ኣሎ ኢሉ።

ኢትዮጵያ ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ዘለዋ ናይ ምምዕባል ዓቕሚ ብምጥቃም ካብ ኣፍሪካ ቐዳመይቲ ንምግባር ዘኽእሉ ብዙሓት ፕሮጀክትታት ብምስራሕ ኣብ ኣዲስ አበባን ዝተፈላለዩ ክፉላት ሃገርን ተግባራዊ ይኾኑ ኣለዉ ኢሉ።

ንዓውዲ ሕርሻ ዘማዕብሉ እታዎታት ብምቕራብ፣ ዘመናዊ ናይ ሕርሻ ቴክኖሎጂታት ብምቕራብ፣ ጠሊ ብኣግባቡ ብምጥቃምን ብኩታ ገጠም ብምፍራይን ግብርና ንምዝማን ዝተትሓዘ ትልሚ ተስፋ ወሃብቲ ውፅኢታት ይረአይዎ ከምዘለዉ እቲ መግለፂ ኣመልኪቱ።

ድሕሪ ለውጢ ዘጋጠሙ ፈተናታት ለበዳ ኮቪድ-19፣ ዕስለ ኣምበጣን ብሕጊ ኣይንግዛእን ብምባል ብኹሉ ኣንፈት ዘጋጠሙ ኩናት ምፅዋር ጥራሕ ዘይኮነስ ንነዊሕ እዋን ማሕንቖ ኢኮኖሚ ዝነበሩ ፀገማት ምፍታሕ ከምዝተኽኣለ ገሊፁ።

ሎሚ ዘበን 2 ሚኢታዊ ዕብየት ብምምዝጋብ ንፈለማ እዋን ዓስራይ ወርሒ ቅድሚ ምብፅሑ ኣታዊ ንግዲ ወፃኢ 3 ቢልዮን ዶላር ክሓልፍ ከምዝኸኣለ ገሊፁ።

ስለዝኾነ መንግስቲ ኣብ ምምሕያሽ ሃገር ቦቆል ኢኮኖሚ ዝወስዶም ዘሎ ስጉምቲታት እቲ ኢኮኖሚ ካብ ዝነበሮ ፀገም ብምውፃእ ብልፅግና ኢትዮጵያ ዘረጋግፅ ከምዝኾነ ኣረጋጊፁ ክብል እቲ መግለፂ ኣመልኪቱ።

# ሞያ ጋዜጠኝነት ምስ ፖለቲካ ምሕዋስ መንቀሊ ምስፍሕፋሕ ዘረባ ፅልኢት ከም ዝኾነ ተገሊፁ

ትርሓስ ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ:-ሞያ ጋዜጠኝነት ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ፖለቲካን ምንቃሕ ማሕበረሰብ እናተሓወሰ ምምፅኡ መንቀሊ ምስፍሕፋሕ ዘረባ ፅልኢት ከምዝኾነ ተዘሪቡ፡፡ንናይ ፅልኢት ዘረባን መረዳእታ ሓሶትን ወድዓዊ ፀገማት መራኸብቲ ሓፋሽ ኢትዮጵያ እዮም ተባሂሉ፡፡

መበል 30 ዓመት መዓልቲ ናፅነት ፕረስ "መረዳእታ ንጥቅሚ ህዝቢ"ብዝብል መሪሕ ሓሳብ እንትኽበር፣ነቲ ዕለት ኣመልኪቱ ኣብ ዝተገበረ ዘተ ፖናል ሞያ ጋዜጠኝነት ምስ ፖለቲካን ምንቃሕ ማሕበረሰብን ብምውቁዑ ናይ ፅልኢት ዘረባ ንኽሰፍሕ መንቀሊ ከም ዝኾነ ተገሊፁ፡፡

ፖለቲከኛታትን ኣንቃሕቲ ማሕበረሰብን ዝበሃሉ ሰባት ኣብ መራኸብቲ ሓፋሽ እናቀረቡ ብዝህብዎ ሪኢቶ ኣብ መንጎ ህዝቢ ተቃርኖ እናፈጠረ ምምፅኡ ተሓቢሩ፡፡እዞም ኣካላት ንዝረኽብዎም መራኸብቲ ሓፋሽ ከም ፅቡቅ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ምቅሕሓርን ዘይምቅዳውን ዝፈጥሩ መልእኽትታት ከምዘንፀባርቁ ኣፍቲ ዘተ ተላዒሉ እዩ፡፡

ወገናውነትን ጎንፂ ዘለዓዕሉ ሓሳባት ብመራኸብቲ ሓፋሽ ዘመሓላልፉ ሰባት ከም ጋዜጠኛ ናይ ምርኣይ ዝንባለ እናተርኣየ ከምዝርከብን እዚ ኣረኣእያ ክዕረይ ከምዝግበኦን ተገሊፁ፡፡

ጋዜጠኝነት ካብ ኣንቃሒ ማሕበረሰብን ፖለቲካን ዝፍለይ ዓርሱ ዝኽኣለ ዘፈር ሞያ ከምዝኾነን ምግንዛብ ከምዘድልይ ተሓቢሩ፡፡ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ ገፅ ሕድሕድ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ "ጋዜጠኛ" እናኾነ ምምፅኡ ተሓቢሩ፡፡

ትካል ሕቡራት መንግስታትን ሳይንስን ባህልን (ዩኒስኮ) ተወካሊ ኢትዮጵያ ዶክተር ዩሚኮ ዮኮዚኪ ብወገኖም ናይ ፅልኣት ዘረባን መረዳእታ ሓሶትን ወድዓዊ ፀገማት ኢትዮጵያ እዮም ኢሎም::መንግስትን ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላትን ኣፍቲ ጉዳይ ትኹረት ሂቦም ክሰርሑ ከምዝግባእ ኣመልኪቶም፡፡

ኢትዮጵያ ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ መራኸቢ ሓፋሽ ዝገበረቶ ምምሕያሻት ዝበረታትዕ ከምዝኾኑን ዩኒስኮ ኣፍቲ ዘፈር ንዝስርሑ ምምሕያሻት ዝግበር ድጋፍ ኣጠናኺሩ ከምዝቅፅል ተዛሪቦም፡፡

ተወካሊ ንኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ታገሰ ጫፎ ብምውካል ዝተረኸቡ ዶክተር ሄኖክ ስዩም፣ መራኸብቲ ሓፋሽ ንማሕበረሰብ ዝህብዎ መረዳእታ ንህዝቢ ዝጠቅሙ እምበር ዝጎድኡ ክኾኑ የብሎምን ኢሎም፡፡በዚ መዳይ ድማ መራኸብቲ ሓፋሽ ትኽክለኛ መረዳእታታት ንምብፃሕ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ከም ዝግባእ ገሊፆም፡፡

ዋና ዳይሬክተር መራኸቢ ሓፋሽ ኢትዮጵያ ኣይተ መሓመድ እድሪስ ብወገኖም ኣብ ዙሪያ መራኸብቲ ሓፋሽ ዝወፁ ሕግታት ንምኽባር ሚዛናውነት ዝጎደሎም መረዳእታታት ምቕራብ፣ኣብ ክንዲ ጥቅሚ ሃገር ዘሐልው መረዳእታታት ምቅራብ ብሄር ምስ ብሄር ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘጓንፁ መረዳእታታት እናቅረቡ ከምዝርከቡ ኣፍሊጦም፡፡

እዞም ፀገማት ንምቅራፍ መራኸብቲ ሓፋሽን ዝምልከቶም ኣካላትን ብሓላፍነት ክሰርሑ ከምዝግበኦም ኣታሓሳሲቦም፡፡

መበል 30 ዓመት መዓልቲ ኣከባብራ ናፅነት ብቤት ምኽሪ መራኸቢ ሓፋሽ ኢትዮጵያ፣በዓል መዚ መራኸብቲ ሓፋሽ፣ወድብ ሕቡራት መንግስታትን ትካል ባህልን ሳይንስን (ዩኒስኮ) ምስ መዳርግቲ ኣካላት ዝተዳለወ እንትኾን፤ሓለፍቲ መራኸብቲ ሓፋሽ፣ሰበስልጣን መንግስቲ፣ናይቲ ዘፈር ሙሁራንን ኻልኦት ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም እዮም፡፡

# ርእሰ ዓንቀፅ

## ‹‹ንባዴላ ባዴላ›› ኢልካ ምቅላስ ግድን እዩ

ውድባት ህወሓትን ሸኔን ብግብረ ራዕዲ ክፍረጁ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ውሳነ ሓሳብ ምቕራቡ ይፍለጥ። ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ናብዚ ውሳነ ዘብፅሖ ህወሓት ሸኔን ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ዜጋታት ብተደጋጋሚ ጥቕዓት ይፍፅሙ ስለዘለውን ነዚ ድማ ሓላፍነት ይወስዱ ስለዘለውን ምዃኑ እቲ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ ገሊፁ እዩ ።

እዞም ውድባት ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል ሃገርና ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታትን ዘነፃፀረ ጥቕዓት ክፍፅሙ ፀኒሖም እዮም። በዚ ምኽንያት ድማ ናይ ብዙሓት ሂወት ዜጋታት ጠፊኡ እዩ፤ ኣካሎም ጎዲሉ እዩ፤ንብረት እውን ዓንዩ እዩ።

ብህወሓትን ሸኔን ይፍፀም ዝነበረ ጥፍኣት ከይዲ ግብረ ራዕዲ ስለዝኾነ እቲ ቤት ምኽሪ ብግብረ ራዕዳውነት ክስየሙ ውሳነ ሓሰብ ክቕርብ ክኢሉ እዩ። እቲ ውሳነ ሓሳብ ንክፀድቕ ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ይቐርብ እዩ፡፡ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ቅድሙ ሐዚ እዞም ውድባት ብግብረ ራዕዳዊያን ንክስየሙ ሓሳባት ይቐርብ ከምዝነበረ ይዝከር፡፡ስለዚ እቲ ቤት ምኽሪ ንክውስን ፅቡቕ ዕድል ተፈጢርሉ ኣሎ፡፡

ክልቲኦም ውድባት ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት ብኢትዮጵያ ህዝብን ዴሞክራስን ምኽባር ሕቶ ቃልስን ዝመፀ ለውጢ ንድሕሪት ንምምላስ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋል ሃገርና ኣብ ዜጋታት ዘነፃፀረ ጥቕዓት እናተፈፀመ ምፅንሖም ይፍለጥ። በዚ ምኽንያት ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ሂወቶም ስኢኖም ፣ኣካሎም ጎዲሉ፣ ካብ መረበቶም ተፈናቒሎም ከምኡ'ውን ንብረት ዓኒዩ እዩ፡፡እዚ ንቐፃሊ ክድገም የብሉን፡፡ንዚ ድማ ንባዴላ ባዴላ ኢልካ ምቕላስ ግድን እዩ፡፡

እቶም መጥቃዕትታት ሕብረተሰብ ብዘላቕነት ኣብ ስግኣትን ፍርሕን ክነብር ብምግባር፣ ኣብ መንግስቲ እምነት ክስእንን ዜጋታት ነንሕድሕዶም ከይተኣማመኑን ዝገበረ እዩ። እዚኦም ኩሉ ህልውና ሃገረ መንግስቲ ኣብ ሓደጋ ንምጥሓል ተሓሲቦም ይፍፀሙ ከምዝነበሩ ቤት ምኽሪ ሚኒስትር ካብ ዝተፈላለዩ መረዳእታት ንምርዳእ ከምዝኻኣለ ገሊፁ እዩ።

ቤት ምኽሪ ሚኒስትር ህወሓትን ሸኔን ብግብረ ራዕዲ ክስየሙ ምውሳኑ ትኽክልን ምዃኑ ዝተፈላለዩ ሙሁራንን እናገለፁ እዮም። ህወሓትን ሸኔን ብግብረ ራዕዲ ምስያም ንባዴላ ባዴላ ከም ምባል ትኽክለኛ ውሳነ እዩ ዝበሉ ኣቦ ወንበር ትዴፓ ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ፤ህዝቢ ንባዕሉን ንሃገሩን ክብል ተሓባቢሩ ነዞም ሓይሊ ከጥፍእ ክለዓል ኣለዎ ኢሎም።

ከም ኣገላልፃ ዶክተር ኣረጋዊ ኣመራርሓ ህወሓት ደጀን ሃገር ዝኾነ መከላኸሊ ሰራዊት ጥቕዓት ብምፍፃም ሸብር ጥራሕ ከይኮነ ዘርኢ ምጥፋእ ገበን'ውን ፈፂሙ ክሳዕ ሕዚ ትኽክለኛ ፍርዲ ኣይረኸበን። ስለዚ ምስያሙ ግቡእ እዩ፡፡

ግብረ ራዕዲ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ዝወፀ ኣዋጅ ቁጥር 1176/2012 ኣንቀጽ 23 መሰረት ብተመሳሳሊ ተግባር ዝተዋፈሩን በዚ ውሳነ ሓሳብ ብግብረ ራዕዲ ዝተሰየመ ጉጅለ ዝምድና ዘለዎ ትካል ውልቀ ሰብ'ውን እቲ ውሳነ ፈፃሚ ይኸውን።

ገበን ግብረ ራዕዲ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ብዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 1176/2012 ኣንቀጽ 20 ንኡስ ኣንቀፅ 2 መሰረተ ቤት ምኽሪ ሚኒስትር 23 ሚያዝያ 2013 ዓም ኣብ ዘካየዶ ህፁፅ ኣኼባ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ/ህወሓትን ሸኔን ብግብረ ራዕዲ ክስየሙ ናይ ውሳነ ሓሳብ ከምዝቐረበሉ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ገሊፁ እዩ።

መንግስቲ ህዝቢ ብሰላም ክነብር ውሑስ ሃዋህው ናይ ምፍጣር ግቡእ ኣለዎ። ነዚ ንምግባር ድማ ህዝቢ ምስ ኣካላት ፀጥታ ተሓባባራይ ክኸውን ይግባእ። ካብ ዓይኒ ህዝቢ ዝሕባእ ዝኾነ ገበን የለን። ከም ህወሓትን ሸኔን ዝኣመሰሉ ፀረ ሰላም ሓይልታት ድማ ህዝቢ ኣሕሊፉ ብምሃብ ከቃልዖምን ናብ ሕጊ ከቕርቦምን ይግባእ።

ግብረ ራዕዲ እንተሊኡ ሃገር ሰላምን ምርግጋእን ኣይህልዋን እዚ ድማ ኣብ ኢኮኖሚ እታ ሃገር ከቢድ ፅልዋ ይፈጥር እዩ። እዚ ከይኸውን ህዝብን መንግስትን ብምትሕብባር ነቶም ፀረ ሰላም ሓይልታት ብምቅላዕ ናብ ሕጊ ከቕርቦም ይግባእ።

ሃገር እንተዘየሊኣ ክብሪ የለን። ፀረ ሰላም ሓይልታት ድማ ዕላምኦም ውልቃዊ ረብሓ'ምበር ህዝባዊ ዕላማ ኣይኮነን። ዕግርግር ንሰራቒ ይምቹ ከምዝበሃል እቶም ፀረ ሰላም ሓይሊ.ታት ህዝብን መንግስትን ከይረጋጋእ ብምግባር ውልቃዊ ድሌቶም ንምስኻዕ እዩ ዝሰርሑ።ስለዚ ንባዴላ ባዴላ ኢልካ ምቅላስ ግድን ይኸውን፡፡


ኢንፎ

# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**

የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
የቤት ቁጥር 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

**ኣሰናዳእቲ**

ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ትርሓስ ፍቃዱ
ኣማንሚካኤል መስፍን

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**

ኢሜይል - epapromotion@press.et
ስልክ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-65
ፋክስ - 011-157-44-40

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**

ስልክ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቅዋም አይኮኑን፡፡

## መንግስቲ ሸምካ ዝተሸከሙ ትካላት መንግስቲ ፈትሸልና

**መኣርግ ገ/ሄር**

መንግስታዊ ትካላት ሃገርና እንተኒእሱ ብኣርባዕተ ዋና ክፍልታት ምምዳብ ይካኣል እዩ። ነቲ ምደባ ብሓሙሽተ፣ ሽዱሽተ ዝኸፍሉ እንተልዮም 'ውን ፀገም የብሉን። ጥራሕ መሰረታዊ መልእኽቱ ይብፅሐለይ። በቲ ፀሓፊ ትዕዝብቲ ናይ መጀመርያ ትካላት መንግስታዊ "ማዕርግ" ዝተሸከሙ እዮም። እዞም ትካላት ቐለቦም ዝስፈረሎምን ናይ ሰራሕቶም ማዓልታዊ እንጀራ (ደመወዝ) ዝስንከተሎም ካብ ቖፎ መንግስቲ እናታሓፈሰ እዩ። ቤት ማእዲ መንግስቲ ይምላእ ኣይምላእ ነዞም ትካላት እዚኦም ዳርጋ ዝግድሾም ኣይኮነን። ሕጊ ዝፈቐደሎም መንግስታዊ በጀት እናሓፈሱ ንባዕሎምን ሰራሕተኘኦምን እናቐለቡ ይነብሩ።

ሰራሕተኘኦም ናይ ደመወዝ ኣዝመራ ዝዕፀዶ ካፍቲ ድኻ ናይታ ሃገር ዜጋታት ጁባን ኣፍን ብሸም ታክስን ግብርን እናተሸምጠጠ ስለዝኾነ ናይ መንግስቲ ቖፎ ሕልፍን ትርፍን ምዃን ዘጭንቖም ኣይኮነን። ምስ ሸሞምን መለለዪ መንነቶምን መንግስቲ ሰራሕተኛታት ብናይ ጓና ሽም (Civil Servants) እናተባህሉ ዶ ኣይኮኑን እዮም ዝፅውዑ። ብውልቐይ ናይ ጓና ቓል ናፋቒ ካብ ምዃን እዚ ቓል ካብ ናይ ኣፍ ፈረንጂ ተተርጒሙ ብናይ ባዕልና ቓል "መገልገልቲ ህዝቢ" እንተዝባሃል ወይ ከምዘለዎ እቲ እንግሊዝኛ ምጥቓም እንተዝኽኣል ትርጉሙ ንሃገርና ብሓቂ ይምጥን ይመስለኒ። ፀገሙ ተግባሩ "ሰራሕተኛ መንግስቲ" ተባሂሉ ምፅውዑ ሸሞም ኣብ ናይ መንግስቲ እንግዳዕ ተቐሚጡ "መንግስቲ ሰራሕተኛ" ብዝብል መፍለዪ ምንጥልጣሉ ደፊርና ብዙሕ ከይንዛረብ፤ እንተንዛረብ እቲ ባይታ ስለዝሰፍሕ እንሸገር ዘለና ዝተሸከምዎ ሸኽሚ ዓብዩ ሽም ይመስለኒ።

ካልኣይ ዓይነት ትካላት ላዕለዋይ ሽሙ ብምፍራስ "መንግስታዊ ዘይኮኑ" (Non-Governmental) ተባሂሎም ዝፍለጡ እዮም። ናይዞም ትካላት ናይ ስንቒ ኣገልግል መብዛሕትኡ ተጠቂሊሉ ካብ ካልኦት ሃገራት ናይ ሓገዝ ሽም ዝብል መፍለዪ እናተለጠፈሉ እዩ። ትካላት ይኹኑ ናይቲ ትካል ሰራሕተኛታት ናይ ወርሒ ኣስቤዘኦምን ቐለብ ዓመቶምን ዘወራርዱ መብዛሕትኡ ባሕሪ ተሳጊሩ ብዝመፀ መዋእለ ንዋይ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ዝኽፈሎም ብፖስታ ተኣሺጉ'ምበር ከምሰራሕተኛ መንግስቲ ገንዘብ ብኢድ እናተቖፀረ ኣይኮነን። መጠን እቲ ገንዘብ እንተኾነ ንብዙሓት እቲ ሚዛን ልዕል ዝበለ እዩ። ሽርፌ 'ውን እንተኾነ ከቢድ ስለዝኾነ ምስ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ስኬል ደመወዝ ዝነፃፀር ምስ ጎልያድን ዳዊትን ዓቕሚ እዩ።

እቲ ሳልሳይ ትካላት "ናይ ውልቒ" ናይ "ናተይ" ውፅኢታት እዮም። እዞም ትካላት መብዛሕትኦም ህልውነኦም ዝተመስረተ ብናይ ውልቒ ሰባት ብርተዐን ጥንካረን ስለዝኾነ "ውፅኢት ድኻም" እዮም ማለት ይካኣል። ምስ ትካላት መንግስቲ ጎኒ ንጎኒ እታ ካሊእ ሃገር ዝተሸከመቶ ከምዚኦም ዝበሉ ዓይነት ትካላት / ኩባንያታት/ ኣክስዮን ማሕበራት ወዘተ እዮም። ከምዚኦም ዝበሉ ናይ ውልቒ ትካላት መግለፂኦም ንኹሎም እኳ እንተዘይጠመተ ናይ ግብርና ናይ ታክሲ ክፍሊቶም ብዝምልከት ምስ መንግስቲ "ሌባን ፖሊስን " ወይ ከም ቑልዕነትና " ብናይ ሕቡዕ ፀወታ" ዝሰልጠኑን ዝተራቐቑን ምዃኖም እዩ። ብራህያምን ወዞምን ዝጠልቐዩ ምስጉናት ዘለዉ ኮይኖም ብኻሊእ ወገን ድማ ብተንኮል 'ውን ዝጠልቐዩ ኣለዉ እዮም።

ራብዓይ ትካላት ናይ እስትንፋሶም ፍልፍል ካብ ፈጣሪ ምዃኑ ዝኣምኑን፤ ናይ ሃይማኖት ካባ ደሪቦም ፈጣሪ ብሓይሉ ከንብረና እዩ እናበሉ ብናይ ምእመናን መባእ ዝመሓደሩ እዮም። እምነቶምን ፅቡቕ ተግባራቶምን ብኣዳባባይ ዝምስከረሎም ውህዳት ናይ ሃይማኖት ትካላት ምንባሮም እንተይከሓድና ናይ መብዛሕትኦም ስራሕ ንፈትሽ እንተንብል ናይ መራሕቲ " ውግዘትን ፈጣሪን ኣይተቕጥዑ" ዝብል ምፍርራሖም ተዘይዓግተና ነይሩ ኩሉ ነገር ከንድርጉሖ ነይርና ኢና።

### ሽም ተሸኪሙ ተግባር ረሲዑ

ኣብ መብዛሕትኣን ትካላት መንግስቲ ናይ ቐረባ ግዜ ግዕዝይና ግልጋሎት ኣዋህባ ብዝምልከት ሓደ ኣብ ሓፈሻዊ መደምደምታ ንምብፃሕ ኣይፅግምን። ሓፈሻዊ መወዳእታ ንኹሉ ይምልከት ተባሂሉ ምድምዳሙ ዋላ እንተዘይተኻእለ ሕማቕ ጨና ዘይጎብነዮ መንግስታዊ ትካል ምርካብ እንተተኻኢሉ ዕድል ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ኣዳባባይ ብዝግባእ እንተተንጨብጨብሉ ኣይኸፍእን፤ ይግበኦ እዩ። ነዚ'ዩ እዩ "መንግስቲ ሸምካ ዝተሸከሙ ትካላት ፈትሸልና?" ብምባል ጥርዓን ንምቕራብ ዝተገደድና።

ኣብ ዝኾነ ዓይነት ትካላት መንግስቲ ግልጋሎት ንምሕታት ዝኸደ ዜጋ "ብኣግባቡ መሰለይ ተኸቢሩለይ ተገልጊለ ተመሊሰ" ስራሕ ክቡር እዩ! ሰብ ምግልጋል ምብራኽ እዩ!" ዝብል እምነት ዝተላበሱ ጨዋ ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ኣጋጢምምኻ ስለ ዝኾኑ ፈጣሪኻ ብናይ ፆም ፀሎት ክተመስግን ይግባእ።

መሰረታዊ ዝባሃሉ ግልጋሎት ማይን መብራህትን ንምርካብ እንኳዕ ናብ መንግስታዊ ትካላት ዝኸደ ሰብ ከመይ ተዋሪዱን ተፀሪፉን ከምዝድፋእ ወትሩ ግዜ ስለ ዝገጥመና ተላማሚድናዮ ኢና። "መሰለይ እኮ እዩ!" ኢልካ ምክርኻር ኣብዘን ትካላት ውሽጢ ጠጠው ካብ ዝብል ዓመታት ተቖፂሩ እዩ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኣይሸንኳይዶ ንሕና ምድራውያን ዜጋታት ቐርዩ ፈጣሪ ንባዕሉ "ናይ መንግስቲ ሸም ዝተሸከሙ ትካላት ሃገርና" ብዝምልከት ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ከምዝኾኖ ኣሚናን ብኣመኔታ ተቐቢልና ምስቲ ፀገም ተላሚድና ብእህህ መዓልቲ ምድፋእና ምርጫና ገይርናዮ ኢና።

ብርክት ዝበሉ መንግስታዊ ትካላት ብዝሰብሰቦም ሓለፍቲ ህዝቢ ንምሕዛን ንምብካይን ተልእኾ ዝተዋህቦ ዝመስል ስረሖም ዜጋታት ምውራድ ካብ ዝኸውን ውዒሉ ሓዲሩ እዩ። "ውሑድ ሃፍትና ንኹሉ ዜጋ ንምብፃሕ ስለ ዘይኽእል እዩ። " እቲ ግልጋሎት ዘይባፃሕ ምዃኑ መዓዘ ጠፊኡና። ክብሪ መሰልና እንተይ ጎደፈ ብኣግባቡ ኣታኣናግዱና እዩ ናይና ሓሳብ።

ኣብ ብዙሓት ቐበሌታት፣ ወረዳታት፣ ክፍለ ከተማታትን ቢሮታት ክልልን ግልጋሎት ንምሕታት ዝኸይድ ዝኾነ ዜጋ ኣቐዲሙ "ተዛሪቡ ኣዛራቢ ሰይጣን ከም እምነቱ ብዘይካ ብፀሎት ኣሲሩ እንተዘይከይዱ" እዚ ሰብ እዚ ክምለስ ዝኽእል ሕማም ሸኮርን ድፍኢት ደምን እናፈጠረ እዩ ዝኸውን። ቕድሚ ቐረባ እዋን ጀሚሩ ብዛዕባ ሲቪል ሰርቪስ ምምሕያሽ ወይ ሪፎርም ምውራይ ካብ ዝጅምር ንነዝ እቲ ፀገም ብዝላዕለ ብርኪ ተጠናኺሩ ከምዝቐፀለ እቶም ሰብ ዋና ሪፎርም ውርድ ኢሎም እንተዝሪእዎ ክብሮም ትሕት ከምዘይብል ንሕና ዝተገፉዕና ዜጋታት ክነራጋግፀሎም ንኽእል ኢና።

ብተዳጋጋሚ ኣነን ካልኦት ፀሓፍት ኣብዚ ፍሉጥ ጋዜጣ "ቐለምና ንምፍሳስ ከምዝሞከርናዮ ትካላት ፍትሒ ሃገርና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናገደደ ከምዝኸይድ ሰማዒ ኣይረኸበን ክልቲኦም ኢዳ ዘርጊሓ ሚዛንን ሰይፍን ንዝዐተረትና እኖና ድንግል ማርያም ፍትሒ" ጥርዓና ብዘይ ምስልቻው ብብኽያት ካብ ምቕራብ ዓዲ ኣይዋዕልናን። "ኣውያተይ ተትሰምዑ፤

ረአዩ ኣቤት ኣቤት እብል ኣለኹ፤

በደል በፂሑኒ እበኪ ኣለኹ››

ብምባል ከም ነፍሰ ሄር ጥላሁን ገሰሰ ብዜማ ምቕንቓን ጥራሕ እዩ።

"ናይ መንግስቲ ሽም ተሸኪሞም" ስለ ተጣየሹ መብዛህትኦም ቤት ዕዮታት መንግስቲ ግልጋሎት ኣዋህባ ብዙሕ ምባል ዋላ እንተተኻእለ ልፍዓት ስለ ዝኸውን ንገሌኹም ጥራሕ ንምርኣይ ነኻኺእኻ ምሕላፍ ዝኣክል ስለ ዝመሰለኒ እምበር ናይ ፀገምና ቆፎ ሙሉእ ብሙሉእ ንደርጉሓዮ እንተንብል ስለ ዘሐመና "ኽብዲ ይፅሮ" ኢልካ ምህላፉ ግዴታ ኮይኑና ኣሎ።

በዞም ክልተ መንግስታዊ ትካላት ዝስተናገዱ ተገልገልቲ ብሙሉኦም ኣብዘመን ዕድሚኦም ኩሉ ፀበቕ ሓመቕ ሃገርን ህዝብን እናገልገሉ ምንባሮም ምስትሙኻኑ ተገልገልቲ እዮም ማለት ይካኣል። ከም ካልኦት ሃገራት ዘይተዓደልና እምበር ከምዚኦም ዝመሰሉ ናይ ሃገር ባዓል ውዕለታታት ከግልግል እንትግበኦም ከፍ ኢሉ እንተይኮነስ

መንግስቲ ... 9

ወጋሕታ ዜና

# ትንሳኤ ኢትዮጵያ ጋህዲ ካብ ምኳን ከምዘይተርፍ ተገሊፁ



ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብዚ ሕዚ እዋን ንብዙሕ ሰብ ትንሳኤ ኢትዮጵያ ፀልማት ኮይኑ ዝረኣዮ፣ እንተተነገረሉ ዘይስማዕ፣ እንትድህሰስ ዘይጭበጥ መሲሉ ክረአ ይኽእል ኢዩ ይኹን'ምበር ትንሳኤ ኢትዮጵያ ጋህዲ ካብ ምኳን ኣይተርፍን ክብሉ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ ገሊፆም፡፡ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድን ቐዳማዊት እመቤት ዝናሽ ታያቸውን በዓል ትንሳኤ ምኽንያት ብምግባር ን210 ዝተፀገሙ ወገናት መኣዲ ኣካፊሎም፡፡

እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ንበዓል ትንሳኤ ኣመልኪቶም ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ እንተመሓላልፉ፣‹‹በዓል ትንሳኤ እዚ ዓመት ኣብ ሞንጎ ተስፋን ቃልሲን ኮይንና ነኽብሮ ኢዩ፡፡ ብሓደ ወገን ኣሳጊርና ትንሳኤ ብምርኣይ ተስፋ፤ ብኻሊእ መልክዑ ድማ ኣብ ቅድሚት ዝተደራረቡ ፈተናታት ነቲ ትንሳኤ ንምትራፍ ዓቢዩ ቃልሲ ዝግበረሉ ኢዩ›› ኢሎም።

‹‹ክርስቶስ ንደቀ መዝሙሩ ብዛዕባ ሕማማቱ፣ ስቕለቱን ትንሳኤኡን ኣቐዲሙ ዝነገሮም ጋህዲ ኮይኑ ክሳብ ዝሪኡ ብዓቢዩ ተስፋን ከቢድ ቃልሲን ምሕላፎም ይፍለጥ ኢዩ፤ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ እንትለዓል ግን ንሃዋርያቱን ንተኸተልቱን ብሓደ ግዘ ኣይተገለፀሎምን፤ ምኽንያቱ ድማ ኣብ እዋን ትንሳኤ ዝደቀሱን ስለዝነበሩን ዝተወሰኑ ድማ ከምዝለዓል ስለዘየረጋገፁ ናብ ዝተቐበረሉ ቦታ ስለዘይከዱ ኢዩ›› ኢሎም።ጥርጣረኦምን ድቃሶምን ኣብ ከይዲ እንትሰዓር፣ ኩሎም ሰባት ትንሳኤ ክሪኡን ክሰምዑን ከምዝኽኣሉ ገሊፆም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ንብዙሕ ሰብ ትንሳኤ ኢትዮጵያ ፀልማት ኮይኑ ዝረኣዮ፣ እንተተነገረሉ ዘይስማዕ፣ እንትድህሰስ ዘይጭበጥ መሲሉ ክረአ ይኽእል ኢዩ ዝበሉ ዶክተር ኣቢይ ኣብ መልእኽቶም፣ ይኹን'ምበር ትንሳኤ ኢትዮጵያ ጋህዲ ካብ ምኳን ኣይተርፍን ኢሎም።

ኣብ ዝቕፅል ወርሒ ጉንበት ዝካየድ መረፃ ትንሳኤ ኢትዮጵያ ካብ ዝብሰረሎም ምዕራፋት ሓደ ከምዝኾነ እውን ኣብሪሆም።

‹‹ብተመሳሳሊ መገዲ ንዓመታት እናተፀበይና ዝፀናሕና፣ ብረሃፅናን ጉልበትናን እነሃንፆ ዓቢዩ ግድብ ህዳሰ ኣብ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ይርከብ፤ ኣብ ዝቕፅል ወርሒ ሓምለ ድማ ካልኣይ ምዕራፍ ምምላእ ማይ ንምክያድ ኣብ ምድላው ንርከብ›› ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ‹‹ብዝበለፀ ናብ ተስፋ ብዝቐረብና ቁፅሪ ፈተናታትና እውን እናሓየለ ይመፅእ ኣሎ››ኢሎም ።

ብዙሓት ፈተናታት ይደራረቡ እምበር ኣብ መወዳእታ ኢትዮጵያውነት ስዒሩ ትንሳኤ ከምዝብሰር፤ ናብ ቅድሚት እናመፅኡ ማሕለኻ እናኾኑ ዝነበሩ ተፃብኦታት ኣብ ቅድሚ ብርሃን ትንሳኤ ጠጠው ናይ ምባል ዓቕሚ ስኢኖም ከምዝወድቁ ኣገንዚቦም።

ኣብዚ ሕዚ ጠጠው ኢልናሉ ንርከብ እዋን ብስራት ትንሳኤ ቅድሚ ምብሳሩ ኣብ ናይ መወዳእታ ዘጭንቑ መዓልቲታት ከምንርከብ እውን ኣብሪሆም።

ኣብቶም ዘጨንቑ መዓልቲታት ብዙሓት ነገራት ክለዋወጡ ከምዝኽእሉን ትፅቢት ካብ ዘይግበረሎም ኣንፈታት እንተይተረፈ ፈተናታት ክመፅኡ ከምዝኽእሉ ገሊፆም።

ትንሳኤ ... 9

# ‹‹ኢትዮጵያ ንምድሓን ኩሉ ሰብ ሓድነት ክህልዎ ኣለዎ››

## - ጄኔራል ብርሃኑ ጁላ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ውሽጣዊን ግዳማዊን ፀላእቲ ግምባር ፈጢሮም ዝተበገሱላ ሃገር ብምኻና ነታ ሃገር ንምድሓን ኩሉ ሰብ ሓድነት ክህልዎ ኣለዎ ክብሉ ላዕለዋይ ኢታማዦር ሹም ሓይሊታት ምክልኻል ሃገር ጄኔራል ብርሃኑ ጁላ ተዛሪቦም።

ጄኔራል ብርሃኑ ጁላ ነዚ ዝበሉ፣ መዓርግ፣ ኣርማ፣ ደንቢ ክዳንን ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጲያን ህንፀት ማእኸል መሰልጠኒ መሰረታዊ ባሕረኛን ፌዴሪኢ ዕላዊ ኣብ ዝገበርሉ እዋን ኢዩ።

ኢትዮጵያ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ውሽጣዊን ግዳማዊን ፀላእቲ ግምባር ፈጢሮም ዝተበገሱላ ሃገር ብምኻና ነታ ሃገር ንምድሓን ኩሉ ሰብ ሓድነት ክህልዎ ኣለዎ ኢሎም።እቶም ፀላእቲ ነዛ ሃገር ብምድኻም ካብ ፀገም ንከይትወፅእ ይሰርሑ ከምዘለዉ እውን ተዛሪቦም።

ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ብዝፍጠሩ ጎንፂታት ሰራዊት ኣብቶም ከባቢታት እናኸደ የምክን ኣሎ ኢሎም።እዚ ኹሉ ትንኮሳን ምብላዕን ሕብረተሰብ ባዕሉ ንባዕሉ ንክባላዕ ዝዓለመ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

እቲ ባህጊ ድማ ኢትዮጵያ ክትዳኸመን ናይ ባዕላ ሃፍቲ ንከይትጥቀምን ኢዩ ኢሎም።

ባንዳታት ብምሓዝ ሃገር ንምፍራስ ይንቀሳቐሱ ከምዘለዉ ብምግላፅ፣ብናይ ወፃኢ ወራሪ ከምዘይንከኣል ስለ ዝፈልጡ ካብ ውሽጥና ንከፈራርሱና ኢዮም ዝሓስቡ ክብሉ ኣብሪሆም።ስለዝኾነ ህዝቢ ኣብ ጎኒ ሰራዊት ብምስላፍ እቲ ተሃቒኑ ዘሎ ኣብ ምዕናው ክቃለስ ኣለዎ ኢሎም ክብል ግዜኢ ፀብፂቡ።

# ምምሕያሻት ሕጊ ንምዕባለ ኢትዮጵያ ቀወምቲ ዓምዲ ከምዝኾኑ ተገሊፁ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ) ፡-ምምሕያሻት ሕጊ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓማውቲ ንዝተሰርሑ ስራሕቲ ራእይ ምዕባለ ኢትዮጵያ ቀወምቲ ዓምዲ ኢዮም ክብሉ ቐዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም።

እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ከምዝበልዎ፤ ብሄራዊ ቦረድ መረፃ ሓዊሱ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰለን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራልን ተመሳሰልቲ ትካላት ዴሞክራሲን ፍትሒን ነፃነት ንምርግጋፅ ዘኽእሉ ብዙሓት ምምሕያሻት ሕጊ ከምዝተገበረ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ መሰረታዊ መሰላትን ነፃነታትን ዜጋታት ዝኾኑ መሰላት ምውዳብ፣ ሓሳብካ ብነፃነት ናይ ምግላፅን ፖለቲካዊ ተሳትፎ ናይ ምግባርን ዘኽብሩ ማዕቐፋት ሕጊ ምፅዳቖምን ተግባራዊ ከምዝተገበሩን ተዛሪቦም።

ኣሰራርሓ መንግስቲ ግልፅን ተሓታትነት ንምርግጋፅን ዝሕግዝ ስርዓት ምምሕዳር ፌዴራል ኣዋጅ ቁፅሪ 1183/2012 ብምፅዳቕ ተግባራዊ ከምዝተገበረ ገሊፆም።

ሰርዓት ፍትሒ ገበን ንምዝማንን ንምምሕያሽን ዝሕግዝ ሓዱሽ ስነ ስርዓት ገበንን መድብል ሕጊ መረዳእታን ከምዝፀደቐ ተዛሪቦም።

ካብ ግዕዝይና ጀሚሩ መንነት ዘነፃፀሩ ጥቕዓታት ብዝተዛመደ ተጠርጠርቲ ብምሓዝ ናብ ሕጊ ምቕራብ ከምዝተኻኣለ ብምሕባር፣ ምህዳር ፖለቲካ ንምስፋሕ ኣብ መላእ ሃገር ልዕሊ 45 ሺሕ ዜጋታት ብምሕረትን ይቕረይታን ካብ ቤት ህንፀት ከምዝወፅኡ ኣዘኻኺሮም።

# ትውልዲ ሓጽነቱ ኣስጢሙ

ዘይደሊ ኩሩዕ ህዝቢ እዩ፡፡ እዚ ወለዶ እዚ ከም ግድብ ህዳሰ ዝበለ ታሪኽ ኣብ ምስራሕ እዩ ዝርከብ፣ ኮይኑ ግና ነዚ ታሪኽ ንምውሳድ ዝንቐሳቐሱ ሓይልታት ስለዘለዉ ትውልዲ ሓድነቱ ኣስጢሙ ታሪኹ ዓዱ ክሕሉ ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቦም፡፡

ብኻሊእ ወገን ኣብቲ ስነ ስርዓት ተረኺቦን መደረ ዘስምዓ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ምክትል ከንቲባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ፣ ጣልያን ንኢትዮጵያ ካልኣይ ንምውራር ኣብዝፈተነሉ እዋን ጀጋኑ ኣቦታት ዓብዩ ታሪኽ ዘመዝገብሉ መዓልቲ እዩ፡ ፡ እዚ ትውልዲ እዚ ታሪኽ ወለዱ ተረዲኡ ሓድነቱ ኣስጢሙ ሃገሩ ክሕሉ ከምዝግበኦ ተዛሪበን፡፡

ጣልያን ንኢትዮጵያ ንምውራር ኣብዝመፀሉ ግዜ ኣፅዋር ውግእ ሒዞ ጥራሕ እንተይኮነስ ብዘርኣውነት፣ ሃይማኖት፣ ከምኡ'ውን ኸባቢ መሰረት ገይሩ ብምክፍፋል ከምዝነበረ ተዛሪበን፡፡ ሓይልና ብምድኻም ድልየቱ ንኸስምር ፈተነ ዋላ ገይሩ ይንበር ጀጋኑ ኣቦታት ነዚ ተንኮል ኣቐዲሞም ነቒሖም ብምንባሮም ሓሳቡ ከፍሽልዎ ክኢሎም እዮም ኢለን፡፡

ጀጋኑ ኣቦታት ምስትውዓል ብዝተመልአ ዝገበርዎ ቓልሲ ሕዚ ዝኒህ ትውልዲ ርእሱ ኣቕኒዑ ክኸይድ ምግባሮም ዘዛኻኽራ እተን ምክትል ከንቲባ፣ ኢትዮጵያውያን ካብ ማሕበር ሓርበኛታት ወለዲ ክማሃሩ ዝግበኦም ናይ ፀላኢ ናይ ምክፍፋል ተንኮል ብምስትውዓል ሓድነት ምጥንኻር ከምዘድሊ ተዛሪበን፡፡

ቐዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢ ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ መዓልቲ ሓርበኛታት ኣመልኪቶም መልእኽቲ እንኳዕ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ እንተመሓላልፉ፣ናይ ሕዚ ወለዶ ደቂ እቶም ሓርበኛታት ስለዝኾነ፣ ናይቶም ሓርበኛታት ዕዳ ስለዘለዎን ኢትዮጵያ ንብዙሕ ዘበናት ዋጋ እናተኸፈለላ ኣብዚ ስለዝበፅሐት፣ኣብ ቐፃሊ ዝኽፈል ዋጋ ከም ኣቦታቱን ኣዴታቱንን ካብ ዝኾነ ይኹን ነገር ንላዕሊ ሃገር ከቕድም ኣገንዚቦም።

‹‹ብሓሳብ፣ ብኣመለኻኽታ፣ ብርእዮተ ኣለም፣ ብኣሰራርሓ ኣፈላላይ ክህሉ ይኽእል ኢዩ፣ ንቃወሞ ሓሳብን መንግስቲን ክህሉ ይኽእል ኢዩ፣ ንቃወማ ሃገር ግን ክትህሉ ኣይግባእን ሃገር ኣትሒዝና ክንፃወቶ ዝግበአና ቁማር እውን ኣይህሉን›› ኢሎም።

ሃገር ሓርበኝነት ከምዘድልያን ሓርበኝነት ድማ ንሃገር ዝኽፈል ዋጋ ሃገር ካብ ትህበካ ነገር እንትበልፅ ከምዝኾነን'ውን ኣገንዚቦም።ኣብዚ ሕዚ እዋን እናጋጠሙና ዝርከቡ ፈተናታት ብዓወት ክንሓልፎም እንተኽኢልና፣ከምቶም ሓርበኛታት ወለድና ኣብ ጅግንነትና ኣብ መላእ ዓለም እናተመስከረሉ፣ ወለዶ እናመስገነና ክቕፅል ኢዩ እውን ኢሎም።

እቲ መዓልቲ ጀጋኑ ሓርበኛታት ንኢትዮጵያውያ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ወራር ጣሊያን ሓራ ምውፅኦም ዝዝከረሉ ኢዩ ኢሎም።

ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ኩሎም ሓርበኛታት ብኣገዛዝኣ እቶም ንጉስ ዝሕጎሱ፣ ዝስማዕምዑን ዝድግፉን ኣይነበሩን ዝበሉ ዶክተር ኣብይ፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ ሃገር ከቕድም ኣለዎ ኢሎም ዝተዋግኡ ከምዝኾኑ ኣብሪሆም።

ኣብቲ እዋን ዝነበረ ፀላኢ'ውን ኣብ ኢዱ ካብ ዝነበረ ዓቕሚ ብዝበለፀ እቶም ሓርበኛታት ኣብቶም ንጉስ ዝነበሮም ቅሬታ ተዓዊቲ ክገብረኒ ኢዩ ብምባል ከም መሳርሒ ክጥቀመሉ ከምዝተንቀሳቐሰ ገሊፆም።

ይኹን 'ምበር ኩሎም ሓርበኛታት ኣብ ክብሪን ፍቕሪን ሃገሮም ፅኑዕ ቅዋም ከምዝነበሮም፤ ቅሬተኦም ምስ ምምሕዳር መንግስቲ'ምበር ምስ ሃገሮም ስለዘይነበረ ኣብ ሉኣላውነት ሃገሮም እንተይተደራደሩ፣ ብረብሓ ፋሽሽት እንተይተታለሉ፣ ናፅነት ሃገሮም ንምኽባር ናብ በረኻ ወፂኦም ከምዝተቓለሱ ኣብሪሆም።

እቶም ሓርበኛታት ንኽብሪ ሃገር ዝኸፈል ዋጋ ናይ ዝኾነ ይኹን ኣካል መፀዋዕታ ከምዘየድልዮ ኣብነት ከምዝኾኑ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ መልእኽቶም ገሊፆም።

ናይቶም ሓርበኛታት ተጋድሎ ሃገር ንምድሓን ሓድነት ዜጋታት ኣድላዪ ከምዝኾነ ዝተርኣየሉ ከምዝኾነ ዝገለፁ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፣ብሄር፣ ቋንቋ እምነትን እንተይገደቦም ሃገር ሓደ ከምዝገበረቶም ንሓንቲ ሃገር ብሓደ ጠጠው ከምዝበሉ እዚ ድማ ቐልጢፎም ፍሪኡ ክሪኡ ከምዝገበሮም ሓቢሮም።

‹‹ህብረ ብሄራዊ ሓድነት ዝተንፀባረቐሉን ኢትዮጵያን ምስ ሙሉእ ክብራ ሓሊዮም ንተተካኢ ወለዶ ዘመሓላለፉ ጀጋኑ ንዝክረሉ መበለ 80 ዓመት በዓል ሓርበኛታት ንብሄራት፣ ብሄረሰባትን ሕዝቢታትን ኢትዮጵያ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ›› ክብሉ ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ኣደም ፋራህ ገሊፆም።

እቶም ኣፈ-ጉባኤ መበል 80 ዓመት መዓልቲ ሓርበኛታት ኣመልኪቶም ናይ እንኳ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ እንተመሓላልፉ፣ መዓልቲ ሓርበኛታት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ሕዝቢታትን ኢትዮጵያ ብዙሕነቶም ሓፁር ኮይኑ እንተይተፈላለለዮም፣ ኣፈላላይ ሓሳብ እንተይነፀሎም ሃገርን ህዝቢን ንምድሓን ባሕሪ ተሳጊሩ፣ ኣፅዋር ተሓንጊጡ ህዝቢ ዝውድእ መሳርሒ ተዓጢቑ ንዝመፅአ ወራሪ ፀላኢ ብሓድነት ተሰሊፎም ብምቅላስ ኣኽሊል ዓወት፣ ቀንዲል ኣይሰዓርን ከምኡ'ውን ዘለኣለማዊ ዓወት ከምዝተጎናፀፉ ንህዝቢ ዓለም ዘብሰሩላ መዓልቲ ከምዝኾት ገሊፆም፡፡

ብዘፍሰሱዎ ደምን ብዝተኸስከሰ ኣዕፅምቶምን ኢትዮጵያ ምስ ሙሉእ ክብራ ሓሊዮም ንተተካኢ ወለዶ ከምዘመሓላለፉዋ ገሊፆም፡፡

መዓልቲ ሓርበኛታት ኢትዮጵያ "ኢትዮጵያውያን ነኒባዕሎም ስለዘይስማዕምዑ ዝደለኹዎ ክፍፅም ኢየ" ኢሉ ብጉራ ዝመፅአ ፀላኢ ኣሕፊሮም ዝመለሱሉ ከምዝኾነ እቶም ኣፈ ጉባኤ ኣገንዚቦም፡፡

ናይ ሕዚ ወለዶ ድማ ንፋስ ብዘምፀአ ወረ እንተይተታለለ፣ ብናይ ሕሶት ወረ እንተይተዳህለለ፣ ብስምዒት እንተይኮነስ ብህድኣት፣ ብኣፈላላይ ዘይኮነስ ብሓድነት፣ ብምርሕሓቕ ዘይኮነስ ብመንፈስ ምድማር ዝተጀመረ ጉዕዞ ሓድነትን ምዕባለን ክቕፅል ብምግባር ቀትሪን ለይቲን ክሰርሑ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም፡፡


## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ናይ ሰላም ሙሩኽ ምኳን ጅግና ምኳን እዩ››

### - ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ ገብረመስቀል

ትርሓስ ፍቃዱ

ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገብረመስቀል ካብ 1968 ዓ.ም ጀሚሮም ናብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝተፀመሩን ሙሉእ ሂወቶም ዳርጋ ክባሃል ዝከኣል ኣብ መከላኸሊ ሃገር ዝሕለፉ እዮም። ወታደራዊ ጉቡኦም ብዝግባእ እናተዋፅኡ ዝመፁ እንትኾን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ንክባቢ ኣርባዕተ ዓመታት ሓላፊ ዓቃቢ ሰላም ኮይኖም ኣገልጊሎም። ከምኡ‘ውን ብ2005 ዓ.ም ኣብ ደቡብ ሱዳት ዝነበረ ዘይምርግጋእ ናብ ንቡር ንምምላስ ንኽልተ ዓመት ሰሪሖም እዮም። ናብ ቃልሲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ እንትፅንበሩ ናይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቶም ምስወድኡ ነይሩ። ሐዚ ግን ብሰላምን ፀጥታን(peace and security) ማስትሬት ዲግሪ ተመሪቆም ጥሮታ ክሳብ ዝወፁ ሃገራዊ ግቡኦም ብዝግባእ እናተዋፅኡ መፂኦም ኢዮም። ሐዚ ኣብ ሃገርና ምስ እዚ ሰሜን ተተሓሒዙ ብዝተፈጠረ ፀገም ንሓደ ብሄር ተይኮነስ ንነፃነትን ዲሞክራሲን ሃገር ንኽገልግሉ መንግስቲ ዝገበረሎም ፃዊዒት ተቐቢሎም እናሰርሑ ካብ ዝረከቡ ጀነራላት ሓደ እዮም። ሐዚ ኣብ ክልል ትግራይ መተሓባበሪ ኮማንድ ፖስት ኾይኖም እናሰርሑ ይርከቡ፡፡ ብዛዕባ ኣብ ወድዓዊ ኹነታት ክልል ትግራይ ብዝምልከት ምስ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ዝገበርዎ ፃንሒት ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና፤ ሰናይ ንባብ፡፡



**ወጋሕታ፡- ፈለማ እሶም ኣፍቲ ሐዚ ዘለውዎ ናይ ሓላፍነት ቦታ እንትምደቡ ኹነታት ትግራይ እንታይ ይመስል?**

**ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** ኹነታት ትግራይ ኹሉ ከምዝፈልጦ እቲ ጎንፂ ካብ ዝጅመር ሸዱሸተ ኣዋርሕ ገይሩ ኣሎ፤ኣነ ናብዚ ስራሕ ክመፅእ ከለኹ’ውን እቲ ጎንፂ ኣይተወደአን ነይሩ። እቲ ፃዕሪ ዝግበር ዝነበረ ብፍላይ ብሓይሊ መከላኸሊ ሃገር እቲ ጎንፂ ጠጠው ንኽብል እዩ ነይሩ፤ ይኹን’ምበር ሐዚ ዘሎ ኹነታት’ውን እቲ ጎንፂ ተዛዚሙ እዩ ምባል ኣይከኣልን። በብኸባቢኡ ጎንፅታት ኣለዉ፤እቶም ጎንፅታት ድማ መልክዖም ዝቐየሩ እዮም።

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ሐዚ እዋን ወድዓዊ ኹነታት ትግራይ እንታይ ይመስል?**

**ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** ኣፍቲ ናይ መጀመሪያ ጎንፅታት ዝነበሩ ፀገማት፤ ብፍላይ ኣብ መሰረተ ልምዓት ኣዝዩ ዓብዪ ጉድኣት በፂሑ፤ዳርጋ ሙሉእ ንሙሉእ ፀልማት እዩ ነይሩ፤ኹለመዳያዊ ርክብ ኣይነበረን። ብፍላይ ግልጋሎት ባንኪን ውሃብቲ ትካላትን ኣይነበሩን፤ኣብዚ ሐዚ እዋን ግና ባንኪ ኣብ ኹሉ ተዘይበልና’ውን ኣፍተን ዋና ከተማታት ስራሕ ጀሚሩ እዩ። ምስ ምቕያር ሓዱሽ ቕርሺ ተተሓሒዙ ኹሉ ተቐይሩ ናብ ግልጋሎት ተኣትዩ እዩ። መብራህቲ ብዝምልከት ድማ ሓይሊ መብራህቲ ስራሕቲ እናጠናኸሩ እዮም ዝርከቡ። ኣብ መብዛሕትኡ እቲ ክልል ተባፂሑ እዩ፤ብፍላይ ከተማታት ናብ 80 ሚኢታዊ ይኸውን እዩ፤ብተመሳሳሊ ኣብ ቴሌኮም በፂሑ ዝነበረ ጉድኣት እንትነፃፀር ብዙሕ እዮም ሰሪሖም። እቲ ኣፀጋምን ኣዝዩ ዓብዪ ጉድኣት ዝበፅሖን መንገዲ እንትኸውን ብፍላይ ድልድላት ተጎዲኦም እዮም። እዚ ድማ ኽረምቲ ከይኣተወ ንምስራሕ ምስ መንግስቲ ፌደራል ፅቡቕ ኽያዶታት ንምግባር ጥንክር ዝበሉ ጉጅለታት ስራሕ እናካየዱ ይርከቡ።

ኻሊእ ኣብ ሕብረተሰብ ዝርኣዩ ፀገማት እዮም፤ብዙሕ ተመዛባሊ እዩ ዘሎ፤ንዑኡ ዘድልይዎ ሰብኣዊ ሓገዛት ብፍላይ መፅለልን ምግብን መሰረታዊ እዮም። ኣብ ምግቢ እንተርኢና ዳርጋ መብዛሕትኡ እናረኸበ እዩ። ናይ መጓዓዓዚ ፀገም እንተዘይኮይኑ መንግስቲ ‘ውን ፅቡቕ ኣስተዋፅኦ ብምግባሩ እቲ ዘሎ ትሕዝቶ ፅቡቕ እዩ። ኣብ መድሓኒትን መፅለልን ግና ሕፅረት ኣሎ እዩ፤ብፍላይ ኣብ መፅለሊ ምስ ኽረምቲ ተተሓሒዙ ዘፍርሐና ጉዳይ እዚ እዩ።

**ወጋሕታ፡-ሰብአዊ ድጋፍ ብዝምልከት ናብ ተመዛበልቲ ንኽበፅሕ ኣብ ዝግበር ርብርብ ዘጋጠሙ ፀገማት እንተሃልዮም ይግለፁልና?**

**ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** ምስቲ ዘሎ ተመዛባላይ ህዝቢ ክነፃፀር ከሎ 70 ሚኢታዊ ምክፍፋል ረድኤት ብመንግስቲ ፌደራል እዩ ዝስራሕ ዘሎ። ብመሰረት ዘለኒ መረዳእታ መንግስቲ ፅቡቕ ኣቕርቦት ገይሩ እዩ፤ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ገበርቲ ሰናይ ብዙሕ ይተርፎም እዩ። ፅቡቕ ጅማሮ ዝነበሮም ነይሮም እዮም ይኹን’ምበር ኣብ መንጎ 30 ሚኢታውን 70 ሚእታውን ዘሎ ኣፈላላይ ዘለዎ እንተኾነ’ውን፤እቲ ዘለና መኸዘኒ ቦታ ሓደ ጥራሕ እዩ እሱ ‘ውን ኣብ መቐለ እዩ፤ኣብዚ ሐዚ እዋን ተመዛባላይ ጥራሕ ዘይኮነስ ዳርጋ መብዛሕትኡ ረድኤት ዝደሊ እዩ። ምስዚ ተተሓሒዙ ኣብ ሽረ ብዙሕ ተመዛባላይ እዩ ዘሎ፤ ቐፂሉ ኣኽሱም፣ዓድዋ’ውን ብዙሕ እዩ ዘሎ። ስለዝኾነ ኻልኣይ መሰራጨዊ ማእኸል ኣብ ኣኽሱም ንምኽፋት ኢና ሓሲብና ዘለና ። ኽረምቲ ከይቐደመና ፃዕሪ እናገበርና ኢና። እቲ ኻልእ ድማ ረድኤት ንምብፃሕ ኣብ ዝግበር ኽይዲ ፀገማት ኣለዉና እዮም፤እዚኣቶም እናተጋፈጥና ኢና ዘለና ማለት እዩ።

**ወጋሕታ፡- ናይቲ ክልል መንግስታዊ መሓውር ካብ ክልል ስጋብ ወረዳ በፂሑ ድዩ? ተግባራዊ ስውጢ ኣብ ምርኻይ እንታይ ይሰርሕ ኣሉ?**

**ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** እቲ ጎንፂ ኣብ ዝተሓሰበሉ እዋን ብዘይ ምውድኡ እቲ መሓውር’ውን ብኡ ልክዕ ፅዕንቶ እናበፅሖ እዩ ዘሎ። ኣብዚ ዓብዪ ክፍተት እዩ ዘሎ። ምኽንያቱ መሓውር ምምሕዳር ኣብ ተጣየሸሎም ምስኣቶም ቐዋሚ ዝኾነ ናይ ፀጥታ ሓይሊ ኣብ ዘይብሉ ስራሕቲ ይጅመሩን ይቋረፁን እዮም። ስለዝኾነ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ገና ኣይተዓረየን። ኣብ ወረዳ ይኹን ኣብ ጣቢያ ፀገማት ኣለዉና። እቲ ስራሕተኛ ፅቡቕ ናይ ስራሕ ድሌት እንተሃለዎ’ውን ብፍላይ ኣብ ወረዳ ገና ኣይተዓረየን። እቲ ቀንዲ ፀገም ድማ ፀገም ፀጥታ እዩ ። እዚ ንምፍታሕ ድማ ኣፍቲ ኸባቢ ፀጥታ ዝሕልዉ እናጣየሽና ኢና፤ብዙሕ ይተርፎ እዩ። ኣብ ዞባን ኣብ ክልልን ፅቡቕ ዝኾነ ኽያዶታት እዩ ዘሎ።

**ወጋሕታ፡- ኣፍቲ ክልል ዘሎ ጉዳይ ሹመትን ካብ ሹመት ምውራድን ኣዘራራቢ እናኾነ እዩ፤እቲ መንቀሲኡ እንታይ እዩ?ሐዚኸ ኣብ ምንታይ ኹነታት ይርከብ?**

**ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** እቲ ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኹሎም መሓውራት ምምሕዳር ምፍራሶም እዩ። ኣነ ዝርድኣኒ ሰብ ካብዝን ካፍትን ተኣኻኺቡ ካብ ዞባ ይኹን ካብ ክልል ምንቅስቓሳት እናተገበረ ከምዝነበረ እዩ። ኣብ ውሽጢ ፀገም ኾይንካ ስራሕ ምስራሕ ኸቢድ እዩ። እቶም ሰባት ምንቅስቓሶም ኣይተርፍን ፤ ኮይኑ ግና እቲ ስልጣን ዝተውሃቦ ሰብ ብኣግባቡ እንድሕር ዘይሰርሐ እቲ ስልጣን ዝሃቦ ሰብ ከልዕሎ መሰል ኣለዎ እዩ። ኣነ ብዝርድኣኒ እቲ መንቀሊ ምኽንያት ስራሕን ውፅኢት ስራሕን እዩ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን 24 ሰዓት ምስራሕ ዝሓትት እዋን ብምኳኑ ኣብ ባይታ ዝግበሩን ዘይግበሩን ነገራት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ እዋን እዚ ፈለማ ክወሃቦ ዝግባእ እቲ ሕብረተሰብ እዩ፤ከምቲ ዝበልኩኺ ምምዝባል ዘለዎ፣ ጥምየት ዘለዎ፣ ሞት ዘለዎ ከባቢ እዩ። በዚ ድማ እቲ ኣመራርሓ ዝኸኣለ ኽኢሉ ንኽሰርሕ ግድን እዩ፤ኽኢሉ ንምኻድ ተዘይክኢሉ ዝኾነ ሰብ ልዕሊ እቲ ግቡእ ኣይኮነን ፤ስልጣን’ውን እንተኾነ። ስለዝኾነ ኣነ ሰላም ንኽመፅእ ናይ ባዕለይ እጃም ክዋፃእን እቲ ቐፃሊ ኽይዲ ናይ ዓርሰ ምምሕዳር መረፃ ገይሩ እስካብ ዝመሓደር ንግዙኡ እቲ ዘሎ ነገር ምምችቻው እዩ። ኣብዚ ተረዳዲእኻ ምቕፃል እዩ፤እቲ ጊዚያዊ ምምሕዳር ኹሉ ናይ ምግባር ስልጣን ዘለዎ እዩ። እቲ ኮማንድ ፖስት ድማ ምስቲ ኣብኡ ዘሎ ናይ ፀጥታ ኣካልን መከላኸሊ ሰራዊትን ኾይኑ ብሓባር እዩ ዝሰርሕ።

ስልጣን ብዝምልከት ዝሸውምን ዘውርድን እቲ ሲቪል ጊዚያዊ ምምሕዳር እንትኸውን ናይ ሹመት ደብዳበ ይህብን ዝሃቦ ድማ ይወስድን፤ ምስቲ ኮማንድ ፖስት ድማ ሓበራዊ ጉዳያት የፍልጥን ይዝትን እዩ። እቲ ዋና ስራሕ ናይ ኮማንድ ፖስት ግና ድኽመትን ጥንካረን ሓፈሻዊ ጉዳያት ማለት’ውን ናይ ፖሊሲ ክኸውን ይኽእል ናይ ፀጥታ ከምኡ’ውን ኣብ ሰብኣዊ ሓገዝን ልምዓትን እዩ።

ዋና ስራሕቲ ኮማንድ ፖስት ትግራይ ሰብኣዊ ሓገዛት ንህዝቢ ንክባፅሑ፣ህንፀት ሰላም ምኪያድ ፣ንህዝቢ ግልጋሎት ውሃብቲ ትካላት ስራሕቶም ንክሰርሑ ምሕጋዝ ከምኡ’ውን ስራሕቲ ልምዓት ንክካየዱ ኩነታት ፀጥታ ምቾው ምግባር እዩ። ስለዚ ስልጣን ብዝምልከት ብዋናነት ዝምልከቶ እቲ ሲቪል ምምሕዳር እዩ።

**ወጋሕታ፡-ናይቲ ክልል ሲቪል ምምሕዳር ስርሑ ብግቡእ ንኽሰርሕ እንታይ ድጋፍ ይግበረሉ ኣሉ?ምስ ፀጥታ በጀት፣ናይ ስራሕ ዕድል ፈጠራን?**

**ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** ምስ በጀት ዝተተሓሓዙ ቐዳማይ ብመንግስቲ ፌደራል ዝተትሓዙ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ኣለዉ፤እዚ ማለት ብቤት ፅሕፈት ፌደራል ዝስርሑ ኣብ ምፅጋን መሰረተ ልምዓት ትኹረት ገይሮም ዝሰርሑ እዮም። ኣንሕና ምስኣቶም ኾይና ኣብ ፀጥታ፣ መረዳእታ ኣብ ምልውዋጥን ምድጋፍን ስራሕና እዩ። ኻሊእ እቲ ክልል ብብዕሉ ናይ ሰራሕተኛታት መሃያን ሓገዝ ሰብኣዊ ረድኤትን እንተርኢና ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ስራሕቲ ንምድጋፍ ፃዕሪ ይግበር እዩ። ምስ መሃያ ተተሓሒዙ ድማ በጀት እንትምደብን ናብ ባንክታት


‹‹ናይ ሰላም ... 8

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ሕዚ ዝኒሀ ወለዶ ካብ ‹መዓልቲ ዓወት› ሓድነትን ፅንዓትን ቀዳሞት ወለዱ ክወርስ ይግባእ››

**- ልጅ ዳንኤል ጆቴ መስፍን ስለሺ**

መኣርግ ገ/ሄር



በዓል መዓልቲ ዓወት በቢ ዓመቱ ብድምቀት ካብ ዝኽበሩ ህዝባዊ በዓላት ሓደ እዩ። ነዚ ኣመልኪትና ጋሻ ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣለና። ልጅ ዳንኤል ጆቴ መስፍን ስለሺ ይባሃሉ። ብ1936ዓ.ም ኣብ ጎሬ ኢሉባቡር ተወሊዶም። ሕዚ ፕሬዚደንት ማሕበር ሓርበኛታት ጥንታዊት ኢትዮጵያ እዮም። ልጅ ዳንኤል ካብ ራእሲ መስፍን ስለሺ ዝተወልዱ እንትኾኑ ራእሲ መስፍን ስለሺ ምእንተ ሃገሮም ሓርበኛታት እናመርሑ ተዋጋኣይን ኣዋጋኢን ኮይኖም ዝሰርሑን ንሃገሮም ዝተሰውኡን ግኑን ሽም ዝነበሮም እዮም።ራእሲ መስፍን ስለሺ ኣብ ሽውዓተ ግዝኣታት ኣብ ሸዋ፣ ማይጨው፣ ወሎ፣ትግራይ፣ ወለጋ ሆሮ ጉድሩ፣ጎንደርን ጎጃምን ተዋጊኦም እዮም። ብሓቒሩ ታሪኾም ከምዝኽብሮ ኣብዝተዋግእዎ ኩሉ ተዓዊቲ እዮም ነይሮም። እምባኣርከስ ጋዜጣ ወጋሕታ ስብዘበን ምስ ዝኽበር መበል 80 ‹መዓልቲ ዓወት› ኣድሂብና ምስ ልጅ ዳንኤል ጆቴ ዝገበርናዮ ቃለ መሕትት ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ።

**ወጋሕታ፡- መንቀሊ በዓል ‹መዓልቲ ዓወት› እንታይ እዩ? እንታይነት እዚ በዓል እስቲ ሕፅር ብዝበለ መልክዑ የብርሁልና።**

**ልጅ ዳንኤል ጆቴ፡-** ከም ዝፍለጥ ጣልያን ኣብ ዓድዋ ብ1888 ዓ.ም ኢትዮጵያውያን ብዘርኣይዎ ሓድነትን ፅንዓትን ምስተሳዕረ ቒም ዓሕዲሩ ስለ ዝነበረ ቒሙ ንኽዋፃእ ዘመናዊ ዕጥቒ ተዓጢቑ ድሓሪ 40 ዓመት መፂኡ ሃገርና ከወርር ክኢሉ እዩ። ጣልያን ኣብ ዓድዋ ጥራሕ ኣይነበረን ዝተስዓረ ቕድሚኡ 'ውን ኣብ እኒ ደጉዓሊ ተሳዒሩ እዩ። ስለዚ ብተዳጋጋሚ ብኢትዮጵያውን ይስዓር ስለ ዝነበረ ድሕሪ 40 ዓመት ክመፅእ እንተሎ ብዝግባእ ተዳልዩ እዩ መፂኡ። ጣልያን ኣብቲ ግዜ ንሱ ካብቶም ስልጡናት ሃገራት ዓለም ሓደ እዩ ነይሩ። ብወገን ኢትዮጵያ ግና እዙይ እዩ ዝባሃል ምድላው ኣይነበረን። ኢትዮጵያ በዝሒ ሰራዊትን ዘመናዊ ዕጥቒን ኣይነበራን። ናብ ኢትዮጵያ ክኣቱ ከሎ ብተፋላለየ ኣንፈት ብባንዳታት እናተሓገዘ እዩ መፂኡ። እቲ ሓደ ብኤርትራ እንትኸውን እቲ ኻልኣይ ድማ ብሶማልያ ገይሩ እዩ ኣትዩ። እቲ ዋና ሓይሉ ኣጣናኺሩ ዝመፀሉ ኣንፈት ግና ብሰሜን ኣንፈት ክልል ትግራይ ገይሩ እዩ።

ኢትዮጵያ ብተፈጥራዊ ሃፍትን ፀባይ ኣየርን ተስማዕማዒት ተመራፂትን ሃገር ስለ ዝኾነት ከምኡ 'ውን ብቕርሲ ሃፍታምን ስለ ዝኾነት ጣልያን ንኢትዮጵያ ክወርር ዓብዩ ድሌት ነይርዎ። ሩባ ኣባይ 'ውን መበገሲኡን ፍልፍሉን ካብ ኢትዮጵያ ስለዝኾነ ብጣዕሚ ተደላይት እያ ነይራ። ኣብቲ ግዜ ንሱ ኣውሮፓውያን ንኣፍሪካ ንምውራር ይተሓጋገዙ እዮም ነይሮም። ባዕዳውያን ኣብ ኣፍሪካ ትኹረት ዝገብርሉ ዝነበሩ ምኽንያት ኢንድስትሪኦም እናዐበየ ይኸድ ስለ ዝነበረ በዚ ምኽንያት እዚ እታወታት ጥረ ኣቕሓ የድልዮም ስለ ዝነበረን ኣፍሪካ ድማ ምስትዝነበራ ዘይተበልዐ ሃፍቲ ተመራፂ ገይሮማ ነይሮም።

ጣልያን ንኢትዮጵያ ምስ ወረረ ቋንቋታት ኦሮምኛ፣ ወላይትኛ፣ ኣምሓርኛን ትግርኛን ዝመሳሰሉ የፅንዕ ነይሩ። ዘፅነዐሉ ምኽንያት ድማ ናይ ኢትዮጵውያን ባህሊን ቋንቋን ብምፍላጥ ነቲ ህዝቢ ኣጋዛዝኣ ክጥዕመሉ እዩ። ባህሪ ህዝቢን ከምኡ 'ውን ነገስታት ናብ ስልጣን ከመይ ኢሎም ከምዝመፁ እንተፈሊጡ ንምግዛእ ከምዘይፅገም እዩ ዝኣምን ነይሩ። ብፍላይ ድማ ፃዕዱ ነንባዕሎም ናይ ምትሕግጋዝን ምስጢር ንበይንቶም ናይ ምሓዝ ባሕሪ ኣለዎም። ንሓበሻ ምስጢር ኣየካፍሉን። ናይ ባዕሎም ልዕልና ከረጋግፁ እዮም ዝደልዩ።

ጣልያን ብ1928ዓ.ም ንኻልኣይ ግዜ ንኢትጵያ ክወርር ከሎ ፋሺሽት ዝባሃል ፓርቲ መስሪቱ ክወረና እንተሎ ንሕና ዘይበፃሕናዮ ዕቤት በፂሑ ስለ ዝነበረ ብዙሕ ዕንቕፋት ኣይበፅሖን ነይሩ። ጣልያን ኣብ ኤርትራ ስለ ዝነበረ ዝዓበየ ሓይሉ ብትግራይ ኣንፈት እዩ ኣሰሊፉ መፂኡ። ኣብ ማይጨው እንራእሲ ስዩምን ራእሲ ካሳን ተዋጊኦም እዮም። ኮይኑ ግና ምድላው ጣልያን ብጣዕሚ ልዑል ስለ ዝነበረ ክሰዓር ኣይካኣለን። ጣልያን ናይ ውግእ ኣውሮፕላንን ዘመናዊ መትረየሱስን ተዓጢቑ እዩ መፂኡ። ስለዚ ጣልያን ኣሳላልፍኡ ልዑል ስለ ዝነበረን ክሳብ መወዳእታ ክዋጋእ እየ ኢሉ እዩ ዘመናዊ ዕጥቒ ተጠቒሙ ኣብቅድሚኡ ዝረኸቦ ተዋጊኢ እናደምሰሰ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ። ኣብቲ ግዜ ንሱ ሶማሊያ'ውን ኣብ ትሕቲ ጣልያን ስለ ዝነበረት ብኣንፈት ሱማሊያ ውግእ ብምኽፋት ብተማሳሳሊ ብትግራይ ኣንፈት ዝገብሮ ዝነበረ ፀላኢ እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ እናደምሰሰ እዩ ናብ ማእኸል ዓዲ ኣትዩ። ስለዚ ኣሳላልፍኡ ብተፋላለየ ቦታን ልዑል ምድላውን እዩ ነይሩ። ናይ ኢትዮጵያ ናይ ውግእ ኣሳላልፋ'ውን ብዝግባእ ኣፅኒዕዎ ስለ ዝነበረ ብቐሊሉ ንክስዕር ሓጊዝዎ እዩ።

ይኹን'ምበር ኢትዮጵያውያን ናይ ጣልያን ኣሳላልፋን ሓይልን ምስረኣዩ ብቐሊሉ ኢዶም ኣይሃቡን፤ናይ ውግእ ስልቲ እዮም ቐይሮም። ንኣብነት ናተይ ኣቦይ ደጃዝማች መስፍን ስለሺ ናይ ባዕሎም ሰራዊት ሒዞም ተሰሊፎም ነይሮም እዮም። ኮይኑ ግና በዚ ኣካይዳ ግንባር ንግንባር እንተቐፂልና ኣየዋፅኣናን ኣካይዳና ንቐይር ኢሎም ተመኻኺሮም እናገራህኻ ምውጋእ መሪፆም እናተዋግኡ እዮም ነይሮም። ጣልያን 5 ዓመት እንትፀንሕ እንተሎ ዓሪፉ ከይገዝአን ተፈላለየ መጥቃዕቲ ይፍንውሉ ነይሮም እዮም። ስለዚ ኢትዮጵያውያን ናይ ውግእ ኣካይዳ እዮም ቐይሮም'ምበር ኢዶም ኣይሃቡን ነይሮም። ኣብቲ ግዜ ንሱ ዝነበሩ መሳፍንትን ንጉስን ናብቲ ውግእ ክኣትዉ ኣይመረፁን፤ምኽንያቱ እቲ ንጉስ ወይ እቶም መሳፍንቲ ኣብ ውግእ ኣትዮም እንተሞይቶም እቲ ሰራዊት ከይብተን ዓብዩ ጥንቃቐ ይገብሩ ነይሮም። ነዚ ዝተረድኡ ንጉስ ሃይለ ስላሴ ናብ እንግሊዝ ብምኻድ ብድፕሎማሲ ዓብዩ ስራሕ ይሰርሑ ነይሮም። እቶም ሰራዊቶም ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይዋግኡ ነይሮም። እቶም ንጉስ ኣብ ውግእ ኣትዮም ተዝሞቱ ነይሮም ግና እቲ ሰራዊት ክብተን ነይሩ እዩ። ጣልያን ዘመናዊ መሳርሒ ተጠቒሙ እንትትኩስ ብወገን ኢትዮጵያ ዝነበረ ሰራዊት ግና ብህልኸን ወነን ጉራደን ካልኦት ድሑር መሳርሒ ሒዙ እዩ ክዋጋእ ዝሙከር ነይሩ። ኮይኑ ግና ብኸምዚ ዓይነት ውግእ ዘዋፅእ ስለ ዘይነበረ ናይ ድብያ ውግእ እናተጠቐሙ የዳኽምዎ ነይሮም።

**ወጋሕታ፡- ኣብ መወዳእታ ጣልያን ካብ ኢትዮጵያ ብኸመይ ክወፅእ ክኢሉ?**

**ልጅ ዳንኤል፡-** ከም ዝፍለጥ ኣብቲ እዋን ንሱ ሓያልቲ ዝባሃሉ መንግስታት ነንርእሶም ክዓነፁ ጀሚሮም። ንጉስ ሃይለ ስላሴ'ውን ኣብ ዓለም ለኸ ኣኼባታት ጥርዓን የስምዑ ነይሮም። ንጉስ ሃይለ ስላሴ ብተዳጋጋሚ ኣውሮፓ ይጉብንዩ ስለ ዝነበሩ ተፈላጢ እዮም ነይሮም። ብፍላይ ብዝገብርዎ ዝነበሩ ዲፕሎማስያዊ ስራሕቲ ካብ እንግሊዝ ሓገዝ ይረኽቡ ነይሮም እዮም። ጣልያን ብሓይሊ ዲፕሎማሲን ብናይ ውሽጢ ቓልሲን ከምኡ'ውን እንግሊዝ ንባዕላ ኢላ ኣብ ርእሲ ጣልያን ብትገብሮ ዝነበረት ፀቕጢ እናተዳኸመ መፂኡ። ኣብቲ እዋን ንሱ ናይ እንግሊዝ መንግስቲ እናጠንከረ ስለ ዝመፀ ንተፋላለዩ ባዕዳውያን ሃገራት ይስዕር ነይሩ። ኮይኑ ግና እንግሊዝ ኢትዮጵያ ናፃ ንምውፃእ እንተይኮነስ ባዕሉ ክሕዝ እዩ ድሌት ነይርዎ። ይኹን'ምበር ናይ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ሓርበኛታት እናተቓለሱ እናሃለዉ እቶም ንጉስ'ውን ናብ ሃገሮም ስለ ተመለሱ ኢትዮጵያ ናፃ ክትኸውን ክኢላ እያ።

**ወጋሕታ፡- ኣብቲ እዋን ንሱ ብፍላይ ግደ ሓርበኛታት ከመይ ነይሩ?**


**ልጅ ዳንኤል፡-** ቕድም ኢለ ከምዝገለፅክዎ ጣልያን ብሓይሊ ዲፕሎማሲን ሓርበኛታትን እዩ ክወፅእ ክኢሉ። ግደ ሓርበኛታት ጣልያን ዓሪፉ ከይገዝእ ዕረፍቲ የስእንዎ ነይሮም። ኣብቲ እዋን ንሱ ግደ ሓርበኛታት ልዑል እዩ ነይሩ። ብተፈላለየ ምኽንያት ንኣብነት ጣልያን ዝጥቀመሎም ነገራት ጉድኣት ክበፅሖም ብምግባርን ሰራዊቱ ብምጥቃዕን ዓብዩ ጅግንነት ይፍፅሙ ነይሮም። ኢትዮጵያ ናፃ ምስወፀት ዝተወሰኑ ጣልያናውያን ኣብ ኢትዮጵያ ይነብሩ ነይሮም። እቶም ዝተረፉ ግቡእ ኣታሓሕዛ ይግበረሎም ነይሩ። ንኣብነት ደጃዝማች መስፍን ስለሺ ዝገበርዎ ዝነበሩ ክነግረካ። ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ጣልያን ሰራዊት ኣይትንክኡ ኢሎም ኣዊጆም። ንባንዳታት ምሕረት ክግበረሎም ጌሮም። ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ጣልያን ምሕረት ተገይርሎም ብሰላም ክነብሩ ምስገበሩ ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ጣልያናውያን ከም መንገዲ፣ መብራህቲ ዝመሳሰሉ መሰረተ ልምዓታት ንምስራሕ ስለ ዝጠቕሙ መስፍን ስለሺ ነዚ ተረዲኦም መሰሎም ተሓልይሎም ይቕርታ ተገይርሎም ክነብሩ ገይሮም እዮም። ደጃዝማች መስፍን ስለሺ ክሳብ ገዝኦም እናወሰዱ ልክዕ ከም ኢትዮጵያውያን ይንከባኸብዎም ነይሮም። ፀላእቲ ነይሮም እዮም ብምባል ኣየግለልዎምን። ናይ እንግሊዝ ሰራዊት ኣብ ሰራዊት ጣልያን ዝኾነ ዓይነት ፅዕንቶ ከይፍፅም ናይ ደጃዝማች መስፍን ስለሺ ሰራዊት ይሕልውዎም ነይሮም እዮም። እዚ ዘሪኣካ ኢትዮጵያውያን የዋሃት፣ ቒም ዘይንሕዝን ሰብ መኸበርትን ምኳና እዩ። ንዝበደለና'ውን ዘይንበድል ህዝብታት ኢና። እዚ ካብ ወለድና ዝወረስናዮ ባህሊ እዩ። እቶም ሓርበኛታት ንጣልያን ሓቚፎም ዝሓዙሉ እዋን እዩ ነየሩ። ጣልያን ፀላኢና እዩ፤ ሓትናን ደቕናን ወዲኡልና እዩ ኢሎም ሕነ ናብ ምፍዳይ ኣይኣተዉን።


**ወጋሕታ፡- ጣልያን ኣብ ኢትዮጵያ ሓሙሽተ ዓመት ክፀንሕ እንተሎ እንታይ ዓይነት ክሳራታት ኣብፂሑ?**

‹‹ሕዚ ዝኒሀ...8

# እዋናዊ ዛዕባ







# ማዕዳ ኣቦታት ሃይማኖት

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ሐዚ ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላላዩ ከባቢታት ፀገም ሰላም ኣሎ፡፡እዚ ምስኣን ሰላም ንሃገርና ናብ ከቢድ ፀገም ዘእትዋ ስለዝኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጠጠው ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ፡፡መብዛሕቲኡ ህዝቢ ኢትዮጵያ እምነት ኣለዎ፡፡ በፖለቲካ ኣረኣእያን ቋንቋ ዝፈላለዩ እኳ እንተሃለየም ናይ ሓደ እምነት ተኸተልቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮ፡፡ ስለዚ ኩሉ ከከም እምነቱ ንሰላም፣ሓድነትን ፍቕርን ክሰርሕ መንግስቲ ድማ ሰላምን መሰል ዜጋታቱን ክሕሉ ከምዝግብእ ኣቦታት ሃይማኖት ይምዕዱ፡፡

‹‹ወዲ ሰብ ክቡር ፍጥረት ብምኳኑ ይሕሎ እንበር ኣይቕተልን ፣ልቦና ኣእምሮ ዝገዝእ ፖለቲካ ስርዓት ንክህነፅ ክንፅልይ ኢና ይብሉ ጠቕላሊ ፀሓፊ ጉባኤ ጳጳስ ካቶሊክ ቤተ ክርስትያን ኢትዮጵያ ዶክተር ኣባ ተሾመ ፍቅሬ፡፡

‹‹ወዲ ሰብ ክቡር ፍጡር እዩ ፣ኽቡር ነገር ድማ ይሕሎ እንበር ኣይቕተልን ፣እዚ ተግባር ካብ ምቅዋም ንላዕሊ ናብ ተግባር ዝቕይር ፣ልብን ኣእምሮን ዝገዝእ ኩላትና ሰዓራይ ዝገብረና ለውጢ ዘእትወና ስርዓት ፖለቲካ ክንሃንፅ ይግባእ፡፡እዚ ተግባር ተቓዊምና ጠጠው ኣይንብልን፣ ንስሃ ኣቲና ፣ሓቀኛ ፍትሕን ሰላምን መገዲ ክንክተል ይግባእ ክብሉ ዶክተር ኣባ ተሾመ ይዛረቡ፡ ፡እናኾነ ዘሎ እምነት ኣቦታት የሕስብን የጨንቕን እዩ ፣ክንፅልይ ኢና ፣እዚ ተግባር ንቃወም ኢና ይብሉ፣

ወዲ ሰብ ብመንነቶምን ብሃይማኖቶምን ምኽንያት ካብ መረበቶም እናተመዛበሉ እዮም ፣ንፁሃን እናተቐተሉ እዮም ፣ብዘይምልከቶም ጉዳይ ብዙሕ ጉድኣት እናበፅሖም ይርከብ እዚ ጠጠው ክብል ኣለዎ፡፡ንጥፍኣት ካብ ዘላዓዕል ፣ናብ ኹናት ፣ምፍልላይ ካብ ዝቕስቕስ ነገር ብምእራም ዝሐሸት ሃገር ንምምስራት ኢትዮጵያውያን ክተሓባባሩ ይግባእ፡፡ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ዝተወለደ ዜጋ ጉዳይ ኢትዮጵያ ይምልከቶ እዩ፡፡ብብሕታዊ ፖለቲካ ክመርሕ ዝደሊ ክህሉ ከምዘይግባእ ይገልፁ፡፡

እናኾነ ዘሎ ነገር ኣብ ሃገርና ፀሊም በሰላ ዝገድፍ ፣ዜጋታት ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ዝዳፈር ብምኳኑ ዝምልከቶም ኣካላት ኹሎም ጠጠው ኢሎም ከስተዉዕሉ ኣለዎም ፣ንሃገር ንመሰል ወዲ ሰብ ዝጠቅም ዝሓሸ ፖለቲካ ንምምፃእ ዝሕግዝ መገዲን ኣማራፂ ዘተ ምጥቃም ይግባእ ክብሉ ይምዕዱ፡፡

ዶክተር ኣባ ተሾመ ፍቅሬ ገለፃ፣ስርዓት ዘለዎ ፖለቲካ ፣ኢኮኖምያዊ ፣ማህበራዊ ፣ሃይማኖታውን ባህላዊ ህይወት ምንባር እንተኺእልና ሰባት ብፍቕርን ብሓጎስን ምንባር ይኽእሉ እዮም፡፡ዝተፈጠርና ብሕውነታውን ብቤተሰባውን ንምንባር እንበር ፣ብመንደር ፣ብሃይማኖት ፣ብባህሊ መንደቕ ክንሕፀር ኣይኮነን፡፡

ብእግዚኣብሄር ኣምሳል ከምዝተፈጠርና እንተኣሚና ሕድሕድና ሓውን ሓፍትን ኢና፣እዚ እነረጋግፆ ብተግባር ሓውን ሓፍትን ከይመዛበሉ ፣ከይሞቱ እንተሓሊና እዩ፣ምስ ፖለቲካ ዝደሓሓዝ ነገራት ኣለዉ፣መረፃ እውን ቀሪቡ እዩ፣ኮቪድ ድማ ኣብ ዓለም ዘብፀሖ ዘሎ ጉድኣት የጨንቐና እዩ፡፡

ኣብ ኻልኦት ሃገራት እንሪኦ እናፈረሕናዮ ዝነበርና ፣ብዘርኢ ፣ብፖለቲካ ፣ብሃይማኖት ምብፅባፅና ንሃገርን ንህዝብን ሓድነት ሓደጋ ከይኸውን የሕስበኒ ፣ናይ ሃገርና ዕብየት ዘይደልዩ ምናልባት እውን ምብፅባፅና ዝደልዩ ጎሮቤት ሃገራት ኢድ ንከይንህብ የሕስበኒ እዩ፡፡ዓለም ናብ ሓድነት እናኸደ ፣ሕውነታዊ እናጠናኸረ ፣ብማሕበራውን ኢኮኖምያውን ህይወቱ እናተሓሳሰበ ዘለሉ እዋን እዩ ፡ ፡ንሕና ዘለናዮ ሓደጋ የሕስበና እዩ፣ የጨንቐና እዩ፣ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተደፊእና ክንፅልይ ዕድል ጥራሕ እንተይኾነ ግቡእ ከምዝኾነ ክንግንዘብ ገይርና እዩ ይብሉ- ዶክተር ኣባ ተሾመ ፍቅሬ ፡፡

ዶክተር ኣባ ተሾመ ፍቅሬ፣ ዝምልከቶም ኹሉ ተረጋጊዖም ሃገር ካብ ምጥፋእ ምድሓን ተልእኾ ከምዘለዎምን ንኹሉ ዘማእኸለ ሕድሕድ ኢትዮጵያዊ መሰል ዘኽብር ፖለቲካ ተግባራዊ ንክገብሩ ፃውዒት ኣቕሪቦም እዮም፡፡መንግስቲ መሰል ዜጋታት ንክኽበር ሰባት ንከይቕተሉን ንከይማዛበሉን ፣መሰሎም ንክኽበር ፣ ዜጋታት ብሰላም ምንባር ፣ወፂኻ ምእታው ዝተውሃቦ ሓላፍነት ክዋፃእ ኣሎዎ ይብሉ ፡፡

ኣባል ቤት ምኽሪ ዑለማ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያን ሓላፊ ዘፈር ሰላም ሼኽ መሃመድ ሲራጅ ብወገኖም ተግባራት ደም ምፍሳስ ዝድግፍ ሰብ ሰይጣናዊ መንፈስ ዘለዎ እዩ ይብሉ፡፡ተግባራት ደም ምፍሳስ ዝድግፍ ሰብ ሰይጣናዊ መንፈስ ዘለዎ ከምዝኾነን ኣብዚ ኸዚ እዋን ኣብ ሃገርና ዝረኣዩ ዘለዉ ነገራት ደስ ከምዘይብሉ የፍልጡ፡፡

ናይ ፈጣሪ ሕግን መምርሕን ዘየኽብር ሰብ ነንባዕሉ ዘጓንፁ ፣ዘፃልኡ ፣ደም ዘፋስሱን ዘጫፋጭፉ ተግባራት ኣይተሓባበርን፣ሎሚ ብዝሰርሕዎ ስራሕ ምንስሓም ኣይተርፍን ፣ካብ ተግባሮም ክቑጠቡ ኣለዎም፡፡ካልኦት ዘሳቕይ ፣ህይወት ዝቕጥፍ ፣ደም ዘፍስስ ፣ንብረት ዘጥፍእ ካብ መረበቶም ዘማዛብል ቅዋምን ኣተሓሳስባን ክወፁ ኣለዎም፣ከምዚ ዓይነት ተግባር ዝፍፅም ኣብዚ ምድሪ ተራጋጊዑ ኣይነብርን ኢሎም፡፡

‹‹ክፍኣት ምቀኝነት ኣብ ሰባት መጥቓዕቲ ምብፃሕ ጭካነ ስራሕ እዩ፣እዚ ዝገብር ቀፃሊ ህይወቱ ሰቐቐን ፣መከራን ፀገምን ይገጥሞ እዩ፡፡እዚ ተግባር ዝፍፅም ኣብ ወገኑ እዩ፣ማንም ሰብ እዚ ተግባር ኣብ ባዕሉን ቤተሰቡን ክበፅሕ ኣይደልን፣ዜጋታት ብሃገርን ብሰላምን ብሓሳብ ክፈላለዩ የብሎምን ይብሉ፡፡

ሼኽ መሃመድ ሲራጅ፣ ‹‹ሰብ ዘጎሳቑል ፈጣሪ ይቐፅዖ እዩ፣ኣማኒ ኹሉ ንፈጣሪ ሕግን መምርሕን ክእዘዝ ይግባእ፡፡ንሰባት ዝሓዝንን ፣ዝሕግዝን ንኻልኦት ዝነበርን ክኸውን ኣለዎ፡፡ኣብዚ ኸዚ እዋን ኣብ ሃገርና እንሪኦም ዘለና ነገራት ኣየሕጉሱን ፡፡መንግስቲ ዘለዎ ህዝቢ ዝተረጋገዐ ናብራ ክነበር ኣለዎ፣መንግስቲ ሰላም ህዝቢ ክሕሉ ኣለዎ፡፡ህዝቢ እውን ንህዝቢ ተኣዛዚ ምኳንን ብዙርያ ሰላም ኣብ መንግስቲ ጎኒ ጠጠው ክብል ኣለዎ ፡፡‹ ፈጣሪ ተኣዚዙ፣ካባኹም ንላዕሊ ሓላፍነት ንዘለዎም ተኣዘዙ፣ትእዛዝ ምኽባር ግድን እዩ›› ከምዝብል ጠቒሶም እዮም፡፡

ፕሬዚዳንት ህብረት ኣብያተ ክርስትያናት ወንጌላውያን ኢትዮጵያ ፓስተር ፃዲቁ ኣብዶ ድማ ‹‹ፅልኢት ፣ሕነ ምፍዳይን ፣ምምዝባል ምቕታል ሓደገኛታት ስለዝኾኑ እዚ ድርጊት ንቃዎም ኢና›› ይብሉ፡ ፡

‹‹ፅልኢት ፣ሕነ ምፍዳይን፣ ምምዝባልን ምቕታልን ሓደገኛ ነገራት ብምኳኖም እዚ ተግባር ንቃወም ኢና ፣ሓድኤና ንሓድኤና ጋሻን መኸታን ፣መድሓኒትን ፈውስን ኾይና ክንነብር ኣለና ዝበሉ ፓስተር ፃዲቁ ኣብዶ፣ ኣብዚ ኸዚ እዋን ኣብ ዝተፈላዩ ቦታ እንሪኦን እንሰምዖን ስለዘጥፈኣና እዚ ተግባር ክጠፍእ ኣለዎ፣ኹሉ ናብ ቀልቡ ክምለስ ኣለዎ፣ምጥፋፋእ፣ምፍልላይ ፣ምቅትታል ምምዝባል መገዲ ጠጠው ክበል ኣለዎ፣ናይ እግዚኣብሄር ቃል እውን ሕድሕድ ዝዘርኦ እዩ ዝዓፅድ ስለዝብል ሓደ ሓደ ካብ ዝሓዝዎ መገዲ ተመሊሶም ምሕረትን ይቕርታን ክኽተሉ ኣለዎም፡፡እዚ ተግባር ምፍዳይ ሕነ ስለዝውልድ ጠጠው ክብል ኣለዎ ይብሉ፡፡

እናኸድናዮ ዘለና መገዲ ብጣዕሚ ሓደገኛን ዋጋ ዘኽፍልን እዩ ዝበሉ ፓስተር ፃዲቁ ኣብዶ ፣እዚ ዓይነት መገዲ ሰብ ምፍራድ ተዘይኻኣለ'ውን ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣምላኽ ይፈርድ እዩ፡፡ናቱ ፍርዲ ድማ ከቢድ እዩ ፣ንሱ ቅድሚ ምፍራዱ ንሕና ናብ ልቦናና ንመለስ ፡፡ኣብ ሓዲኡ ዝበፅሐ ጉድኣት ኣብ ኹላትና ዝበፅሐ ብዝብል እቲ ሕማም ክስመዐና ኣለዎ ኢሎም፡፡

‹‹ኣብ ኢትዮጵያ ሰላም ንክሰፍን ናብ እግዚኣብሄር ክንፅልይ ኢና ፣ክንልምን ኢና ›› ዝበሉ ፓስተር ፃዲቑ ፣ፀገማት እናፀንሑ ፣እናተሓላለኹ እናመፁ እዮም፡፡ኾይኑ ግና ብእግዚኣብሄር ተስፋ ኣይቁረፅን ኹላትና ናብ ልቦናና ክንምለስ ኣለና ኢሎም፡፡

እግዚኣብሄር ማንም ሰብ ካልእ ሰብ ክቐትል ከምዘይብሉ ኣዚዙ እዩ፣ብህይወት ምንባር መሰል ኢትዮጵያ ሕገ መንግስት ብዓለም ለኸ ሕጊ እውን ተደንጊጎም እዮም፡፡ሎሚ ዝፈስስ ናይ ህፃናት ፣ሽማግለታትን ኣደታትን ደም ፅባሕ ምኽፋሉ ከምዘይቀሪ ገሊፆም እዮም፡፡

ኣብ ፈለማ ብኹለመዳይ ኣምላኽ ይቕርታ ምሕታት የድሊ፣ብሄር ብሄራሰባት ኢትዮጵያ ጫፍ ካብ ጫፍ ብዘይምንም ስግኣት ብሰላም ምንባር ከምዘለዎም መንግስት ድማ ሰላምን ፀጥታን ምኽባር ሓላፍነቱ ክዋፃእ ይግባእ፣ ህዝቢ እውን ብምትሕብባር ብዝሰልጠነ መገዲ ምኽታል ይግባእ ክብሉ ይምዕዱ፡፡

ናይ ብዙሕ ዓመት ታሪኽ እናቑፀርና ሰላምና እንስእነሉ ምኽንያት ክህሉ ኣይግባእን፡፡ኹላትና መጀመርያ ምስ እግዚኣብሄር ምትዕራቕ፣ ቀፂሉ ነንርእስና ምትዕራቕ ኣለና ኢሎም፡፡ኹሉ ሰብ ካብ ህልኽ ፣ቂም፣ፅሊኢትን ኹሪያን ክወፅእ ኣለዎ፣ምንም ነገር ብሓይሊ ክፍታሕ ኣይኽእልን ፣ካብዚ ክወፅእ ይግባእ፣ኹላትና ሓላፍነት ሰለዘለና ናብ ትኽክለኛ መገዲ ክንምለስ ኣለና፡፡

‹‹ከም ሃገር ከይጠፋእና ክሳብ ኸዚ ምንባር ዝኻኣልና ዝተኣሳሰርናሉ ገመድ ብእምነትን ሃይማኖትን ስለዝኾነ እዩ›› ዝበሉ ድማ ኣገልጋላይ ዮናታን ኣክሊሉ እዮም፡፡

ከም ኣገልጋላይ ዮናታን ኣክሊሉ ገለፃ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዙሕ መከራን ፀገምን እናበፅሖ ዘይጠፍአ ክሳብ ኸዚ ምንባር ዝኻኣልና ከም ሃገር ዝተሰርሐትሉ ሰንሰለት እምነትን ሃይማኖትን ብምኳኑ እዩ፡፡ኢትዮጵያ ዝተሰርሐት ነዊሕ ዓመት ብዝወሰደ እምነትን ሃይማኖትን ዝተኣሳሰረት እያ፡፡

ኣብ ሃገርና ከምዘሎ ፀገምን ሕቶን ፣ከም ወፃእቲ ፀላእቲ ድልየት ተዝኸውን ነይሩ ተበታቲና ነይርና ፣ኢትዮጵያ ብጠንካራ እምነት መሰረት ዝተሃነፀት ሃገር እያ፣ኣብዝሓ ፖለቲካ ሓሳባት ብፍትሃ ብሄር ፣ማሕበራዊ ፣ሽምግልና ፣እሴታት ዕርቂ መሰረት ዝገብሩ ሃይማኖት እዩ፣ሃገር ዝተሰርሐትሉ መሓውር ምርዳእ ግቡእ እዩ ዝበሉ ኣገልጋሊ ዮናታን ኣክሊሉ ፣ምኽንያቱ ኣሰራርሓ ኢትዮጵያ ከም ካልእ ሃገር ኣይኮነን፣ኣብዛ ሃገር ህንፀት ፖለቲከኛታት ጥራሕ እንተይኾነስ ኣቦታታ ሃይማኖት ናይ ባዕሎም ግደ ኣለዎም፣ካብ ማንም ንላዕሊ ልዕልና ሞራል ዘለዎ ማሕበረሰብ ክፈጥር ዝኽእል ሃይማኖት እዩ፡፡ሃይማኖት ብዝተጠናኸረ መልክዑ ሃገር ንምድሓን ክሰርሑ ዕድል ንክዋሃቦምን ክሰርሑ እውን ከምዘለዎም ኣተሓሳሲቦም እዮም፡፡

ኣብ ዝኾነ እዋን ፣ዘመን ዝነበር ማሕበረሰብ ናይ ባዕሉ ፀገም ፣ጥፍኣት ኣለዎ እዩ፣እዚ እንትኸውን እቲ ማሕበረሰብ ካብ ጥፍኣት ብላዕሊ ዝሰርሖ ስራሕ ይበልፅ ኢሉ ክሓትት ኣለዎ፡፡ዝሓለፈ ወለዶ ካብ ምውቃስ ኣብዚ ኸዚ ዘሎ ብፀላእትነት ካብ ምርኣይ ወፂእና ንሕና ሓላፍነት ክንወስድ ይግባእ ይብሉ፡፡

ስርዓት እንትቕየር ነገራት እናተበላሸወ ምኺዶም ፣ኣብ ሃገርና ሓደ ስርዓት እንትመፅእ ዝነበረ ሰናይ እሴት ብምሕላው ካብ ምኺድ ካብ ዜሮ ምጅማር ባህሊ እዩ ዘሎ፣ዝነበረ ሙሉእ ንመሉእ ኣፍሪስና ኢና ባዕልና ከም ሓድሽ ንምህናፅ እንፃደፍ፡፡ናይ ስርዓት ለውጢ እቲ ሓዳ ናይ ኻልእ ጅማሮ እናፍረሰ እንበር ንኽቅፅል ብዘይምግባሮም ኣብ ህንጸት ወለዶ ኽፍተት ፈጢሩ ኸዚ ዘለናዮ ፀገም ኣብፂሕና እዩ ይብሉ፡፡

# ‹‹ናይ ሰላም ሙሩኽ ምኳን...

እንትኣትውን ብመዳይ ፀጥታ ንሕግዝን እቶም ናይ ውልቀ ትካላት'ውን ስራሕቲ ይሕግዙ እዮም፡፡ኣንሕና ድማ እዚ ናይ ምቅንጃውን ናይ ምብርትታዕን ስራሕቲ ንሰርሕ ኢና ማለት እዩ፡፡

**ወጋሕታ፡- ሓደሓደ ዓለምለኸ ትካላት ጥምየት፣ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮን ዝኣመሰሉን ከም መሳርሒ ኣፅዋር ኲናት ኣብ ጥቕሚ እናወዓሉ እዮም ይብሉ፡፡ኣብዚ እንታይ ርኢቶ ኣለኩም?**

**ሴተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** ከምቲ ቕድም ኢለ ዝገለፅክዎ ብርክት ዝበለ ተመዛባሊ ኣብ መዕቐቢ ካምፕ ይርከብ፤ብዙሕ ይተርፈና እዩ፡፡ብፍላይ ኣብ ጥዕና ጣብያታት ዘሎ ክፍተት ምስ ትካላት ጥዕና ኣተሓሒዝና እተን ዓመፅ ዝተገበረን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጥዕና ትካል ኣትየን እናተሓከማ እየን ዝርከባ፡፡እዚ ዘረጋግፁ ድማ እቶም ሓካይም ስለዝኾኑ እናፃረይዎ እዮም፡፡ ብፍላይ ግና ናብ መዕቐቢ ካምፕ ዘይመፁ ብጥምየት ዝጉዳእ ኣሎ፤ቐደሙ 'ውን እንተኾነ ኣብ ትግራይ ከባቢ 2 ሚሊዮን ተጠቃሚ ሴፍትኔት እዩ ነይሩ፤ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብ መረበቱ ከይርሓቐ ብስእነት ምግቢ ዝተፀገመ ክፋል ሕብረተሰብ ኣሎ፡፡ንምብፃሕ 'ውን ዝተፀገምናሉ ኹነታት ኣሎ ፤ብምኳኑ ድማ ጥምየት የለን ዝበሃል ኣይኮነን፡፡

ብሓፈሻ ኲናት እንተሃልዩ ኣሸንኳይዶ ጥምየት ሞት'ውን ኣሎ፡፡ናይ ኲናት ሕማቕ ጎኑ ኹሉ ፀገማት ናብ ሲቪል እዩ ሒዙ ዝመፅእ፤ስለዝኾነ እቲ ዘጋጥም ዘሎ ፀገም ናይ ግድን እዩ፡፡ናይ ኲናት ጣጣ ግና ሓዱሽ ኣይኮነን ፤እቲ ዋና ከም ፍታሕ ክንሪአ ዘለና ዕድመ ናይቲ ፀገም እንተዘየሕፂርናዮ ብዙሕ ነገር ሒዙልና ክይመፅእ እዩ ናተይ ስግኣት፡፡ኣብ ዓለምና ረሳሕ ነገር ኲናት ጥራሕ እዩ፡፡

**ወጋሕታ፡-ህዝቢ ትግራይ ምስቲ ጎንፂ ተተሓሒዙ ፀገማት ስነ ልቦንኡ ከመይ ይሪእዎ? ኣብ ምንታይ ኹነታት ይርከብ?**

**ሴተናል ጀነራል ዮሃንስ፡-** ናትና ዓብዪ ስራሕ ብዋናነት ህይወት ምትራፍ ወይ ድማ ምድሓን እዩ ፡፡ ድሕሪ እዚ ድማ ሕክምና የድሊ እዩ ፡፡ብፍላይ ግልጋሎት ምምኻር ስነ ልቦና ኣዝዩ ኣድላዪ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ፤ ይኹን'ምበር ዓብዪ ክፍተት ኣለና፡፡ ምንም የለን ክንብል ንኽእል ኢና፤ምስ ሓገዝ ምግቢ ተተሓሒዙ ግና ከምቲ ዝገለፅክዎ እናተሰርሐ እዩ፡፡

**ወጋሕታ፡- እቲ ኮማንድ ፖስት ኣብ ቀፃሊ ትግራይ ንምርግጋፅ እንታይ ንምስራሕ ተሲሙ?**

**ሴተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** ከምቲ ዝበልክዎ ኣብ ዞባን ኣብ ወረዳን ዘሎ ሓይሊ መከላኸሊ በይኑ ክሰርሕ ኣይኽእልን፤ብፍላይ እቲ ጎንፂ መልክዑ ናብ ዘይስሩዕ ኲናት ስለዝቐየረ ነዚ ዝኸውን ትልሚ ኣድላዪ እዩ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን እቲ ተመዛቢሉ ዘሎ ህዝቢ ልዕሊ 90 ሚኢታዊ ሓረስታይ እዩ፡፡ኣድላይ ድጋፍ ተገይርሉ ናብ ማሕረሱ ተዘይተመሊሱ ኸቢድ ስለዝኾነ በዚ መዳይ ክንድቲ እንኽእሎ ክንሰርሕ ግድን እዩ ዝብል ርኢቶ እዩ ዘለኒ፡፡

**ወጋሕታ፡-ንቀፃሊ ኣፍቲ ክልል ዘሎ ዘይምርግጋፅ ዘላቒ ፍታሕ ንኽረክብ እንታይን ብመንን ይሰራሕ?**

**ሴተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-** እዚ ፀገም ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ እንተኾነ'ውን ናይ ኹሉ ፀገም እዩ፡፡ናይ መንግስቲ፣ህዝብን ናይ ኹለን ክልላትን ስለዝኾነ ኹሉ ይምልከቶን ፍታሕ ንምንዳይ ድማ ብሓባር ክፈትሖ እጃሙ ከበርክት ኣለዎ፡፡ ኣብዚ እቲ ፀገም ንኽናዋሕ ዝደልዩ ሓይልታት ኣለዉ፡፡ከምኡውን ተፃረርቲ ፓርትታት ፖለቲካ፣ ነቲ መንእሰይ ዘደንግፁ ኣለዉ፡፡እቲ መንእሰይ ግና ካብዚ ዋላ ሓንቲ ዝረኽቦ ጥቕሚ የለን፡፡ ኹላትና ንሰላም ምስራሕ 'ምበር እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ኻሊእ ዝፍክረሉ እዋን ኣይኮነን፡፡ክሳራ ጥራሕ እዩ ዝኸውን ክንፈላለይ የብልናን፡፡ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ መንእሰይ ትግራይ ናቱ ብዘይኮነ ሓሳብ ካብ ጎኒ ብዝንዛሕ ፕሮፖጋንዳ እስካብ ሐዚ ዝተደናገርናዮ ይኣክለና ኢሉ ጠጠው ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ፡፡ኹላትና ብናይ ትማሊ ክንነብር ኣይንኽእልን፤ ብናይ ሎሚ ንፅባሕ እናሓለምና እቲ ናይ ትማሊ ገዲፍና ንሓባራዊ ረብሓና ጠጠው ክንብል ይግበአና፤ሓባራዊ ረብሓ ማለት ሰላም እዩ፡፡ ሚዲያ ኣብዚ ኣዝዩ ኣሉታዊ ፅልዋ እናሕደረ እዩ፤ ናይ ሰላም ሙሩኽ ምኳን ጅግና ምኳን ማለት እዩ፤እዚ ሓዊ ክቕፅል ዝደልዩ ሓይልታት ንባዕሎም ኣብኡ የለውን፡፡ እቲ መንእሰይ ዘላቶ ተፈጥራዊ ሃፍቱ ህይወቱ ንኽስእን ምግባር ተዘይኮይኑ ጥቕሚ የብሎምን፡፡ንሰላም እንኸፍሎ ዋጋ ሓባራዊ ጥቕምና ዘረጋግፅን ዋና መሰረት ብሄራዊ ጥቕሚ ሃገርና ሰላም እዩ፡፡ኹላትና ሓዋርያ ሰላም ኾይንና እንተሰሪሕና ትግራይ'ውን ሰላም ክትኸውን እያ፤ኹሉ ነገር ክዕረይ እዩ ኢለ ይሓስብ፡፡



**ወጋሕታ፡- ንዘነበሩና ፃንሒት የመስግን፡፡**

**ሴተናል ጀነራል ዮውሃንስ፡-**የቐንየለይ፡፡

# ‹‹ሕዚ ዝኒህ ወለዶ ካብ ‹መዓልቲ ዓወት› ሓድነትን...

**ልጅ ዳንኤል፡-** ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝፀንሐሉ እዋን ብዙሕ ሕዝቢ ብግፍዒ ቐቲሉ እዩ፤ ቕርሲ ናይታ ሃገር'ውን ዘሪፉ እዩ። ብፍላይ ኣብ ቤተ መንግስቲ ምንሊክ ዝነበሩ ቕርስታት ወሪሩዎ እዩ። እዞም ዝተሰርቑ ቕርስታት ክሳብ ሕዚ ኣብ ጣልያን ይርከቡ። ካሊእ ሓፍቲ ኣይወሰደን ኣብቲ እዋን ንሱ ኢትዮጵያ ገና ኣይተለወጠትን ነይራ፤ ብሕርሻ ጥራሕ እያ እትማሕደር ነይራ። ኢትዮጵያ ኢንዱስትሪ ኣይነበራን። እንዱስትሪ ምትካል ዝጀመረ ጣልያን እዩ።

**ወጋሕታ፡- እቲ በዓል እዚ ብካላንደር ዕፅው እናሃለወ ግና ወትሩ ግዜ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ እዩ ዝኽበር ? ንምንታይ እዩ ከምዚ ኮይኑ? ለብዘበን ንመበል ክንደይ ግዜ ኸ እዩ ዝኽበር ዘሎ?**

**ልጅ ዳንኤል፡-** እዚ በዓል እዚ ‹መዓልቲ ዓወት› እዩ ዝባሃል። ሓደ ሓደ ሰባት ናይ ሓርበኛታት በዓል እዩ ዝብሉ ኣለዉ፤ እዚ ግና ጌጋ እዩ። እዚ ዓወት ዝተረኽበ ብሓርበኛታት ጥራሕ ኣይኮነን ብናይ ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ እዩ። ለብዘበን ዝኽበር ዘሎ ንመበል 80 እዩ። እዚ በዓል እዚ ዓብዪ በዓል እዩ። ኢትዮጵያ ካብ ፀላኢ ፋሺስት ጣልያን ናፃ ዝወፀትሉ እዋን እዩ። እዚ በዓል እዚ ሓርበኛታት ኢትዮጵያውን ደሞምን ኣዕፅምቶምን ዝኸስከስሉ እዩ። ደርጊ ናይ ኮሚኒስት ርእዮተ ኣለም ሒዙ እንትመፅእ ከም ናይ ሃገር ፀላኢ ኮይኑ እዩ ዝውሰድ ነይሩ። በዚ ምኽንያት እዚ ኣብ ኩሉ ክልላት ክሳብ ወረዳ ክኽበር እናተገበአ ቕድሚ ሕዚ ትኹረት እንተይረኸበ ስለ ዝፀንሐ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ እናተኸብረ ፀኒሑ እዩ። ቕድሚ 50 ዓመት ኣብ ኩሉ ከባቢ ክሳዕ ወረዳ እዩ ይኽበር ነይሩ። ድሕሪኡ ግና ግና ክሳብ ወረዳ ምኽባሩ ቐርዩ እዩ። ምኽንያቱ ደርጊ ነዚ ታሪኽ ኣይደልዮን ነይሩ። ብዙሕ ናይ ታሪኽ መፃሕፍቲ ዓቓፂሉ እዩ። ደርጊ ግዜ ተዝረከብ ነይሩ ኣብ ኣራት ኪሎ ዘሎ ሓወልቲ ነዚ በዓል እዚ መዘከርታ ተባሂሉ ዝተሰርሐ 'ውን ከየፍረሶ ኣይምቐረየን ዝብል እምነት ኣለኒ። ብዙሓት ቕርሲ ካብ ምዕናው ሓሊፉ ብዙሓት ሙሁራት ቐቲሉ እዩ።

ከምዝፍለጥ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ኢትዮጵያ ፈተናታት ኣጋጢምማ ኣለዉ። እቲ ሓደ ዘይምርግጋዕ እዩ። ኮይኑ ግና ኣብተወሰኑ ቦታታት'ምበር ሃገር ሙሉእ ኣይሸፈነን። እቲ ካሊእ ኮቪድ እዩ። ኣብዝሕዚ ሰዓት ኮቪድ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ለብዘበን ዝባኣሰ ኮይኑ ኣሎ። ዝመውት ዘሎ ሰብ ቐሊል ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብርክት ዝበለ ሰብ እዩ ዝመውት ዘሎ። ካሊእ ግድብ ህዳሰ ብዝምልከት ምስ ሱዳን፣ ግብፂ ኣሜሪካ ዘሎ ጭቕጭቕ ቐሊል ኣይኮነን፤ ዓርሱ ዝኸኣለ ፈተና እዩ። ግብፃውያን ማይ ዓባይ ካብ በዓሎም ሓሊፉ ከነግድሉ እዮም ዝደልዩ። ዝኸይድ ማይ ቐኒሱ ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ እንተይኮነስ ንኻልኦት ኣሕሊፎም ክሸጡ ስለ ዝደልዩ እዮም። እዚ ንኽሳኽዕ ድማ ዶላር ኣብ ኣዲስ ኣበባ እናበተኑ እዮም ዘለዉ። እቲ መንእሰይ ድማ ዝተወሰነ ዶላር እንተረኺቡ ሕንፍሽፍሽ ካብ ምፍጣር ንድሓር ዝብል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኢኮኖሚና ስለ ዝወደቐ እዩ። ከምዚ ዝገብር ወለዶ ድማ ናይ ገዝኡ ጥቕሚ እዩ ዝርኢ'ምበር ናይ ርሑቕ ኢትዮጵያ ኣይርእይን። እቲ ወለዶ ንምንታይ እዩ ከምዚ ዝገብር ዘሎ እንተይልና ንዝሓለፉ 50 ዓመታት



ወለዶ ብዝግባእ ታሪክ ወለዲ ከየምሃርናዮም ብምፅናሕና እዩ። ዝተማሃሩ ኣብ ደርጊ ግዜ ተረሺኖም። ካብኡ ቐፂሉ ዝመፀ ድማ ሓዱሽ ወለዶ እዩ። እዚ ወለዶ እዚ ድማ ንወለዱ ዘየኽብርን ዘይፈርሕን እዩ። ተማሃራይ መምህሩ ዝደፍር፣ መምህር ድማ ብኣግባቡ ንተማሃራዩ ዘየምህር እዩ ዘሎ።

ስለዚ ናይ ለብዘበን 27 ሚያዝያ ዝኽበር በዓል ‹መዓልቲ ዓወት› ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ክልላት'ውን ንኽኽበር ማሕበርና ኣብ ምንቕስቓስ እዩ ዘሎ። እዚ በዓል እዚ ኣብ ዝኽበረሉ ግዘ ብዋናነት ናይቲ በዓል ትርጉምን ታሪኽን ዝፈልጡ ከምኡ 'ውን ዓበይቲ ዓዲ ክርከቡ ትፅቢት ይግበር። ንትውልዲ ግቡእ ታሪኽ ዝመሓላለፈሉ በዓል እዩ ዝኸውን። በዓል ዓድዋ በቢ ዓመቱ ስለ ዝኽበር እቲ ታሪኽ ናብ ህዝቢ ሰሪፁ እዩ። ለብዘበን ኣብዝተኸበረሉ በዓል ዓድዋ እቲ ህዝቢ ብዝግባእ ኣኽቢርዎ እዩ። ብተመሳሳሊ እዚ በዓል 'ውን ናብ ትውልዲ ብዝግባእ ንኽመሓላለፍ እናተሰርሐ መፂኡ እዩ። ሕዚ'ውን ትውልዲ ብዝግባእ ነቲ ታሪኽ ንኽርዳእ ክስራሕ እዩ።

**ወጋሕታ፡- በዓል ‹መዓልቲ ዓወት› ምኽባሩ ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ? እቲ ወለዶ ኸ እንታይ ክመሃር ይኽእል?**

**ልጅ ዳንኤል፡-** እዚ በዓል እዚ በብዓመቱ ክኽበር እንተሎ ትውልዲ ባህሉ፣ መንነቱ፣ ክብሩ ንኽፈልጥን ንኽርዳእን ሓጋዚ እዩ። ናይ ሕዚ ወለዶ መንነቱ ክፈልጥ ዝኽእል ናይ ወለዱ ታሪኽን ጅግንነትን ክማሃርን ክርዳእን እንተሎ እዩ። ኢትዮጵያ ነንርእሳ ናብ ሕንፍሽፍሽን ክትኣቱን ብናይ ደገ ሓይሊ ክትውረርን ዘይተሓሳበሉ ግዜ የለን። ህዝቢ ግና ሃገሩ ስለ ዝፈቱን ካብ ወለዱ ዝወረሶ ታሪኽን ጅግንነትን ስለ ዘሎ ሃገሩ ክትንካእ ኣይፈቱን። ትግራይ ክትንካእ እንተላ ጎጃም ስኽ ኢሉ ኣይርእን። ትግራይ'ውን ጎጃም ክትንካእ ከላ ስኽ ኢሉ ዝርኢ ኣይኮነን፤ ኣብ ጎንደር ዘሎ ህዝቢ ወላይታ ወይ ወለጋ ክንካእ ከሎ ስኽ ኢሉ ኣይርእን። ብኻሊእ ውሽጣዊ ጉዳይ ክፃላእ ይኽእል እዩ፤ ብሃገር ጉዳይ ግና ኩሉ ሓደ እዩ። ዋላ ሕዚ'ውን እንተኾነ ሃገሩ ኣሕሊፉ ዘይህብ ወለዶ እዩ ዘሎ። እዚ ጅግንነት እዚ ብፍላይ ካብ ሃፀይ ቴድሮስ ዝጀመረ እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ዋላ ከም ናይ ፃዕዱ ትምህርቲ ዝተማህረ ኣይኹን ናይ ባዕሉ ትምህርቲ፣ ታሪኽ፣ ባህሊን ጥበብን ኣለዎ እዩ።

ወፃእተኛታት ከመይ ኢሉ እዩ ልዕሊ 80 ብሔር ሓድነቱ ኣጣናኺሩ ዝነብር ዘሎ ብምባል ይግረሙ እዮም። እዚ ክኾነሉ ዝኸኣለሉ ምኽንያት ድማ ታሪኽን ጅግነንነትን ወለድና ዓቒብና ብምምፃእና እዩ። ስለዚ እዚ በቢ ዓመቱ ዝኽበር ዘሎ በዓል መዓልቲ ዓወት ትውልዲ ባህሉን ጅግንነት ወለዱን ሓልዩ ንቕድሚት ክጎዓዝ ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ። ጅግንነትን ታሪኽን ካብ ምዝካር ሓሊፉ ሓድነት ኣብ ምጥንኻር ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ። ሕሉፍ ታሪኽ ምፍላጥን ብዝግባእ ምርዳእን ኣብ ወለዶ ዝፈጥሮ ሃገራዊ ስምዒት ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ እዚ በዓል እዚ ዓብዪ ትርጉም ኣለዎ እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብግዝያዊ ጥቕሚ ተፃሊኡ ጥቕሚ ሃገሩ ንናይ ደገ ፀላኢ ኣሕሊፉ ዝህብ ኣይኮነን። ሃገር ናብ ዋጋ ዕዳጋ ዘቕርብ ትውልዲ ኣይኮነን። ብርግፅ ሓደ ሓደ ብናይ ደገ ገንዘብ ተገዚኦም ዝሙኩሩ የለውን ማለት ኣይኮነን። ኮይኑ ግና ንሱ ንግዚኡ'ምበር ጥቕሚ ሃገሩ ንሓዋሩ ኣሕሊፉ ዝህብ ኣይኮነን። ትውልዲ ካብዚ በዓል እዚ ጅግንነት፣ ሓቦን ፅንዓትን ወለዱ ክማህር ይግባእ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ደገ ፀላኢ እንተጋጥሞ ሓቢሩ ሓድነቱ ዓስጢሙ ዝምክት ህዝቢ እዩ። ታሪኽ ዝፈለጥ ትውልዲ ኩሉ ግዜ ኢትዮጵያ እናኽበራ እዩ ዝነብር። እዚ በዓል እዚ ኣብ መንጎ ብሄራት ኢትዮጵያ ሓድነት ንምፍጣር ዝሕግዝ እዩ። ስለዚ እቲ ማሕበር ታሪኽ ቐዳሞት ወለዲ ንትውልዲ ብዝግባእ እናማሓላለፈ መፂኡ እዩ። ሕዚ 'ውን ንቐፃሊ ወለዶ ንምምሕልላፍ እናሰርሐ እዩ ዝርከብ።

**ወጋሕታ፡- ‹መዓልቲ ዓወት› ምኽባር ኢትዮጵያ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ኣጋጢምዋ ዘሎ ናይ ዘይ ምርግጋፅ ኩነታት ኣብይ ግደ ክህልዎ ይኽእል? ወይ ነዚ ፀገም እዚ ንምፍታሕ ብወገን መንግስቲ እንታይ ክግበር ኣለዎ ይብሉ?**

**ልጅ ዳንኤል፡-** ኣብ ኢትዮጵያ ቕድሚ ሕዚ 'ውን ዘይምርግጋዕ ነይሩ እዩ። ሃገርና ካብ ድኽነት ክሳዕ ዘይወፀት ግዜ እዚ ፀገም መሊኡ ክጠፍእ ኣይኽእልን። ኮይኑ ግና እዚ ዘጋጥም ዘሎ ዘይምርግጋዕ ሃገር ካብ ዘይምፍታው እንተይኮነስ ናይ ጥቕሚ ጉዳይ እዩ። ሰባት ብጥቕሚ እናተዓሸዉ እዮም ኣብ መንጎ ህዝቢታት ሽግር ዝፈጥሩ ዘለዉ። ናይ ደገ ፀላእቲ ብገንዘብ እዮም ንዚ ወለዶ እናዕሸቡ ሃገርና ከይትረጋጋዕ ዝገብሩ ዘለዉ፤ ወለዶ ድማ ምእንቲ ጥቕሙ ክብል ፀገም ካብ ምፍጣር ኣይዕገስን። ስለዚ ክንገብሮ ዘለና መንእሰይ ስራሕ ክንፈጥረሉ ኣለና። ኢኮኖሚ ንምቑፅፃር እዩ ጎንፂ ዝፍጠር ዘሎ። ብኢኮኖሚ ኣብ ዝማዕበሉ ሃገራት ከምዚ ዓይነት ፀገም ዳርጋ የለን። ኣብ ሃገርና ዘሎ ዘይምርግጋዕ ዋና ፍልፍሉ ድኽነት እዩ። ካሊእ ኣብ ተወሰኑ ፖለቲከኛታት ኣነ እየ ዝበልፅ ዝብል ንሕንሕ ዝወለዶ እዩ። ስለዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ፀገም ሰብ ሰራሕ'ምበር ካብ ውሽጢ ዝፈልፈለ ኣይኮነን። ናይ ውሽጢ ሕማም እንተዝኸውን ነይሩ ክሳብ ሕዚ ተዋዲእና ክንህሉ ነይርና ኢና። እዚ ፀገም ንምፍታሕ ግና ወለዶ ብዝግባእ ክቕረፅ ኣለዎ። እዚ ንሕና ከምዚ ዓይነት ህዝባዊ በዓላት ኣብ ነኽብረሉ እዋን ንሃገርን ወለዶን ዝጠቕሙ ትምህርቲ ነማሓላልፍ ኢና። ስለዚ ሃገር ማለት እንታይ ማለት ምኳኑ እቲ ወለዶ እንተፈሊጡ ሃገር ንምርግጋዕ ናይ ባዕሉ ግደ ኣለዎ። ትውልዲ ክቕረፅ እንተኾይኑ ድማ ካብ ስድራ እዩ ዝጅምር። ናይ ውሽጢ ፀገም ብምዝርራብን ብኢሂን ምሂን ክፍታሕ ይግበኦ። ከምዚ ክኸውን ዝኽእል ግና ስድራ ክቡር ባህልናን ታሪኽናን ከምህር ከሎ እዩ። ካሊእ ኣብ ቤት ትምህርቲ ትኽክለኛ ታሪኽ ክማሃር እንተሎ እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ድማ ኣብ ዝገብሮ ማሕበራዊ ጉዳይን ጎስጋሳትን ኢትዮጵያውነት መንፈስን ንዜጋ ብዝግባእ ከምህር ይግበኦ።

**ወጋሕታ፡- እቲ ማሕበር ክጠናኸር ብመንግስቲ ይኹን ብኣኹም ወገን እንታይ ይሰራሕ ኣሎ? ከምኡ "ውን መንግስቲ ህንፃ መስርሒ ነዚ ማሕበር ሂቡ ነይሩ። እዚ ኣብ ምንታይ ኩነታት ኣሎ?**

**ልጅ ዳንኤል፡-** ማሕበርና ብዛዕባ ታሪኽ ኢትዮጵያ፣ ትምህርቲ ሓዘል ዝኾኑ መልእኽታት ኣብ ከም ህዝባዊ በዓላት እነሕልፍ ኢና። ብፍላይ ናብ ሚድያ ኣብ ንቐርበሉ እዋን ታሪኽ እናምሀርና ኢና። ስለዚ እዚ ማሕበር ንሃገር ዘለዎ ጥቕሚ መንግስቲ ብዝግባእ ተረዲኡ ሓገዝ ይገብረልና ኣሎ እዩ። ከም ዝበልካዮ ንህንፃ መስርሒ ዝኸውን መሬት'ውን ሂቡና ኣሎ። ካርታ ተዋሂቡና ንምስራሕ እናተዳለውና ንርከብ። ኮይኑ ግና ሓደ ሓደ ዝስተኻኸሉ ነገራት ስለ ዝነበሩ ክሳብ ሕዚ ስርሑ ኣይጀመረን። ኣብ ቐረባ እዋን ህንፀቱ ክጅምር እዩ ዝብል ተስፋ ኣለኒ። መንግስቲ ነዚ ማሕበር እዚ ንምጥንኻር ኢሉ ብገንዘብ ይኹን ንህንፃ መሬት ብምቕራብ ዝገብሮ ዘሎ ሓገዝ ክምስገን እዩ ዝግበኦ። መንግስቲ ብዝገብረልና ዘሎ ሓገዝ መሰረት ሙዝየምን ቤተ መፃሕፍትን ብምስራሕ ትውልዲ ዝመሃረሉ ኩነታት ንምምችቻው እናሰራሕና ኢና ንርከብ። ኣብ ክልላት 'ውን ቦታ ስለ ዘለና ነዚ ኣጣናኺርና ኣብ ክልላት ዝርከቡ ደቒ ሓርበኛታት ትምህርቲ ይኹን ብኢኮኖሚ ዝጠናኸርሉ ስራሕ እናሰራሕና ኢና ንርከብ። ስለዚ ማሕበርና እናተጣናኸረ እዩ ዘሎ። ፍልፍል እቶት ሕብረተሰብ ንምዕባይ'ውን' ክንሰርሕ ኢና። እዚ ንምስኻዕ ብዙሕ ዝተተለሙ ስራሕቲ ኣለዉ። ናይ ሓሙሽተ ዓመት ትልሚ ኣሎ እዩ። ንሱ ምስ ሙሁራን እናተማኻኸርና መስመሩ እንተትሕዚናዮ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ዋላ ደቂ ሓርበኛታት ኣይኹኑ ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሓርበኛ ስለ ዝኾነ ተጠቃሚ ዝኾነሉ መገዲ ክንሰርሕ ኢና። ሰላም ቕነ!

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት የቐንየለይ።**

**ልጅ ዳንኤል፡-** ኣነ 'ውን የቐንየለይ።



# ሱዳን ክልል ቤኒንሻንጉል ጉሙዝ ይግበኣኒ ኢዩ ምባላ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ኮኒኑ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ)፡- መንግስቲ ሱዳን ዓቢዩ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ዝርከበሉ ክልል ቤኒንሻንጉል ጉሙዝ ይግበኣኒ ኢዩ ምባላ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ፌዴሪኢ ኮኒኑ።

ውሃቢ ቃል ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ኣምባሳደር ዲና ሙፍቲ ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ኣድሂቦም ኣብቲ ዝሃቡዎ ሰሙናዊ መግለፂ ድማ ዓቢዩ ግድብ ህዳሰ ኣመልኪቱ ብወገን ሱዳን ዝተሓዋወሱ ሓበሬታታት እናወፅኡ ከምዝኾኑ ኣብሪሆም።

ሱዳን ቅድሚ ሕዚ ዶብ ኢትዮጵያ ምድፋኣ እንተይነኣሰ ሕዚ ድማ ግድብ ህዳሰ እናተሃነፀሉ ዝርከብ ክልል ቤኒሻንጉል ጉሙዝ ይግበኣኒ ኢዩ ምባላ ዘይተገበአ ተግባር ኢዩ ኢሎም ፡፡

ከይዲ ድርድር ሰለስቲኣን ሃገራት ብዝምልከት ኣብ ዝሃቡዎ መብርሂ፣ ኢትዮጵያ ኣብ ዘለዋ ቅዋም ከምዝፀንዐት ገሊ.ያም።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ተቐማጥነቶም ኣዲስ ኣበባ ንዝገበሩ ኣምባሳደራት ሃገራት እስያ ኣብ ጉዳይ ዶብ ሱዳን፣ ግድብ ህዳሰን ኣብ ክልል ትግራይ እናተገበረ ብዛዕባ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝን ዝምልከት መብርሂ ከምዝተውሃበ እቶም ኣምባሳደር ኣብሪሆም።

6ይ ሃገራዊ መረፃ ብዝምልከት ሕጊ መረፃ ኢትዮጵያ ተኸቲሉ ናፃን ዘይሻራዊን መረፃ ንኽኸውን እናተሰርሐ ይርከብ ኢሎም ኣምባሳደር ዲና።ከይዲ ምዝገባ መረፅቲ ኣብ መጀመሪኡ ካብ ዝነበሮ ምዝሕሓል ምምሕያሽ ከምዘርኣየ እውን ገሊ.ያም።

# ትንሳኤ ኢትዮጵያ ጋህዲ ካብ...

ኢትዮጵያ ልዕሊ እቶም ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝኸበቡዋ መከራታት፣ ቅትለታት፣ ምድንጋራትን ዋዕዋዕታን ከምዝኾነት፣ግዜ ይንዋሕ እምበር መወዳእታ ከምዘለዎ፤ ተንኮላት ይሁዳ፣ ስራሕቲ ጉጅለ ሊቀ ካህናት ቀያፋ፣ ዕላማ ሃገር ምፍራስ ሮማውያን ሰንበት ፍርቂ ለይቲ ከምዝተበታተነን ክርስቶስ ሞት ስዒሩ መቓብር ፈንጊሑ ብምልዓሉ ታሪኽ ከምዝተቐየረ፤ ዝተወደአ መሲሉ ዝነበረ ነገር ከም ብሓዱሽ ከምዝተለዓለ፣ ትንሳኤ ኢትዮጵያ እውን ተመሳሳሊ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

"ኢትዮጵያ ንኹሉ ስዒራ ብምልዓል ንፀላእታ ክተሕፍሮም ኢያ፣ ኣይተርፍን፣ እዚ ናይ ኢትዮጵያ ሓቂ ኢዩ፤ ሰናይ በዓል ትንሳኤ" ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ፕሬዚዳንት ፌዴሪኢ ሳህለ ወርቅ ዘውዴ ብወገነን፣እቲ በዓል ኣብ መረበቶም ብምኧን ኣብ ምዉቕ ቤቶም ዘለዎም ተኻፊሎም ንምኽባር ዕድል ንዘይረኸቡ ብዙሓት ወገናት ብምሕሳብ፣ ብምድጋፍን ብምሕብሓብን ክነኽብሮ ኣለና ምባለን ካብ ቤት ፅሕፈት ፕሬዚዳንት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ብተመሳሳሊ ምክትል ቐዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢን ኣይተ ደመቀ መኮንን በዓል ትንሳኤ ኣመልኪቶም ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ እንተመሓላልፉ፣ "ኣብዚ ሕዚ እዋን ኢትዮጵያ ሉኣላውነታ ሓሊያ ንምቕፃል፣ ዋርዲያ ሰላም ኮይና ንምዝላቕ ከምኡ'ውን ዘንፀላለዉዋ ፈተናታት ብዕድል ንምስጋር ብፅንዓት ተደጋጊፍናን ተሓሳሲብናን ብሓድነት ደው ንብለሉ ወሳኒ እዋን ንርከብ» ኢሎም።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ብዝተፈጠሩ ጎንፂታትን መንነት መሰረት ብምግባር ዝተፈፀሙ መጥቃዕቲታትን ብዙሓት ዜጋታት ካብ መረበቶም ከምዝተመዛበሉ ዝገለፁ ኣይተ ደመቀ መኮንን፣ነቶም ዜጋታት ትርጉም ዘለዎ ሓገዝን ቅልጡፍ ምላሽን ምሃብ ከምዝግባእ ገሊ.ያም፡፡

እቲ በዓል ብዝፈጥሮ ፅቡቕ ኣጋጣሚ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ምትሕግጋዝን ምትሕስሳብን ዝነግሰሉ ከምኡ 'ውን በዓል ትንሳኤ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ሓድነት ዝሕለወሉ ንኽኸውን ዘለዎም ትምኒት ገሊ.ያም።

ብኻሊእ ዜና ድማ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድን ቐዳማዊት እመቤት ዝናሽ ታያቸውን በዓል ትንሳኤ ምኽንያት ብምግባር ንዝተፀገሙ ወገናት መኣዲ ኣካፊሎም።እቶ መኣዲ ዝተኻፈሉ 210 ንዝኾኑ ኣረጋውያን፣ ጉዱኣት ኣካልን ንፀገም ዝተቓልዑ ወገናት ከምዝኾኑ ድማ ተገሊ.ፁ።

ኣብቲ ኣብ ፓርክ ሓድነት ዝተኻየደ መርሃ ግብሪ ዝተረኸባ ሚኒስትር ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን ኤርጎጌ ተስፋዬ፣ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ነቲ ተግባር ብምስዓብ ንኣረጋውያን ደገፍ ክገብር ይግባእ ኢለን ።

# ኣብ ግድብ ህዳሰ...

ኢለን፡፡ ኮይኑ ግና ብድፍኢት ግብፃውያንን ኣብ ኢትዮጵያ ሓድነት ዘይምህላውን ተረዲኦም እዮም ኣብ ጎኒ ግብፂ ክሰለፉ ዝኸኣሉ ኢለን፡፡ ነዚ ንምምካት ሓድነት ብጣዕሚ ኣድላይ እዩ፡፡ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ዘይምርግጋዕ ንናይ ደገ ሓደጋ ዘቓልዕ ብምኽኑ ህዝቢ ክርዳእ ክኽእል ኣለዎ ኢለን፡፡

"ውሽጣዊ ፀገም ከጋጥመና ይኽእል እዩ፡፡" ኮይኑ ግና ኢትዮጵያ ናይ ደገ ፀላኢ ከጋጥማ እንተሎ ሓደ ናይ ምኧን ባህሪ ከምዘለዋን እዚ ፀገም ንሃገርን ህዝቢን ኣዝዩ ጎዳኢ ምኧኑ ብምርዳእ ዘጓንፉ ፀገማት ብሓድነትን ሕብረትን ምምካት ወሳኒ እዩ ኢለን፡፡

ግድብ ኣባይ ንህዝቢ ሱዳን ጠቓሚ ከምዝኾነ ቕድሚ ሕዚ ሰበ ስልጣን ሱዳናውያን ይነግርዎም ከምዝነበሩን ህዝቢ ሱዳን'ውን ዝጠቕሞ ከምዝኾነ ኣፀቢቑ ይፈልጥ እዩ ዝበላ ወይዘሮ መካ፤ ኮይኑ ግና ፖለቲከኛታት ሱዳን እዚ ግድብ እዚ ንሱዳን ዝጎድእ ገይሮም ምቕራቦም ጌጋ ከምዝኾነን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ እቲ ሓቅነት ንህዝቢ ሱዳን ይኹን ንሃገራት ዓዕራብ ብዝሰምዕዎ ቋንቋ ንምርዳእ ፃዕሪ ምግባር ከምዘድሊ ተዛሪቦም፡፡

ሱዳን ኢትዮጵያ ብናይ ውሽጣዊ ኩናት ተዳኺማ እያ፣ ሕዚ ኢና ክነጥቕዓ ንኽእል ብዝብል እያ ኣብ ዶብ ይኹን ኣብ ጉዳይ ግድብ ህዳሰ ፀገም እናፈጠረት ዘላ፤ ናይ 1959 ዓ.ም ክፍፍል ማይ ሱዳንን ግብፅን ጥራሕ ዝተሰማምዕሉ ውዕል ንኢትዮጵያ ከግድዳ ከምዘይኽእል ኣመልኪተን፡፡

# "ህወሓትን ሸኔን ፈጠርቲ ...

እንድግፎ እዩ ዝበሉ ዶክተር ኣረጋዊ፤ ነዛ ሃገር እዚኣ ንምፍራስ ህዝቢ ናብ ኲናት ንምእታው እናተንቐሳቐሱ ዘለዉ ሓይልታት እዮም ኢሎም።

ብፍላይ መራሕቲ ህወሓት ሃገርና ፀገማ ብሰላም እናፈትሐት ንቕድሚት እትስጉመሉ ምቸው ኩነታት እናሃለወ ለውጢ ኣይንቕበልን ብዝነበርናዮ ስልጣን፣ ብስርቒ፣ ብምጭብርባርን ብምዕፋንን ከንፀንሕ ኣለና ዝብል ምኧኑ ብምዝኽኻር፤ ፀገማት ብሰላም ምፍታሕ እናተኻእለ ህፃናት ክቕትሉን ከቕትሉን እዮም ዝውዕሉ ኢሎም።

እዞም ፀረ- ሰላም ሓይልታት እዚኦም ኣብ ሙሉእ ሃገር ፀገም እናፈጠሩ ከምዝኾኑ ብምግላፅ፤ ብፍላይ መራሕቲ ህወሓት ኣብ ህዝቢ ትግራይ ይቕርታ ዘይባሃለሉ ግፍዒ እናፈፀሙ ምኧኖም ኣመልኪቶም።

ኣብ ህዝቢ ጥቕዓት ምፍፃም ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ መሰረተ ልምዓት 'ውን ጉድኣት እናብፅሑ ምኧኖም ገሊ.ያም።

መንግስቲ ብግብረ ራዕዲ ክስየሙ ምግባር ህዝቢ እኩይ ስራሕቶም ፈሊጡ ተሓባቢሩ ስጉምቲ ንኽወስደሎም የኽእል እዩ ዝበሉ ዶክተር ኣረጋዊ፤ ህዝቢ ንባዕሉን ሃገሩን ጥቕሚ ኢሉ ፀረ እዞም ሓይልታት እዚኦም ጠጠው ክብል ኣለዎ ኢሎም።

ምሁር ሕጊ ዝኾኑ ኣይተ ቸርነት ሆርዶፋ ብወገኖም ህወሓትን ሸኔን ብግብረ ራዕድነት እንትስየሙ ካብ ተፈላለዩ ሃገራት ዓለምን ውሽጢ ሃገርን ዝረኽብዎ ሓገዝ ስለ ዝቕንስ ኣብ ተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና ዝበፅሑ ዘለዉ ጥፍኣት ክቕንስ ከምዝሕግዝ ተዛሪቦም። ክሳብ ሕዚ ጥፍኣት እናብፅሑ ዝፀንሑ ካብ ተፈላለዩ ሃገራት ዓለምን ካብ ውሽጢ ሃገርን ብዝረኽብዎ ሓገዝ እዩ።

ድጋፍ ዝህብ ዝኾነ ኣካል ግብረ ራዕዲ ስለ ዝባሃል ኣይተሓባበርን፤ ነዞም ሓይልታት እዚኦም ዝተሓባበር ኣካል ኣይህሉን ከምኡ 'ውን ስልጣን ኣይዋሃቦምን ኢሎም። ክልቲኦም ሓይሊ.ታት ግብረ ራዕዲ ዘብል ጥፍኣት ኣብፂሖም እዮም ኢሎም።

ከም ኣይተ ቸርነት ሆርዶፋ ገለፃ፣ ሓደ ጉጅለ ፈጣሪ ግብረ ራዕዲ እዩ ዝባሃል ውልቐ ሰብ ወይ ትካል ናይ ፖለቲካ፣ ሃይማኖት ከምኡ 'ውን ርእዮተ ዓለም ዕላምኡ ንምስኻእ ኢሉ ብሓይሊ መንግስቲ ወይ ሕብረተ ሰብ ኣገዲዱ ጥፍኣት ዝፍፅም እዩ።

እቲ ጥፍኣት ሰብ ምቕታል፣ መሰረተ ልምዓት ምዕናው፣ ህብረተሰብ ክመዛበሉ ምግባር ዝመሳሰሉ እዮም። በዚ ትርጉም እዚ ህወሓትን ሸኔን ግልፂ ዝኾነ ግብረ ራዕዲ ፈፂሞም እዮም ክብሉ ኣመልኪቶም። እዞም ሓይልታት እዚኦም ብፈጠርቲ ግብረ ራዕዲ ምስተወሰነለም ንድሓር ምስዚኦም ዝሰርሕ ኩሉ ከም ፈጣሪ ግብረ ራዕዲ ይቑፀር ኢሎም።

# መንግስቲ ሽምካ ዝተሸከሙ ትካላት...

ደዊሉ እውን ክኸውን ነይርዎ። መቸም ትምኒት ኣይኽልከልን ኣይኮነን ድዩ?

በዞም መንግስታዊ ትካላት ናይ ጥሮታ ፐሮሰሶም ንምውዳእ ወይ ግልጋሎት ንምጥያቕ ዝመፁ ኣረጋውያን ብናይ ኢስነ-ምግባራዊ ተግባር ከምዝተባሳጨዉ ዘስተውዐልኩ ብዓይነይ እዩ። ምናልባት ደቅ ደቆም ብዝኾኑ መናእሰይ ኣንደበት እንትጎራፈጡ ምምልካት ብምድራዊ ኮነ ብሰማያዊ ፍርዲ ዘጠይቕ ይመስለኒ። "ወደይ ሃገረይ እናገልገልኩ ምንባረይ ኣይተኽብረንን" ብምባል ቕሬተኦም ዘቕረቡ ሓደ በዓል ዋኒን ጡረተኛ ዝበፅሖም ምግፋዕ ኣብዙይ ምጥቓሱ ናይ ኣንባቢ ሞራል ኣይምጥንን። ብጣዕሚ ዘሕዝን ድማ ሓላፊት ተባሂላ ሓለቓነት ዝብል ሽም ተሸኪማ ኩነታት እናስተውዓለት ሰራሕተኛኣ ብዘይ ምግሳፃን መፍትሒ ብዘይ ምሃባን እዩ። ናይዚ ፅሑፍ ኣቕራቢ ነቲ ጉዳይ ብቕርበት ይከታተል ስለዝነበረ ስረሐይ ኢሉ ናብ ካሊእ ላዕለዋይ ሓላፊ ከይዱ ከዘራርቦ እንተሎ ዝሃቦ መልሲ ብጣዕሚ ዘሐምም እዩ። "ስነ ምግባር ብኣይን ብኣኻን ዘመን ቐርዩ። ምንም ክንገብር ኣይንኽእልን። " ዝብል ነይሩ።

ንምኧኑ ብትካላት መንግስቲ ካብ ስነ ምግባር ዝወፁ ሰራሕተኛታት ዝቕፅዕሉ መምርሒ ዘይብሎም ይኾን? ሓለፍቲ ተባሂሎም ስልጣኖምን ናይ ሓላፍነት ግዴተኦም ኣብ ተሸከርካሪ ወንበር ተጣቢቖም ብፃሕፍቶም ምኽንያት ንተገልገልቲ ምድንባር እዩ። ኮይኑ ግና ናይ ዕለት ቐለቦም ዝስፈረሎም ካብ ናይ ድኻ ጎሮሮ እናተሓደገ ምኧኑ ኣይተረድኡን ይመስለኒ። መንግስቲ ከምዚኦም ዝበሉ ትካላት ወይ ሽሞም ይመንጥሎም ወይድማ ሽሞም የስተኻኽሎም።

መቸም እቲ ርእሰ ጉዳይ ብምንፅርፃር ተጀሚሩ ብምንፅርፃር ምውድኡ ኣግባብ ስለዘይኮነ ሓደ ልቢ ዘምውቕ ምስክርነት ብምዝካር ብእፎይታ ምስንባቱ ይቐልል። እዚ ፀሓፊ "ናይ ታክሲ ኣምባሳደር" ዝብል ናይ ግልጋሎት ሓደራ ካብ መንግስትና ምቕባሉ ስለዘገድዶ ሓሓሊፉ ሚኒስቴር እቶትን እቶም ትካላት ዘርፉን እናጋበዙ ናይ ማሕበራዊ ተሳትፎን ናይ ዜግነቱ ሃደራን ንምውፃእ ተጊሁ ፃዕሪ ይገብር። ኣብ ቐረባ እዋን ሰሜን ምዕራብ ኣዲስ ኣበባ ቤት ዕዮታት እቶት ዘፈር ኣብዝተረኽበሉ ኣጋጣም ዘስተውዐሎ ሓላፊ እቲ ትካል ናይ ምትእንጋድ ብቕዓትን ናይ ሰራሕተኝኡ ግልጋሎት ኣዋህባ ብዝላዕለ ዝምስገን ኮይኑ ረኺቡዎ። ብዘይ ምንም ምግናን ናይቲ ትካል መራሒ ናይ ኣመራርሓ ብቕዓትን ናይ 'ቶም ሰራሕተኛታት ቕልጥፍና ኣዋህባ ግልጋሎት ዝባሃል ጥራሕ እንተይኮነስ ናይቲ ቤት ዕዮ ዘፈር ኣዋቓቕራ፣ መልክዕን ንስራሕ ምቹውነት ብባዕሉ ካብ ብዙሕ ሃገራትና ዝላእለ መንግስታዊ ትካላት ብዕፅፊ ሕልፊ ዘሰንቕ እዩ። ናይዚ ምስክርነት ሓቅነት ኣብቲ ቦታ ተረኺብካ ምርግጋፅ ይካኣል።

ከምዚኦም ዝበሉ ትካላት፣ሓላፍትን ሰራሕተኘኦምን ብብርኪ ሃገር ለኸ ብግልፂ እንትምስገኑን ኣርኣያነቶም እንተትዝከር ንብዙሕ ዘይምግዳስ መንግስታዊ ትካላት፣ ሰራሕተኛታትን ሓለፍትን ዓብዪ ትምህርቲ ክህብ ስለዝኽእል ይምልከተኒ እዩ ባሃሊ እንተዝሓስበሉ ኣይኸፍእን። ብዝተረፈ ግና መብዛሕትኦም "ናይ መንግስቲ ክቡር ሽም ምሸካም ኣብይዎም ዝፍተኑ ትካላት" ዘድልዮም ሪፎርም እንተይኮነስ ካልኣይ ውልደት ምኧኑ እንተዝርድኡ ኣይኸፍእን። መንግስትና ፀገምና ተሰሚዑካ ዶ! ሰላም ኩኑ!

(በጌታቸው በለጠ/ዳግላስ ጴጥሮስ ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ዝተፅሓፈ)

# ህወሓትን...

ንምውዳቕ ተሓሲቦም እናተፈፀሙ ዝነበሩ ከምዝኾኑ ካብ ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ንምፍላጥ ተኻሉ ኢዩ ይብል።

እቶም መጥቃዕቲታት ኣብ ድሕሪቶም ኣተሓሳስባ ፖለቲካ መበገሲ ብምግባርን ንፖለቲካ ዕላማ ወይ ድማ ሽቶ ንምዕዋት ተሓሲቡ ኣብ ልዕሊ ንፁሃንን ናይ ህዝቢ መሰረተ ልምዓታትን እናተፈፀሙ ዝፀንሑ ኢዮም ዝበሉ እቲ መግለፂ፣ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እዛ ሃገር እናተፈፀሙ ዝፀንሑ እቶም መጥቃዕቲታት ዝተፈላለዩ ፈፀምቲ ኣካላት ነይሮምዎም ክብል ሓቢሩ። ኣብ ድሕሪት እቶም መጥቃዕቲታት ግን ብትልሚ፣ ገንዘብ፣ ሓሳብን ስልጣና ሓይሊ ሰብን ብምሕጋዝ፤ ሽፋን መራኸቢ ሓፋሽን ሓገዝን ብምሃብ ግደ መሪሕነት እናተፃወቱ ዝነበሩ ጉጅለታት ኣለዉ። ንኢትዮጵያ ናይ ምምስቕቓል፤ ናይ ምድኻምን ምፍራስን ድሌት ዘለዎም ናይ ወፃኢ ሓይሊ.ታት ነቶም ጉጅለታት ብቑፃር እናተጠቐሙሎም ከምዝኾኑን ግልፂ ኢዩ ክብል የመልክት።

እዞም ትካላት እናፈፀሙዎምን ንኽፍፀሙ ዘተሓባቡሩዎምን ዝፀንሑ ተግባራት ጥፍኣት፣ተግባራት ገበን ግብረ ራዕዲ ኢዮም ዝበለ መግለፂ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት፣እዞም ተግባራት ገበን ግብረ ራዕዲ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ኣብ ዝወፅአ ኣዋጅ 1176/2012 ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 3 ብዛዕባ ተግባር ገበን ግብረ ራዕዲ ዝተውሃበ ትርጉም ሙሉእ ብሙሉእ ዘማልኡ ተግባራት ከምዝኾኑ ብቐሊሉ ምግንዛብ ይከኣል ክብል እቲ መግለፂ የገንዝብ።

እዞም ተግባራት ግብረ ራዕዲ እናፈፀሙ ትካላት፣ ኣባላትን ደገፍቶምን ከም ውልቀ ሰብ ብንፅል ብገበን ግብረ ራዕዲ ተሓተትቲ ካብ ምግባር እቶም ትካላት ፈጠርቲ ግብረ ራዕዲ ገይርካ ብምስያም ኣብቲ ሕጊ ብዝተፀርሐ ግቡእ ተግባር ገበን ግብረ ራዕዲ ብዘሐሸ ኩነታት ምቁፅፃርን ምክልኻልን ይከኣል ኢዩ ክብል የረድእ።

ስለዝኾነ ድማ ገበን ግብረ ራዕዲ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ኣብ ዝወፅአ ኣዋጅ ቁፅሪ 1176/2012 ዓንቀፅ 18ን 19ን መሰረት ብምግባር፥ ‹‹ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)" ን "ሸኔ" ን ገበን ግብረ ራዕዲ ዕላማ ገይሮም ዝንቀሳቐሱ ስለዝኾኑን ኣመራርሓ ስራሕ ወይ ድማ ውሳነ ወሃብቲ ኣካላት እቶም ውድባት ነቲ ገበን ኣሚኖም ዝተቐበሉ ወይ ድማ ነቲ ኣፈፃፅማ እናመርሑ ስለዝኾኑ፤ ተግባር ራዕዲ ምፍጣር ሓፈሻዊ መለለዪ እቶም ውድባት ስለዝኾነ፤ እቶም ውድባት ፈጠርቲ ራዕዲ ተባሂሎም ንኽስየሙ ውሳነ ሓሳብ ክምዝቐረበ የመልክት።

ካብዚ ብተወሳኺ ገበን ግብረ ራዕዲ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ኣብ ዝወፅአ ኣዋጅ ቁፅሪ 1176/2012 ኣንቀጽ 23 መሰረት ብምግባር፤ ምትእስሳር ወይ እውን ናይ ሓሳብን ተግባርን ዝምድና ኣብ ዘለዎም ውድባትን ውልቀ ሰባትን'ውን እቲ ውሳነ ሓሳብ ተፈፃሚ ከምዝኸውን መግለፂ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት የረድእ።

ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ብወገኑ እዞም ውድባት ‹‹ብግብረ ራዕዳዊነት ዘሰይመና ተግባር የለን›› ዝብሉ እንተኾይኖም ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት መረዳእተኦም ንቲ ቤት ምኽሪ ንከቕርቡ በዕለት 25 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም ፃውዒት ምቕራቡ ይፍለጥ።

# ‹‹ህዝቢ ትግራይ...

እዮም፤እቲ መንእሰይ ግና ካብዚ ዋላ ሓንቲ ዝረኸቦ ጥቕሚ የለን። ኹላትና ንሰላም ምስራሕ 'ምበር እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ኻሊእ ዝፍክረሉ እዋን ኣይኮነን። ክሳራ ጥራሕ እዩ ዝኸውን ስለዝኾነ ክንሓብር ኣለና ክብሉ መኺሮም።

ኣብ ዞባን ኣብ ወረዳን ዘሎ ሓይሊ መከላኸሊ በይኑ ክሰርሕ ኣይኽእልን ዝበሉ እቶም ሌተናል ጀነራል፤ ብፍላይ እቲ ጎንፂ መልክዑ ናብ ዘይስሩዕ ኩናት ስለዝቐየረ ነዚ ዝኸውን ትልሚ ኣድላዪ ከምዝኾነ ብምሕባር፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን እቲ ተመዛቢሉ ዘሎ ህዝቢ ልዕሊ 90 ሚኢ.ታዊ ሓረስታይ ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ ኣድላይ ድጋፍ ተገይርሉ ናብ ማሕረሱ ተዘይተመሊሱ ኸቢድ ስለዝኸውን በዚ መዳይ ክንድቲ እንኽእሎ ክንሰርሕ ግድን እዩ ክብሉ ብትኹረት ገሊ.ፆም።

ሚዲያ ኣብዚ ኣዝዩ ኣሉታዊ ፅልዋ እናሕደረ እዩ ዝበሉ እቶም ሌተናል ጀነራል ዮውሃንስ፤ ናይ ሰላም ሙሩኽ ምኧን ጅግና ምኧን ማለት እዩ፤እዚ ሓዊ ክቕፅል ዝደልዩ ሓይልታት ንባዕሎም ኣብኡ የለውን። እቲ መንእሰይ ዘላቶ ተፈጥራዊት ሃፍቱ ህይወቱ ንኽስእን ምግባር ተዘይኮይኑ ጥቕሚ የብሎምን፤ ንሰላም እንኸፍሎ ዋጋ ሓባራዊ ረብሓና ዘረጋግፅ ስለዝኾነ ዋና መሰረት ብሄራዊ ረብሓ ሃገርና ሰላም እዩ ኢሎም።

ብምትሕብባር ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊን ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ በቢሰሙን ዝዳለው ትምህርታዊ ፅሑፍ

# ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ ፌዴሪኢ እዋኑ ዝጠልቦ ስልጠና ኣመራርሓ ንምሃብ ኣብ ምስራሕ ይርከብ

ኣብ ዘለናዮ ዘበነ ግሎባላይዜሽን(ሉላዊነት) ዝኾነ ሃገር ኣብ ውሽጢ ንሕንሕ ፖለቲካ፣ኢኮኖሚን ዕዳጋን ዘለዎ ዕድል ዝውሰን ሃገራት ብዘለዎን ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ በፍላይ ድማ ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ዘየቋርፅ ድሌት ለውጢ በትኽክለኛ ኣንፈት መሪሑ ውፅኢታዊ ንምግባር ዝኽእል ኣመራርሓ ብምፍጣር ምኳኑ ዝተፈላለዩ ምሁራን ይገልፁ፤ተሞክሮ ሃገራት'ውን የርእይ።ንዚ ድማ እቲ ዓብይ መሳርሒ ብቕዓት መሰረት ዝገበረ ስልጠና (Compitancy-based Training) እንትኾን፤ስልጠና ኣብ ዝተቐመጠሉ ኣግባብ ንምምራሕን ንምትግባርን ድማ ትካላት ስልጠና ዓብይ እጃም ይፃወታ።

ስለዚ እቲ ኣካዳሚ ኣመራርሓ ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተን ዓሰርተን ዓመታት ኣብ ልምዓት ስራሕቲ ኣመራርሓ ኣፍሪካ ዝዓበየ ናይ ልህቀት ማእኸል ናይ ምኳን ራዕይ ሒዙ እናተንቀሳቐሰ እንትኾን ዘፈር ስልጠና ናይቲ ኣካዳሚ ሓደ ጠመተ ዝኾነ ህንፀት ዓቕሚ ኣመራርሓ ንምዕዋት ዓለማዊ፣ኣህጉራዊን ሃገራዊን ተለዋወጥቲ ኩነታት ብግቡእ ብምርዳእን ብምትንታንን ንሃገራዊ ልምዓት ግንባር ቀደም ግደ ንምፅዋት በቢብርኩ ዘሎ ብቑዕ ኣመራርሓ ንምፍጣር ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብርክት ዝበሉ ስልጠናታት እናሃበ ፀኒሑ እዩ።

ካብ ቐረባ ዓመታት ናብዚ ድማ ሃገራዊ ለውጢ ተኸቲሉ ኣብ ብዙሓት ትካላት ፌደራልን ክልልን ብርክት ዝበሉ ሓደሽቲ ኣመራርሓ ዝተሓወሱ ብምኳኖም ንቲ እዋን ዝምጥን ስልጠና ኣመራርሓ ንምሃብ እቲ ኣካዳሚ ዕረያ ኣብ ምኽያድ ይርከብ።በዚ መሰረት ዘፈር ስልጠና ብዝተፈላለየ ዘፈርን ብርክን ትካላት ንዝመርሕ ኣመራርሓ ናይ ሓፂርም ማእኸላይን ግዘ ከምኡ'ውን ብመርሃ ግብሪ ፍሉይ ስልጠና ሳይንሳዊን ፖለቲካዊን ብቕዓት ኣመራርሓ(ብፍልጠት፣ክህሎትን ባህሪን/ኣመለኻኽታን) ዘዕብይ ስልጠና ንምሃብ ዘኽእሎ ናይ ኣመራርሓ ስልጠና ተበፃሒነትን ፍትሓዊነትን ንምዕባይ ከምኡ'ውን ከይዲ ስልጠና ናይ ምዕባይ ሽቶ ሒዙ እናሰርሐ ይርከብ።ብተወሳኺ ብድሌት ትካላት ንምሕጋዝ ስልጠና ይህብ።ንዚ እውን ምኳን ዕረያ እቲ ኣካዳሚ መሰረት ዝገበረ ሃገር ለኸ ትካላዊ ፖሊሲ ልምዓት ኣመራርሓን ማዕቀፍ ብቕዓት ስልጠና ኣመራርሓ (Competancy-Based Fream-work) ንክዳለው ተገይሩ እዩ። ዓለም ለኸ ብርኪ ዝሓለወ ግቡእነትን ፅሬት ዘለዎ ግልጋሎት ህንፀት ዓቕሚ ኣመራርሓ ንምሃብ ንክኽእል ኣብ መመሓየሺ ደንቡ ናይ ስልጠና መርሃ ግብርታት ምቕራፅ ትፅቢት ዝግበር እንትኾን ንዚ ተኸቲሉ ስርዓተ ስልጠና ንምድላው ናይ ቅድመ ምድላው ስራሕቲ እናተሰርሑ ይርከቡ።ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ንቲ እዋን ዝምጥኑ ሓፀርቲ ስልጠናታት ርእሰ ጉዳያቶም ተፈልዩ ብሰብ ሙያ ሞጁላት ስልጠና እናተዳለው ይርከቡ።

ብሓፈሻ ኣብቲ ዘፈር በቢብርኩ ዝርከቡ ሓለፍትን ሰብ ሙያን ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ዕረያ ኮሚቴታት ብምስታፍ ንቲ ስራሕ ግብኣት ዝኾኑ ተግባራት ዝፈፀሙ እንትኾን ኣብ 2013 በጀት ዓመት ኣብ ትልሚ ተታሒዞም ኣብ ቐዳማይ ፍርቂ ዓመት ዝተፈፀሙ ዋና ዋና ተግባራት ከምዝስዕብ ቐሪቦም ኣለው።

**ዘፈር ስልጠና**



ኣይተ ኣሸብር ኣሕመድ
ተወካሊ ም/ፕሬዝዳንት ዘፈር ስልጠና

## አድራሻ

በሌ ሩዋንዳ ሸዋ የገበያ ማዕከል አጠገብ
ስልክ፡- 011 893 26 55
ፖ.ሣ.ቁ፡- 7254
Website http:// www.mzla.edu.et
Email info@mzla.edu.et
Face book www.facebook.com/meleszenawileadershipacademy

# ነፃ ሓሳብ

## ሃገር እትደልዮም መናእሰይ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣብዚ ሕዚ እዋን መናእሰይ ንሃገር ጠቓምቲ ብምዃኖም ብዛዕባ እዚ ከንዛረብ ኢና። እስኪ ክጥይቐኩም ሃገርና ድያ ንዓና ዘይጠዓመትና ወይስ ንሕና ኢና ዘይጠዓምናያ? ነዚ ሕቶ እዚ ብምምላስ ዝቐፅል ፅሑፍ ክተንብቡ ክጋብዘኩም። ኣነ ግና ንሃገርና ዘይተመቸናያ ንሕና ኢና እየ ዝብል። ንሕና ንሃገርና እንተመቺናያ ንሳ ንዓና ዘይትምችወሉ ኩነታት ኣይህሉን።

ንሳ ናይ ኣቦታትና ሓቒ ኣለዋ እዩ። ናይ ምንሊክ፣ ኣብዲሳ ኣጋ ዘርኣይ ደረስ ርስቲ። ንሕና'ምበር ንሳ ሓሳዊት ኮይና ኣይትፈልጥን። ሃገር እኮ ናይና ኣተሓሳስባ እያ እትሸከም። ብዝተዛብዐ ኣተሓሳስባ ዝተፈጠርናያ ሃገርና ኣይትምችውን ኢልካ ምሕሳብ ፍርዲ ምጉዳል እዩ ዝኸውን። ኩሉ ህዝቢ ብሓደ ልቢ ጠጠው እንተይሉ ኣብ ሃገሩ ከምዝደለዮ ገይሩ ክሰርሕ ይኽእል እዩ። ከምዝፍለጥ ሃገርና ብዝድለ መልክዑ ብዙሓት መናእሰይ ካብዘለወን ሃገራት ዓለም ሓንቲ እያ። ይኹን'ምበር ብዝተኻእለ መጠን እቲ መንእሰይ ኣብ ጉዳይ ሃገር ንቑሕ ተሳትፎ ክገብር ኣይረአይን። መንእሰይ ንሓንቲ ሃገር ማእገር እዩ።

ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ብናይ ኢኮኖሚ ዓቕሞም ኣብ ዓለም ምዕባለ ብላዕለዋይነት ዝመርሑ ሃገራት መናእሰዮም ብዝግባእ ዝተጠቐሙ እዮም። ብተፃራሪ ድማ ከይተቐየሩ ዝቐረዩ ሃገራት መናእሰዮም ብዝግባእ ከይተጠቐሙ ከምዝቐረዩ ምግማት ኣይኸብድን። ሃገርና ብዙሓት መናእሰይ ሓቑፋ ሒዛ እናሃለወት ምዃን ኮይና ቐርያ እያ። መብዛሕትኡ መንእሰይ ስራሕ ፈጢሩ ኣብ ክንድ ምስራሕ ናይ መንግስቲ ኢድ ዝፅበ እዩ። ከምኡ 'ውን መብዛሕትኡ መንእሰይ ብወልፍን ብዘየድልዩ ነገራትን ግዚኡ ዘጥፍእ እዩ። ሰሪሑ ኣብ ክንድ ምልዋጥ ብኣቋራፂ ክህፍትም ዝደሊ መንእሰይ ውሑድ ኣይኮነን።

ከምዚ ዓይነት መንእሰይ ንሃገሩን ወገኑን ሸኺሚ ካብ ምዃን ሓሊፉ ንሃገር ዝጠቅም ኣይኮነን። ሃገር ራእይ ዘለዎ መንእሰይ እያ ትደሊ። ዝሰርሑ ኢድን ብቕንዕና ዝተመልኡ ልብን እያ ትደሊ። ሃገርና ኢትዮጵያ ክንድዚ ዝኣክል መንእሰይ ሒዛ ንምንታ ድኻ ኮይና? ኣብ ሓንቲ ሃገር ናይ በዝሒ ህዝቢ ወይ መንእሰይ ጥራሕ ዋጋ የብሉን።

ኢድ ምስራሕ ተዘይለሚዱ፣ ሓንጎል ምሕሳብ እንተዘይጀሚሩ፣ ልቢ ትሕትና እንተዘይተማሂሩ መንእሰይ ምህላው ጥራሕ ጥቕሚ የብሉን። መንእሰይ ሓይልን ብልፅግናን ዝኸውን ካብ ስንፍና ወፂኡ ምስራሕ ክጅምር እንተሎ እዩ። ተማሂሩ ስራሕ ካብ ምፅባይ ንኻልኦት ስራሕ ዕድል ክፈጥር ክሎ እዩ። ኣብ ዝሕዚ ሰዓት ብበዝሒ ህዝበን ውሑዳት ኮይነን ብኢኮኖሚ ዓቕመን ዝበልፀጋ ብዙሓት ሃገራት ኣለዋ። ዋና በዝሒ ህዝቢ እንተይኮነስ ናይ ስራሕ ባህሊ እዩ።

ናይ ስራሕ ባህሊ ኣብ ዘይብሉ ሃገር በዝሒ መንእሰይ ምህላው ጥራሕ ፀገም 'ምበር መፍትሒ ኣይኾንን እዩ። ዝተማህሩ መናእሰይ ኣለውና ግና ናይ መንግስቲ ኢድ ዝፅበዩ እዮም። ብዙሓት መናእሰይ ኣለውና ግና ስራሕ ፈጢሮም ንምስራሕ ዝሰነፉ እዮም። ከምኡ 'ውን ኣብ ወልፍን ዘይጠቕም ነገርን ግዚኦም ዘሕልፉ እዮም።

ሃገር እትደልዮም መናእሰይ ራእይ ዘለዎም እዮም። ካብ ንእሽተይ ነገር ተላዒሎም ኣብ ዓብዩ ቁም ነገር ክበፅሑ ዝደልዩ እዮም። ነዚ ፅሑፍ እተንብቡ መናእሰይ ናይኩም ፍልጠትን ሓይልን ስለ ትደሊ ንሃገርኩምን ንህዝብኹምን ፅቡቕ ነገር ንምስራሕ ተዓጠቑ። ናይ ፅባሕ ሃገርና ተስፋ ኣብ ኢድኩም እዩ። ብዙሕ ዝገበረልኩም ህዝብን ሃገርን ንምኽሓስ እቲ ትኽክለኛ ግዜ ሕዚ ስለ ዝኾነ ካብ ሕማቅ ነገርን ወልፍን ወፂእኹም ናብ ልምዓት ሃገርኩም እተዉ። ዘርኣውነት ንዓኹም ኣይምጥንን። ኣብዘይረብሕ ቦታ እናወዓልኩም ግዝየኹም ካብ እትቐትሉን ኣብ ወልፊ ተፀሚድኩም ካብ እትውዕሉን ግዜኹም ብኣግባቡ ተጠቐሙ። ካብ ንእሽተይ ነገር ተላዒልኩም ኣብ ዓብዪ ነገር ከትበፅሑ እትኽእሉ ኢኹም። ፅኑዕ ድሌት እንተልይኩም እመኑኒ ኣብዝሓሰብኩምዎ ከትበፅሑ ትኽእሉ ኢኹም።

መብዛሕትና ራእይ የብልናን። ኣብ ንእስነትና ውሽጢ ንሃገር ዝኸውን ክነብርክት ኣለና። ከምዚ ተዘይኮይኑ ንቕድሚት ክንስጉም ኣይንኽእልን ኢና። መጀመርያ ንኹሉ ነገር መሰረት ዝኾነ ራእይ ንልበስ። ካብኡ ናብ ዝደለናዮ ክንኸይድ ንኽእል ኢና። ሕልምና ሃፍታም ንምዃን እንተኾይኑ፣ ገንዘብ ንምርካብ እንተኾይኑ፣ ገዛን መኪናን ንምጥራይ እንተኾይኑ ብሕልምኹም ገይርኩም ከትረኽቡ እትኽእሉ ራእይ ሰኒቕኩም በርቲዕኹም እንተሰሪሕኹም ክሳኽዐልኩም ይኽእል እዩ። ራእይ ገንዘብ ምፍጣር እንትኽእል ገንዘብ ግና ራእይ ክፈጥር ኣይኽእልን። ኩሉ ነገር ከትረኽቡ ፅቡቕ ራእይ ክህልወኩም ኣለዎ። ገንዘብ ዘለዎም ሰባት ራእይ ዘይብሎም ሰባት ትፈልጡዶ? ኣነ እፈልጥ እየ። እትደልይዎ ዝህበኩም ራእይኹም እዩ።

ኣብ መንእሰይ ብበዝሒ ዝተለመደ ጥንካረኦም ዝስእኑ እቲ ሓደ ዋና ጉዳይ ምንም የብለይን ዝብል መፍረሲ ኣመለኻኽታ እዩ። ብሓደ ግዜ ዓብዩ ንምነይ እንተኾይና ትኽክል ኣይኮነን። ውሽጥና ንምልዋጥ እኹል ራእይ ስለዘይብልና ኩሉ ግዜ ምኽንያት ነብዝሕ። ለባም ሰብ ምኽንያት ኣየብዝሕን። እኳዳኣስ ተሲኡ ይሰርሕ። ናይ ቑፅሪ መጀመርያ ዜሮ እዩ። ኣብ ዓብዪ ነገር ከትበፅሑ ተደሊኹም ካብ ዜሮ ጀምሩ። ንኣብነት ብናል ሊንደን ጆንሰን ናይ ኣሜሪካ ፕረዚዳንት ቕድሚ ምዃኖም ዘይሰርሕዎ ነገር ኣይነበረን። ኣብ እዋን ቑልዕነቶም ጫማ ፀሪጎም ፤ፅሬት ሰሪሖም ፤ሻሕነ ሓፂቦም እዮም፤ ኣትክልተኛ ኮይኖም 'ውን ሰሪሖም እዮም። ኣብ ሃገርና ብዙሓት ሰባት ካብ ንእሽተይ ነገር ተላዒሎም ኣብ ዓብዪ ነገር ዝበፅሑ ኣለዉ እዮም። ንሱኹም 'ውን ሕልምኹም ንምዕባይን ንምልዋጥን እንተኾይኑ ድሌትኩም ሕዚ ካብዘለኹሞ ተላዒልኩም ኣብ ትደልይዎ ብርኪ ከትበፅሑ ትኽእሉ ኢኹም። እትደልይዎ ፅቡቕ ነገር ሕልምኹም ተኸቲሉ ዝመፅእ እዩ። መጀመርያ ካብ ሕማቕ ወልፊ ውፁ፤ ካብ ዘርኣውነት ናፃ ኩኑ፤ ብናይ ኣቦታትኹም ስርዓት ተገዝኡ፤ ቕኑዓት ወላዶ ንምዃን ፃዕሩ። ውሽጥኹም እንተይፀረየ ኣተሓሳስባኹም እንተይተስተኻኸለ እተዕውትዎ ፅቡቕ ነገር የለን። ንሃገር ዝኸውን ፅቡቕ ሓሳብን ትምኒትን ይሃልኹም። ኣብዚ ስልጡን ዘመን እናነበርና ግዜና ብዘይጠቕም ነገር ምሕላፍ ብጣዕሚ ዘናድድ ነገር እዩ። ግዜ ንዓናን ንኻልኦትን ፅቡቕ ስራሕ እንሰርሐሉ ግዜ እዩ። ክሳብ ሕዚ ንባዕልኹምን ንሃገርኩምን እንተይኾንኩም ዘሓለፍኩምዎ ግዜ ነይሩ እዩ። ካብ ሕዚ ግና ክድገም የብሉን። ስግኣት ሃገር ካብ ምዃን ወፂእና ክብርን ኩርዓትን ናብ ምዃን ክንሰጋገር ኣለና። ውሽጥና ተስፋ እንተሲእና ሂወትና እውን ተስፋ የብሉን። ውሽጥና ክነብርትዕ ተለና ኣብ ዓለም እናበርታዕና ኢና ንኸይድ። እዚ ማለት ሂወትና ዝመቻቾ ብንሓስቦ ልክዕ እዩ። ፅባሕ ብሩህ ሂወት ክህልወና ብሩህ ኣተሓሳስባ ክህልወና ኣለዎ። ኣይካኣልን ካብዝብል ኣተሓሳስባ ወፂእና ናብ ይካኣል እዩ ዝብል ሓሳብ ክንመፅእ ኣለና። መናእሰይ ሓይልኹም ኣይትቕተሉ። ንሃገርኩምን ቤተሰብኩምን ከምኡ 'ውን ንባዕልኹም እንተይኮንኩም ግዜኹም ከይሓልፍ ተጠንቐቑ። ፅኑዕ መሰረት ክህልወኩም ኣለዎ።

ኩሉ ንምስራሕ ሓይሊ ኣለኩም። ንእስነትኩም ተተጠቂምክምሉ ንስኹም ዕድለኛታት ኢኹም። ከትጣዕሱን ዕድል ዘይብልኩም ከትቐርዩን እትኽእሉ በዚ ናይ ንእስነት ዕድሜኹም ንባዕልኹምን ንሃገርኩሙን ፅቡቕ ስራሕ እንተይሰራሕኹም ክትሓልፉ እንተለኹም እዩ። ዓወት ዓርሶም ንዘዳለዉ ሰባት ዝተቐመጠ እዩ። ንኹሉ ነገር ድልዋት ኩኑ። እናወደቕካ እናተሳእካ እዩ ዝሳኸዐልካ። ወዲቕካ ምቕራይ ግና ኣይኮነን። እናደሸምካ ምብርታዕ እዩ.....ደኺምካ ምቕራይ ግና ኣይኮነን። እናተሸነፍካ ምሽናፍ እዩ.....ተሸኒፍካ ምቕራይ ግና ኣይኮነን።

ራእይ እንተዘይሃሊኩም መወዳእታ የብልኩምን። ናይ ምንባር ትርጉም ከንርደኦ ንኽእል ራእይ ክህልወና እንተሎ እዩ። ነዛ ዓለም እዚኣ ክንድዝኣክል ነድልያ ምዃና ንርደኦ ዋጋ ዘለና ምዃና ክርደኣና እንተሎ እዩ። ፅቡቕ ነገር ኣለና እንተይልና ኣብ ውሽጢ ምስጓም፣ ኣብ ውሽጢ ምፍታን እንተሊና እዩ።

ኢድና ኣጣሚርና ከፍ እንተይልና ንባዕርስና ይኹን ንሃገርና ንውስኾ ነገር የለን። ተዘይሰሪሕኹም፣ እንተዘይፈቲንኩም ድኽነት መሪፅኩም ከፍ ከምዝበልኩም ሕሰቡ። ብዓወት ዘይተዓጀበ መንእሰይ ፅባሕ እናተጣዕሰ እዩ ዝነብር። ኩሉ ነገር ንምስራሕ ትኽክለኛ ግዜኹም ኣብናይ ሕዚ ንእስነትኩም እዩ። ኩሉ ክህልወኩም ዝኽእል ብምንባርኩም እንተይኮነስ ኣብ ውሽጢ ሂወትኩም እትሰርሕዎ ዓብዩ ስራሕ እዩ።

እብ ሓቒ ዝተመስረተ ስራሕ ስርሑ። ካብ ምድንጋር ወፂእኹም ንሃገርኩም ዝኾን ብርሃን ኣፈልፍሉ። ብናይ ካልኦት ብርሃን ንምንባር ኣይትፈተኑ። ንዓወት ተባሂሉ ዝተፈጠረ ዝተፈለየ መዓልቲ የለን። ኩሎም ራእይ ዘለዎም ንዓወት ዝተፈጠሩ እዮም። ዓወት ብራእይ ዝፍጠር ናይ ፅኑዕ ድሌት መወዳእታ እዩ። ዝኾነ ነገር ንምስራሕ እትፅበይዎ ግዜ ኣይሃሉ። ንምልዋጥ ድሌት እንተሊኩም ሕዚ ምልዋጥ እትኽእሉ ኢኹም። ንስኹም እንተተለዊጥኩም ዘይልወጥ ነገር የለን። ኩሉ ነገር ክሳኻዕ ናይኩም ምልዋጥ እናተፀበየ እዩ።

ለውጢ ዕድመ ብምውሳኽ እንተይኮነስ ብኣተሓሳስባ ልዑል ምዃን እዩ፤ ብሓንጎል ምብልፃግ፣ ብኣተሓሳስባ እንተዘይበርቲዕኹም ብኣካል ምጉርማስ ጥራሕ ዋጋ የብሉን። ለውጢ ማለት ናይ ሓሳብ ለውጢ ማለት እዩ። ፅባሕ ብሩህ ግዜ ዝህልወኩም ኣብ ኣእሙሮኹም ዘሎ ኩነታት እዩ ዝውስኖ። ሃገርኩም እትደልዎ ዜጋ ኹኑ። ብኣካል ጎርሚሶም ብኣተሓሳስባ ዝደኸሙ መናእሰይ ኣብ ዙርያኹም ኣለዉ እዮም። እዞም መናእሰይ እዚኦም ብኣካሎም ዝሓስቡ፣ ብቕልፅሞም ዝምክሑ እንስሳታት እዮም። ፅቡቕ ካብ ምሕሳብ ሓሊፎም ኣቋራርፃ ፀጉሮም ዘመልክዑ እዮም። ዓለም ሕዚ በፂሓቶ ዘላ ብርኪ ከትበፅሕ ዝገበረ ሓንጎል እንተኾን ኣካላዊ ጥንካረ ጥራሕ ግና ዓለም ዘጥፍእ ናይ ድንቑርና ጫፍ እዩ። መልክዕ ካብ ሓንጎል ከምዝወፅእ ገና ኣይተረደኣናን። መልክዕ ቕንዕና እዩ። መልክዕ ኣብ ራእይ ዝተመስረተ ኣታሓሳስባ እዩ። ሕልምን ራእይን ዘይብሉ ሰውነት መልክዕ የብሉን። መልክዕኹም ኣብ ራእይኹም ውሽጢ ድለይዎ። ሃገርኩም እትደልየኩም እሙናት ዜጋ ብምዃን ናይ ባዕልኹም ግደ ከትፃወቱ እንተለኹም እዩ እናበልኩ ኣብዚ ክውድእ። ሰላም ቕነ።

# መኣዲ ጥበብ

## ዓሻራ ቤት ትምህርቲ ስነ ጥበብን ዲዛይንን ኣስ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

30 መጋቢት 2013 ዓ.ም ኣብ ፓርክ እንጦጦ ምድላው ኣፍልጦ ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ተኻይዱ እዩ፡፡ኣብዚ ድማ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ተረኺቦም ንስሙያት ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ናይ ኽብሪ ሜዳሊያ ሂቦም እዮም፡፡ብሓፈሻ 157 ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ተሸለምቲ ዝነበሩ እንትኸውን፣በዚ ድማ ዓበይቲ ሰብ ሞያ ኪነጥበብ፣ደረስቲ፣ሰብ ሞያ ሙዚቃን ን29 ፍሉጣት ሰኣልቲ ሽልማት ተበርኪትሎም እዩ፡፡

ብፍላይ ኣብ ዝዓበያ ዓለማት ብሞያ ምስራሕ ኣዝዩ ኸቢድ እዩ ዝበሉ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ዳይሬክተር ቤት ትምህርቲ ስነ ጥበብን ዲዛይን ኣለ ኣይተ ኣገኘው ኣዳነ፤ኣብ ዝዓብያ ሃገራት በዓል ሞያ ሕክምና እኳ ኣዝዩ ከምዝፀግም ይሕብሩ፡፡በዚ ዝተመረቑ ናትና ዓበይቲ ሰኣልቲ፤ሃገሮም ዘፀውዑ ብሞዮኦም ዝተመስገኑ ንስነጥበብ ዓለም ናይ ባዕሎም ኣስተዋፅኦ ምግባር ዝኽኣሉ ሰኣልቲ ኣለዉ ክብሉ የብርሁ፡፡

በዓል እኒ ወሰኔ ኮሶሮፍ፣ፕሮፌሰር ኣቻምየለህ ደበላ፣ከበደች ተክለኣብ፣ተገኔ ኩንቢ፣እንግዳ ጌጥ ለገሰ ዝፅርሑ እዮም፡፡ብጣዕሚ ዓበይቲ ሰኣልቲ ከም በዓል ደረጀ ደምሴ ናብ ኻሊእ ዓዲ ተበቲኖም ግና ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ሒዞም ንቕድሚት ዝወፁ ሰኣልቲ ኣለዉ፡፡ እዞም ሰኣልቲ መቐመጢኦም ኣብ ኻሊእ ዓለም ኾይኖም ውፅኢት ዘምፅኡ እዮም ክብሉ የረድኡ፡፡

ሃገርና ብባህሊ ጥበብ ምርኢት ናይ ነዊሕ ዘበን ታሪኽ ኣለዋ፡፡ብስእሊ ጥንታዊ ቤተ እምነታት ጎንደር ብጣዕሚ ብዘደንቑ ስራሕቲ ቅብኢ ሕብሪ ዝተመልኡ እዮም፤ጥንታዊ ሓወልታት ሰሜን ካብ ኣኽሱምን ላሊበላን ጀሚሩ ውፅኢት ናይቶም ዝርኣዩ ባህላዊ ጥበባት እዮም፡ ፡ነዊሕ ታሪኽ ስነፅሑፍ፣ ስነጥበብን ስእልን ኣለና ክብሉ የረድኡ፡፡

ብዲዛይን መጋየፂ ነዊሕ ታሪኽ ኣለና፡፡ይኹን 'ምበር ታተ እናበለ እዩ ዝርከብ፡፡ስለዝኾነ ኢማጅኔሽን (ዓይነ ሕልና) ኤክስፐርመንቴሽንን ተሓዊስዎ ልዕል ናብ ዝበለ ብርኪ ንኽበፅሕ ሐዚ ብምጥያሽ ትምህርቲ ምሃ ጀሚርና ኢና ይብሉ፡፡በዚ ድማ ሃገርና እቲ ነባር ሃፍታን ባህላን ብምድርጃው ብሳይንሳዊ መገዲ ብምውቓርን ብምምርማርን ናብቲ ዋና ዓውዲ ብምምፃእ እቲ ዝነዓቕናዮን ባህላዊ ኢልና ዝገደፍናዮን ናብ ማእኸል ብምምፃእ እቲ ነባር ሃፍትና ምብልፃግን ምግልጋልን ናብ ልዕል ዝበለ ብርኪ ናይ ምምፃእ ስራሕ እናተሰርሐ እዩ፡፡

ዘጋጠመኩም ፀገምኸ ኢልና ሓቲትናዮም እንትምልሱ፤ኣንሕና ካብ ፀገም ወፃኢ ኣይኾናን እታ ሃገር ኣብ ምዕባይ እያ ትርከብ ፤ብቑጠባዊ ሃፍታ'ውን ዝተሓተት እያ፡፡ኣብ ኹለን ትካላት እንተኸይድካ እዚ ጎዲሉኒ ዝብል ኣይስኣንን፤ኸኢልና ምስራሕ'ምበር ዘይብልና ነገር እንተቐፂርና መወዳእታ የብሉን፤ኾይኑ ግና ትኹረት ክንገብር ዝግበኣና ኣብ ኢድና ብዘሎ ሃፍቲ ተጠቒምና ውፅኢት ምምፃእ ይሓይሽ ኢሎም፡፡

እቲ ነባርን ሓዱሽን፤ ሓዱሽ ስነጥበባዊ ጣዕምን መዓዛን ንምሃብ ፃዕሪ ብምግባር ዘሪሁን የትምጌታ እስክንድር ቦጎስያ፤ነባር ኣሰኣእላ ቤተክርስትያን ምስ ኣፍሪካ ሜቶሎጂ ኤለመንታት ወሲዶም ብዘበናዊ ስእሊ ኣዋሂዶም ሓዱሽ ቃና ፈጢሮም ኣብ ዓለም ስሙያት ሰኣሊ ከምዝኾኑ ይሕብሩ፡፡በዚ ድማ ናይ ባዕሉ ኢትዮጵያዊ መልክዕን ቃናን ኣብ ስሙይ መድረኽ ስነጥበብ ዓለም ዝና ዝረኸቡሉ መገዲ እዩ ኢሎም፡፡

ከም ገለፀኦም፤ኣብ ሓደሓደ ዩኒቨርስታት ናይ ስእሊ ትምህርቲ ንምሃብ ፈተነ እናተገበረ እዩ፡፡ብዝተደራጀወ ስፍሓትን ትሕዝቶ እንተዘይኾነ'ውን፤ኣብ ቴክኒክን ሞያን እንጦጦ ስእሊ ከም ትምህርቲ ምሃብ ካብ ዝጀምር ናብ ዓሰርተ ዓመት ይኸውን፡፡ከምዚ ዝበሉ ፈተነታት ኣለዉ፣ብውልቀ'ውን ከምኡ፤ይኹን'ምበር ሃገርና ወናኒት ብዙሕ ቋንቋ፣ባህልን ሃይማኖትን ከም ምዃና ክርኣይን ክምርመርን ዝግበኦ ብዙሕ ሃፍቲ ኣሎ፡፡

ትምህርቲ ስነ ጥበብ ሰብኣዊ ልምዓት ንምምፃእ መሰረት እዩ ፤ኣእምሮ ወዲ ሰብ ዝለምዕ በዞም ዘፈራት ስነጥበብ እዩ፡፡ብቕልዑኡ ትምህርቲ ስነጥበብ ዘይተምሃረ ማሕበረሰብ ኣይለምዕን፡፡እዚ ንምምፃእ ድማ ትካላት ትምህርቲ ዋና መሰረት እዮም፤ስለዝኾነ ተሓሲብሉ ትልሚ ተገይሩሉ ክስራሕ ዝግባእ ዓብዩ ሓጓፍ እዩ ክብሉ ይገልፁ፡፡

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ነዚ ቤት ትምህርቲ ጎብንየሞ እዮም፡፡እዚ ድማ ኣዝዩ ዓብዩ ዜና እዩ ነይሩ፡፡እቲ ጋርደን ዘስርሕዎ እሶም እዮም፡፡ኣብ እንጦጦ ዓለምለኸ ፅሬቱ ዝሓለወ ጋለሪ ሰሪሖም ሂቦምና እዮም፡፡ እዚ ዓብዩ ዕድል እዩ፡፡ኣብ መዓልቲ እስካብ 6 ሽሕ ሰብ ነተኣናግድን ስእሊ ንምርኣይ ዘኽእል እዩ፡፡ሰብ ይርእይ እዩ እናሰኣነ 'ምበር፤ከምዚ ዝበለ ትካል እንተተኸፊትሉ ሰብ ንስእሊ ዓብዩ ድሌት ኣለዎ እዩ፡፡ኸይድኹም እንተትሪኡ ትድነቑ ኢኹም፤ስለዝኾነ ድማ እቲ ባህሊ ክዓብይ እዩ ኹሉ ነገር ድማ ክቕየር እዩ ኢሎም፡፡

ትምህርቲ ስነ ጥበብ ሰብኣዊ ልምዓት ንምምፃእ መሰረት እዩ ፤ኣእምሮ ወዲ ሰብ ዝለምዕ በዞም ዘፈራት ስነጥበብ እዩ፤ብቕልዑኡ ትምህርቲ ስነጥበብ ዘይተምሃረ ማሕበረሰብ ኣይለምዕን፡፡እዚ ንምምፃእ ድማ ትካላት ትምህርቲ ዋና መሰረት እዮም፡፡



# ወጋሕታ ስፖርት






## ኣብ ኦሎምፒክ ቶክዮ

### ብጉያ ማራቶን ንኢትዮጵያ ዝውክሉ ኣትሌታት ንምምራፅ መፃረዪ ውድድር ተኻይዱ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ)፡- ኣብ ኦሎምፒክ ቶክዮ ብጉያ ማራቶን ንኢትዮጵያ ዝውክሉ ኣትሌታት ንምምራፅ መፃረዪ ውድድር ተኻይዱ።

ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ዘዳለዎ እቲ መፃረዪ ውድድር፥ ኣብ ከተማ ሰበታ ተኻይዱ ኣሎ።


እቲ መፃረዪ ውድድር ብክልቲኡ ፆታ ዝተኻየደ እንትኸውን፥ 35 ኪሎ ሜትር ዝሸፈነ ኢዩ።ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ኣትሌት ሹራ ቂጣታ ቀዳማይ ኮይኑ ዛዚሙ።ኣትሌት ሌሊሳ ደሲሳ ካልኣይ እንትወፅእ፣ ኣትሌት ሲሳይ ለማ፣ ጫሉ ደሶን ከንዴ ኣጣነውን ድማ ካብ 3ይ ክሳብ 5ይ ዘሎ ደረጃ ብምሓዝ ውድድሮም ዛዚሞም።

ብደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተኻየደ መፃረዪ ውድድር ኣትሌት ትዕግስት ግርማ ቀዳመይቲ ወፂኣ።ኣትሌት ብርሃኔ ዲባባ ካልኣይ እና ኣትሌት ሮዛ ድማ ሳልሳይ ደረጃ ብምሃዝ ነቲ ውድድር ፈፂመን እየን፡፡ ኣትሌት ብርሃኔ ዲባባን ኣትሌት ሮዛ ደረጀን ድማ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ኮይነን ውድድረን ዛዚመን።ኣትሌታት ዘይነባ ይመርን ሪታ ኣጋን ራብዐይቲን ሓምሸይቲን ወፂአን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክካየድ ዝነበሮ ኦሎምፒክ ቶኪዮ ብምኽንያት ኮቪድ-19 ብሓደ ዓመት ተናዊሑ ሎሚ ዘበን ዝካየድ እንትኸውን፣ ሽሙ እንተይተቐየረ "ቶኪዮ 2020" ብዝብል ክካየድ ኢዩ።

## ጋንታ ፋሲል ከነማ ዓወት ብምምዝጋብ ናብ ሻምፒዮና ትገብር ጉዕዞ ኣጠናኺራ

ኣዲስ ኣበባ(ኤፍ ቢ ሲ)፡- ኣብ ፀዋታ ቤትኪንግ ፕሪሜር ሊግ ኢትዮጵያ ጋንታ ፋሲል ከነማ ዓወት ብምምዝጋብ ናብ ሻምፒዮና ትገብሮ ጉዕዞ ኣጠናኺራ፡፡ፌዴሬሽን ኩዕሶ እግሪ ኢትዮጵያ ንዋንጫ ኣፍሪካ ንዝሓለፉ ብሄራዊ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ 6 ሚሊየን ብር ህያብ ሂቡ፡፡



እታ ጋንታ ምስ ጋንታ ኣዳማ ኣብ ዘካየደቶ ፀወታ ንጋንታ ኣዳማ ከተማ ብምስዓር 2ን 1 ብዝኾነ ውፅኢት ብምስዓር ዓወት ኣመዝጊባ፡፡

ሙጂብ ቃሲምን በዛብህ መለዮን ሽቶታት ፋሲል ከነማ ኣመዝጊቦምወን፡፡ብሕታዊት ሽቶ ኣዳማ ከተማ ድማ ሰይፈ ዛኪር ኣመዝጊቡዋ፡፡

ጋንታ ፋሲል ከነማ ብ20 ፀወታ 49 ነጥቢ ብምሓዝ ናብ ሻምፒዮና እናተቓረበት ትርከብ፡፡ኢትዮጵያ ቡና ብ18 ፀወታ 33 ነጥቢ ብምሓዝ ካልኣይቲ ኮይና ትስዕብ፡፡ ጋንታ ሃዲያ ሆሳእና ድማ ብ19 ፀወታ 32 ነጥቢ ሒዛ ኣብ መበል ሳልሳይ ደረጃ ትርከብ፡፡

ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ፌዴሬሽን ኩዕሶ እግሪ ኢትዮጵያ ድሕሪ 8 ዓመታት ንዋንጫ ኣፍሪካ ንዝሓለፉ ኣባላት ብሄራዊ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ 6 ሚሊየን ብር ህያብ ሂቡ።

ብተወሳኺ እቲ ኮሚቴ መዛዘሚ ፀወታ ፕሪሚየር ሊግ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማ ሃዋሳ ንክኸውን ወሲኑ።

ብተመሳሳሊ ፌዴሬሽናት ኩዕሶ እግሪ ክልላት ኣብ ውድድር ትሕቲ 17 ዓመት ንዝሰርሕዎ ስራሕ ንሕድሕድ ፌዴሬሽናት ክልልን ምምሕዳር ከተማን 300 ሽሕ ብር ደገፍ ንክግበር ውሳነ ኣመሓላሊፉ።




ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ